# ወ ያ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 50 ዓመት ቁፅሪ 1077 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2018 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50


# “ፃውዒት ሰላም ረጊፁ ንዝመፅእ ሓይሊ ደው ኢሉ ዝርኢን ዝምብርከኽን ውድብን ህዝብን የብልናን፡፡”

## ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል

ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኩሉ ግዜ ሕርየኦም ሰላም እኳ እንተኾነ ንፃውዒት ሰላም ረጊፁ ዝመፅእ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ግን ደው ኢሎም ከምዘይሪኡ ኣቦመንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ገሊፁ።

ዶ/ር ደብረፅዮን ነዚ ዝገለፀ፣ ብምኽንያት መበል 51 ዓመት በዓል ልደት ህወሓት 11 ለካቲት ኣብ ህልው እዋናዊ ጉዳይ ኣመልኪቱ ንማዕኸናት መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለፂ እዩ። ዶ/ር ደብረፅዮን፣ ህዝቢ ትግራይ ብሰላማዊ መንገዲ መሰሉ ይሓትት እኳ እንተሃለወ ብኣንፃሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዳግመ ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ንኩናት ይዳሎ ከምዘሎ ኣብ መብርሂኡ ሓቢሩ። ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመት ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን፣ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ክትግበር ኩሉ ትፅቢት ዝግበረሎም ተግባራት ብምፍፃም እንተተፀመሙ እውን ካብቲ ዝነበረ ብዝበኣሰ መንገዲ ህዝቢ ትግራይ ብጥምየትን ሕማምን ብሰላሕታ ይፀንት ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

መበል 51 ዓመት በዓል 11 ለካቲት እንትነኽብር እታ ናብ ዝሓሸ ኣንፃራዊ ሰላም ዘምፅአ ስምምዕ ውዕሊ ፕሪቶርያ እውን ኣብዚ ሓዚ እዋን ተጣሒሱ ፌደራል መንግስቲ ናብ ስሩዕ ኩናት ዝኣተወሉ ኩነታት ከምዘሎን ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ድማ ብዝለዓለ ደረጃ ብሕማም ብጥምየት

ዝረግፈሉ ኩነታት ከምዘሎ ዶ/ር ደብረፅዮን ገሊፁ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑ እናሃለወ እቲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ ጉጅለ ግን ብድሕረትን ከባቢያውነትን ተሸሚሙ ፀገማት ህዝብና ከጋድድ ኣብ ዝገብሩ ተግባራት ተፀሚዱ ከምዝፀንሐን ሕዚ እውን ጠቐሊሉ ናብ ቦትኡ ዝኣተወሉ፣ መጋባርያ ሓይልታት ፅንተት ኮይኑ የገልግል ከምዘሎ ዶ/ር ደብረፅዮን ሓቢሩ። ድሕሪ ብሄራዊ ክሕደት ካብ ትግራይ ተፀራሪጉ ምውፅኡ እቲ ስትራተጂያዊ ኣመራርሓ ናብ ሓደ ዝመፀሉ ህወሓት፣ ግዝያዊ ምምሕዳርን ሰራዊት ትግራይን ኣብ ብሄራዊ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ብሓደ ዝወፍረሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣብ ፅቡቕ ቑመና መሪሕነት ከምዝርከብ እውን ኣመላኺቱ።

ሐዚ እውን ቀንዲ ባህጊ ህዝቢ ትግራይ፣ ውድብ ህወሓትን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ምርግጋፅን ተመዛበልትና ብህፁፅ ናብ መረበቶም ከምለሱ ምቅላስን ከምዝኾነ ዝገለፀ ዶ/ር ደብረፅዮን እዚ ንዘይምፍፃም እኳድኣስ ብሓይሊ ንምምብርካኽ ዝካየድ ዘሎ ጎስጓስ ማእኸላይ መንግስቲ ፈፂሙ ተቐባልነት ኣይህልዎን ኢሉ።

“11 ለካቲት ኣመልኪቱ ድማ 11 ለካቲት ሰዓራይነት ህዝቢ ትግራይ ዘረጋገፀት ዕለት ከምዝኾነትን ሐዚ እውን ለካቲት እንትንዝክር ዘይተመልኡ ዕማማት ከማልኡ፣ ሓደሽቲ ጠለባት ህዝቢ ትግራይ ክፍፀሙን ዳግም ቃልና እነሐድሰሉ እዋን እዩ፣” ዝበለ ዶ/ር ደብረፅዮን፣ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ናይ ህልውና ሓደጋ ብኣግባቡ ክንርድኦ፣ ህዝቢ ትግራይ ከምህዝቢ ናይ ምቕፃልን ዘይምቕፃልን ጉዳይ ተኸሲቱ ከምዘሎ ነዚ ድማ ሓድነትና ኣስጢምካ፣ ተወዲብካ ምቅላስ ኣብ ዝጠልብ እዋን ምህላውና ኣገንዚቡ።

መራሒ ሃገርን ዓበይቲ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ፌደራልን ኣብ ኣደባባይ ወፂኦም ብረት ኣረኪብኩም ኪዱ ተነፀሉ፣ ብቴክኖሎጂ ክነጥፈአኩም ኢና እናበሉ ወግሐ ፀብሐ ይዛረቡ ምህላዎም ኣብ መብርሂኡ ዝገለፀ ዶ/ር ደብረፅዮን፣ ሐዚ እውን ኣፈራሪሕኻን ኣሰኪንካ ብዳግም ዕፀዋን ክባን ንምፅናት ይሰርሑ እኳ እንተሃለው ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ፈፂምና ክንብርከኽ ከምዘይንኽእልን፣ መሰልና፣ ልኣላውነትና ይከበር ኣብ ክሊ ሓፁር ሕገ መንግስቲ ኮይንና ዝሕተቱ ሕቶታት ከምዝኾኑ ኣረዲኡ።

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

# ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ወፅዓን መግዛእትን ክነቕሕ፣ ክውደብን ክቃለስን ግደ ወይን ዝለዓለ ምንባሩ ተገሊፁ፡፡

ጋዜጣ ወይን ዕላማታት ህወሓት ንህዝቢ ኣብ ምፍላጥ ኣንፃር ብሄራዊን ደርባውን ወፅዓታት ክነቕሕ፣ ክውድብን ክቃለስን ኣብ ምግባር ልዑል ግደ ከምዝነበራ ነባራት ተጋደልቲ ህወሓት ገሊፆም።

እቶም ነባራት ተጋደልቲ ህወሓት ነዚ ዝገለፁ ብምኽንያት መበል 51 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ 11 ለካቲትን መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዮ ምስረታ ጋዜጣ ወይንን ብፍሉይ ንጋዜጣና ኣብ ዝሃቡዎ ቃለ መሕተት እዩ። ላዕለዋይ ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ተጋዳላይ ገብረ ገብረፃድቃን /ገብረ ዲዴት/ ከምዝሓበሮ፣ ጋዜጣ ወይን ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፣ ህዝቢ ኣብ ምንቃሕ ኣብ ምውዳብን ዕላማታት ውድብ ኣብ ምፍላጥን ዓብይ ግደ ነይሩዋ። ኣስዒቡ፣ ህዝቢ ዕላማታት ውድብ ፈሊጡ ወይኑ ዓጢቑ ክቃለስ ኣብ ምግባር፣ ተጋዳላይ ህወሓት ፖለቲካዊ ኣረኣእይኡ ክሰፍሕ፣ ወነ ጅግንነቱን ሰዓራይነቱን ብምሕያል ፀላእቱ ክምክት ኣብ ምግባር ዝለዓለ ተራ ከምዝነበራ ሓቢሩ።

ነባር ተጋዳላይ ብርሃነ ነጋሽ

ነባር ተጋዳላይ ገብረ ገብረፃድቃን

ነባር ተጋዳላይ ብርሃነ ከበደ

“ወይን ንኽትጋደል ዕጥቅን ስንቅን እናኾነት ምእንተ ህዝቢ ክቡር መስዋእቲ ንኽትከፍል ዝገብሩ ፅሑፋት ሒዛ ትወፅእ ነይራ፣” ዝበለ ተጋዳላይ ገብረ ገብረፃድቃን፣ ኣብ ትሕዝቶታት እቶም ፅሑፋት ኣመልኪቱ እንትገልፅ፣ ጋዜጣ ወይን ተራ ፅሑፍ ሒዛ እትወፅእ ዘይኮነትስ ህዝቢ ትግራይ ይበፅሖ ካብ ዝነበረ ደርባውን ብሄራውን ጭቆናን መግዛእትን ንኽወፅእ ተወዲቡ ተቓሊሱ ንኽፈትሖ እዋናውን ፅዑይን ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ዝለዓለ ግደ ምፅዋታ ኣገንዚቡ።

ድሕሪ ምድምሳስ ስርዓት ደርግ ኣብ ዝነበሩ ናይ ሰላም ልምዓት፣ ዲሞክራሲን ዓመታት ብፍላይ ልምዓታዊ ዲሞክራሲያዊ መስመር ምስተነፀረ፣ ኣብ ምርግጋፅ ልምዓትን ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ወይን ዝለዓለ ብፅሒት ከምዝነበራን ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመት ህዝባዊ መኸተ ንምሕንሻሽ ክቡር መስዋእቲ ንዝኸፈለ ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ንምንቁሻሽ ዝዘመቱ ጠላማት ኣብ ምቅላዕ ወይን ኣብ ጎኒ ህዝብን ሰራዊትን ተሰሊፋ፣ ህዝቢ ሓቀኛ ሓበሬታ ክረክብ፣ ኣብ ቅኑዕ ዕላማ ተሰሊፋ ክቃለስ ዝተፃወተቶ ግደ ልዑል ምኧኑ ግልፂ ገይሩ።

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጎ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

15 ለካቲት 2018 ዓ/ም
መበል 50 ዓመት ቁፅሪ 1077
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

# መልእኽተ ወይን

## ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ምንብርካኽ ኮነ ምጥፋእ ኣይከኣልን!!

ፈለማ ንመላእ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እትነብር ህዝብናን፣ ኣባላት ውድብናን ደገፍቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን እንኳዕ ንመበል 51 ዓመት ልደት ውድብና ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ምጅማር ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን 11 ለካቲት ኣብፀሐኩም ክንብል ንፈቱ።

ወናኒ ኣኽሱማዊ ስልጣነ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ በቢእዋኑ ብዝቀያየሩ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንዘመናት ብዝበፅሖ ወፅዓ፣ ኣንፃር ባዕዳውያን ወረርቲ ብዘካይዶ ዝነበረ ተደጋጋሚ ቃልሲ፣ ኣብ ውሽጡ ብዝተፈጠሩ ናይ ሓድነት ፀገማትን ኣብ ልዕሊኡ ብዝበፅሐ ብሄራዊ ኣድልዎን፤ በፂሕዎ ካብ ዝነበረ ስልጣነ ንድሕሪት ተመሊሱ ህልውንኡ ዝፈታተኑ ከበድቲ እዋናት ሓሊፉ ኣብዚ ዘለናሉ መዋእል ዝበፅሐ ኣምር ቃልስን ጅግንነትን ዝኾነ ምዑት ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ነቶም በቢመዋእሉ መልክዖም እናቀያየሩ ኣብ ገዛእ መሬቱ ሓረስታይ ርባዕ ኮይኑ ክነብር፣ መሬት ዓዲ ኣቡኡ ተቐራሪሱ ከምህምን፣ ህልውንኡ ክኸትም ዓሊሞም ኣብ ልዕሊኡ ኣረሜናዊ ተግባራት ዝፍፅሙ ስርዓታት ኣሜን ኢሉ ተቐቢሉ ዝተንበርከኸሉ ግዜ የለን። እንተኾነ ግን ብተንኮል ገዛእትን ሰኣን ወዲቡ መሪሑ ዘቃልስ ውድብን፤ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክንድቲ ዝድለ ለውጢ ከየምፀአ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ንነዊሕ እዋን ብጅግንነትን ቆራፅነትን ተኻይዱ እዩ።

ቅድሚ 51 ዓመት 11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ነዚ ህዝቢ ትግራይ ብብቱን መልክዑ ዘካይዶ ዝነበረ ቃልሲ ወዲቡ ክመርሕ ልደት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ተበሲሩ። ህወሓት እቶም ሒዝዎም ዝተበገሰ ህዝባዊ ዕላማታት ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምዕዋት ከምዘይከኣል ንነባራዊ ኩነታት ተንቲኑ ንፁር ኣንፈት ቃልሲ ብምሕንፃፅ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መሪሑ። ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ወያነ ሓረነት ትግራይ እናተመርሐ ን17 ዓመት ድሕሪ ዘካየዶ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ምስካልኦት ውፁዓት ህዝብታት ኢትዮጵያ ግንባር ፈጢሩ ነቲ ኣብ ኣፍሪካ ተወዳዳሪ ዘይነበሮ ወታደራዊ ስርዓት ደርግ ዓልዩ ሕገ-መንግስታዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክትከል ዝገበረ ህዝቢ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ኮነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብቲ ብመስዋእቲ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ዝጠጠዐ ኢሞክራሲያዊ ስርዓት ተረባሕቲ ኮይኖም ንኣስታት ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ መላእ ሃገር ሰላም ሰፊኑ፣ ስሉጥ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ልምዓት ብምምፃእ ኩሉ በቢደረጅኡ ፍትሓዊ ተጠቃሚ ዝኾነሉ ስርዓት ክህነፅ ክኢሉ። ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዘረጋግፅ ህንፀት ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክጅምር ብምግባር እታ ኣብ ጫፍ ምብትታንን ጉዕዞ ምንቁልቋልን ዝነበረት ሃገር ተስፋ ዘለዋ ዓዲ ክትኮን ገይሩ። ድሕሪ 27 ናይ ሰላምን ዕብየትን ጉዕዞ፤ ኣብታ ሃገር ዳግም ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተቖፃፀረ ፅግዕተኛ ሓይሊ ነቲ መስዋእቲ ከፊሉ ሃገር ዘቖነዐ፣ “ሕልፊ ከፊለ ሕልፊ ይግባኣኒ” ዘይበለ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ከም ፀላኢ ብምርቋሕ ኣብ ልዕሊኡ ቅሉዕ ጆኖሳይድ ኣዊጁ።

ህዝቢ ትግራይ ኮነ መሪሕ ውድቡ ህወሓት ነቲ ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ተቖፃፂሩ ኣብ ፅዑቕ ወፍሪ ፕሮፓጋንዳ ጆኖሳይድ ዝነበረ ፅግዕተኛ ሓይሊ፤ ኩሎም ኣፈላላያት ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ክፍትሑ ከምዝግባእ ብትዕግስትን ብስለትን ተማሕፂኖም። እንተኾነ ግን እቲ ህዝቢ ትግራይ ካብ ገፀ ምድሪ ምጥፋእ ዕላማ ሒዙ ዝተበገሰ ፅግዕተኛ ሓይሊ ነዚ ምሕፅንታ ፀማም እዝኒ ብምሃብ ብዕሊ ፅንተታዊ ኵናት ኣዊጁ። ይኹን እምበር፤ ህዝቢ ትግራይ ሕዚ እውን ከምቀደሙ ተወዲቡ ብሓደነት ብምቅላስ ነቲ ኣንፃር ህልውንኡ ዝተኣወጀ ጆኖሳይድ ብፅንዓት መኪቱ ብፅንዓትን ብሓድነትን ሳላ ዝተቓለሰ ድማ ንሙሉእ ፅንተት ዓጊቱ ህልውንኡ ክቕፅልን ስምምዕ ዘላቒ ምቁራፅ ቶኽሲ ፕሪቶሪያ ክፍረምን ገይሩ እዩ።

ብሰንኪ ኣባይ መርገፂ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን እቲ ኣብ ፕሪቶሪያ ዝተበፅሐ ስምምዕ ምሉእ ብምሉእ ክትግበር ኣይከኣለን። በዚ እውን ሉኣላዊ መሬት ትግራይ ኣይተረጋገፀን፣ ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ዝነብር ህዝብና ሓራ ኣይወፀን፣ ዝተመዛበሉን ዝተሰደዱን ወገናትና ናብ መረበቶም ክምለሱ ኣይከኣሉን፤ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍፀም ጆኖሳይድ ብጥይት ወረርቲ፣ ጥሜትን ሕማምን ካሊእ መልክዕ ሒዙ ቀፂሉ ኣሎ። ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ሕዚ እውን ንሰላም ካብ ዘለዎም ዘይንቕነቕ ቅዋም ስምምዕ ፕሪቶሪያ ክትግበር ኣብ ዝምሕፀንሉ እዋን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብኣንፃሩ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ወታደራዊ መጥቃዕቲ ብምፍፃም ነቲ ስምምዕ ኣብ ምጥሓስ ይርከብ። ካብዚ ሓሊፉ ኣለኒ ዝብሎ ወታደራዊ ሓይሊ ናብ ትግራይ ብምፅጋዕ ንኻሊእ ዙር ደማዊ ኵናት ኣብ ምህንዳድ ይርከብ።

ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝገለፅናዮ መትከላዊ እምነትን ባህግን ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ሰላም እዩ። ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ምንብርካኽ ኮነ ካብ ገፀ ምድሪ ምጥፋእ ግን ኣይከኣልን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብግጉይ ቀመር ተሃንዲዱ ዝኣትዎ ዘሎ ካሊእ ዙር ደማዊ ኵናት ሳዕቤኑ ሓደገኛ ምኳኑ ተገንዚቡ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶሪያ ናብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ዘተ ክመፅእ በዚ ኣጋጣሚ ክነተሓሳስብ ንደሊ።

ዝኸበርካ ወሳኒ ህዝባዊ ቃልስና፣ መርኣያ ፅንዓተን ጅግንነትን ዝኾንካ ህዝቢ ትግራይ! ውድብካ ህወሓት ደጊማ እንኳዕ ንመበል 51 ዓመት በዓል 11 ለካቲት ኣብፀሓካ እናበለት ነቲ ሕዚ እውን ኣንፀላልዩካ ዘሎ ሓደጋ ህልውና ንምቕንጣጥ ኣብ እተካይዶ ቃልሲ ውድብካ ህወሓት ከምወትሩ ካብ ህዝባዊ ዕላማኣ ፈተኽ ከይበለት ንምግሃድ መሰል ርእሰ ውሳነኻ መሪሕ እጃማ ከምትዋፃእ ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ቃላ ተሐድስ።

ዝኸበርኩም ህዝብታት ኢትዮጵያ፤ ዝሓለፈ ጥፍኣት ይኣክል ክትብሉ ዝግባእ እዋን ሕዚ እዩ። እቲ ዝግበር ዘሎ ወታደራዊ ምቅርራባት ምኽታት ጋዕገልጠምን ካባኹም ዝተኸወለ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ንምብራስ ዝግበር ዘሎ ምቅርራባት ብምኹናን ደቅኹም ካብዚ ዕላማ ዘይብሉ ደማዊ ኩናት ክተድሕኑ ይግባእ።

ዝኸበርካ ማሕበረሰብ ዓለም፤ እዚ ዳግም ዝሳወር ዘሎ ካሊእ ዙር ደማዊ ኩናት ዝኸፍአ ጥፍኣት ቅድሚ ምፍጣሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰላማዊ ኣማራፂ ክኽተል እወንታዊ ፅዕንቶ ክትፈጥር ንፅውዕ።

*ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና*
*ብሄራዊ ሓድነትና ንምውሓስ መሰል ርእሰ ውሳነና!*
*ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ(ህወሓት)*
*11 ለካቲት 2018 ዓ/ም ዓ/ም*
*መቐለ*


# ማሕበር ኣክስዮን ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ

ማሕበር ኣክስዮን ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ (ፋ.መ.ኣ) ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከብ ህዝቢ ትግራይን ፈተውቱን እንኳዕ ንመበል 50 ዓመት በዓል ወርቃዊ እዮቤልዩ ምስረታ ጋዜጣ ወይንን መበል 51 በዓል 11 ለካቲትን ብሰላም ኣብፀሐኩም ይብል፡፡

ማሕበር ኣክስዮን ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ (ፋ.መ.ኣ) ብ1984 ዓ.ም ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ፣ ምምሕዳር ከትማ ዓዲግራት ጎልዓ ኣብ ዝበሃል ፍሉይ ቦታ ኣብ 6.8 ሄክታር ህንፀቱ ዝጀመረ ኾይኑ ኣብ 1989 ዓ.ም ድማ ህንፀቱ ወዲኡ ናብ ምምራት ተሰጋጊሩ እዩ። ፋ.መ.ኣ ዓቕምታቱ ብምዕባይ ኣብ 2001 ዓ.ም ተወሳኺ ሓደ ናይ ነብሲ ኣድሕን ኣፋውስ (IV Fluids) መፍረዪ ትካል ስፍሓቱ 5,200 ሜትር ስኴር ዝኾነ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብምዕዳግ ወናኒ ኮይኑ እዩ።

ኩለ መዳያዊ ንጥፈታቱ ቀልቢ ሰብ ሃፍቲ ወፃኢ ብምስሓብ ኣብ 2008 ዓ.ም ምስ 54-Capital Pharma Limited ዝተብሃለ ብናይ ዓዲ እንግሊዝ ሰብ ሃፍቲ ዝውነን ትካል 49 ሚኢታዊ ብፅሒት ብምሻጥ ኣክስዮን ምምስራት ኪኢሉ እዩ። ብምኳኑ ድማ እቲ ኣብ ዓዲግራት ዘሎ ነባር መድሓኒት ፋብሪካ ብልዕሊ 3 ዕፅፊ መጠን መፍረያይነቱ ንምዕባይ ኣብ 5 ሄክታር ሓዱሽ ናይ ምስፍሕፋሕ ህንፀት እናካየደ ዝርከብ ኮይኑ 50 ሚኢታዊ ዝኣክል ተፈፂሙ ይርከብ።

ማሕበር ኣክስዮን ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ፅሬቶምን ፈዋስነቶምን ዝተረጋገፁ ኣፋውስ ብምፍራይ ኣብ ሕብረተሰብና ከጋጥም ዝኽእል ሕፅረት መድሓኒት ብምቕራፍ ንዝተመስረተሉ ዕላማ እናተዋፅአ ዝርከብ ካብተን ውፅኢት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾና ኣሓት ትካላት ትእምት ሓደ እዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን 2 መስመራት 43 ዓይነታት ከኒና መድሓኒታት፣ 1 መስመር 16 ዓይነታት ፈሳሲ ሽሮቦ መድሓኒታት፣ 1 መስመር 6 ዓይነታት ዝብፅበፅ ሽሮቦ መድሓኒታት፣ 2 መስመራት 13 ዓይነታት ካፕሱል መድሓኒታት፣ 1 መስመር 6 ዓይነታት ናይ ቆርበት ዝቕብኡ መድሓኒታት፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ናይ ህይወት ኣድሕን (ግሉኮስ) ዘፍሪ ትካል 4 ዓይነታት መድሓኒታት እናፍረየ ናብ ዓዲ ውሽጢ ዕዳጋ እናቕረበ ይርከብ። ከምኡ ድማ ብመፅናዕቲ ምዕባለ ወዲኦም ንዕዳጋ ድሉው ዝኾኑ 10 ዓይነታት ሓደሽቲ መድሓኒታት ወኒኑ ይርከብ።

ማሕበር ኣክስዮን ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ብስሙር ሓድነት ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን፣ ሙሉእ ቆራፅነትን ሓቦን ብምዕጣቕ ፈዋስነቶምን ዝተረጋገፁ ኣፋውስ ብምፍራይ ጥዕንኡ ዝተሓለወ ዜጋ ንኽህሉ ማሕበራዊ ሓላፍነቱ እናተዋፅአ ይርከብ። ፋብሪካና ልዕሊ 1000 ቀወምትን ግዝያዊን ሰራሕተኛታት ብምሕቛፍ፣ ስራሕ ዝሰኣኑ መናእሰይ ብማሕበር ተወዲቦ ክሰሑ ብምግባር፣ ኣብ ህዝባዊን መንግስታዊን ልምዓታት ገንዘባዊ ድጋፍ ብምግብር፣ ኣብ መናእሰይ ንቑሕ ተሳትፎ ንክህሉ ናይ ብስክለታ ተወዳደርቲ ክለብ ብምሕቛፍ፣ ኣብ ውሽጢ ትካል መሐብሐቢ ህፃናት ብምኽፋት፣ ንዝተፈላለዩ ህዝባዊን መንግስታዊን በዓላት ስፖንሰር ብምግባር ማሕበራዊ ሓላፍነቱ ኣብ ምውፃእ ይርከብ።




ክብርን ሞገስን ንስማእታት ትግራይ!!

## እዋናዊ ዛዕባ

# ወይን! . . . ዓንዲ ስነ- ሓሳባዊ እምነትን ፖለቲካዊ ንቕሓትን!!

## ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይን ዝቐረበ፤

ሓደ ውድብ፤ ፖለቲካዊ ይኹን ሰላማዊ ቃልሲ እንትጅምር ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ክሰርሖም ካብ ዝግብኦ፤ ዕላማን ኣድላይነትን ቃልሱ ህዝቢ ክፈልጦ ምግባር ብቐዳምነት ክጥቀስ ዝኽእል እዩ። ምኽንያቱ ዕላማን መትከልን ቃልሱ ብንፁር እንተኣቕሚጡ ኣብ ሓፂር እዋን ምልኣተ ህዝቢ ክሳተፈሉን ናብቲ ቃልሲ ክዓስልን እዩ። እዚ ጉዳይ ንምትንታን ናብ ርሑቕ ከይኸድና ብዛዕባ ታሪኽ ምስረታ ጋዜጣ ወይን ምዝንታው እኹል መርኣይ ገይርካ ይውሰድ። ከምቲ ዝፍለጥ፤ ህዝቢ ትግራይ በሪ ሰላማዊ ቃልሲ ኣብ ዝተዓፀወሉ ብ1967 ዓ.ም ዝተወልዐ ብውድብ ህወሓት ዝተመርሐ ቃልሲ ህወሓት፤ ህዝቢ ትግራይ ዕላማ፣ ኣድላይነትን ናይ መወዳእታ ሸቶን እቲ ቃልሲ ህዝቢ ክፈልጦ ግድን ነይሩ። እቲ ህዝቢ ዕላማን ኣድላይነትን እቲ ቃልሲ ክፈልጥን ክዓስልን እንተኾይኑ ድማ ውድብ ህወሓት ሒዝዎም ዝተበገሰ ዕላማታት ናብ ህዝቢ ንምስራፅ ሚድያ ግድን የድሊ። ካብዚ ወድዓዊ ኩነታት ብምብጋስ ብ1968 ዓ.ም ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ብምዃን ወይን ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ፣ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ ፍሉይ ቦታ ዴማ ማርዋ ተመስሪታ። ቓልሲ እናጠናኸረትን ምስ ዕብየት ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ እናዓበየትን ድማ ኣብዚ ብርኪ'ዚ በፂሓ።

ወይን፤ ሎሚ ዓመት (2018 ዓ.ም) መበል 51 ዓመት ልደት ህወሓትን ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን 11 ለካቲት ኣብ ዝኽበረሉ፤ እነሆ መበል 50 ዓመት ምስረታኣ ብዝለዓለ ፅምብል ተኽብር ኣላ። እዛ ካብ ምስረታኣ ኣትሒዛ ብዙሓት ብድሆታት እናጋጠምዋ፤ ግን ድማ ብዝለዓለ ፅንዓት እናሰገረት 50 ዓመት ዝተጉዓዘት ልሳን ህዝቢ፤ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ኣብ ዝነበረ ቃልሲ ኣንፃር ድኽነትን ድሕረትን፣ ቐፃልነት ዘለዎ ልምዓት፣ ዕብየትን ለውጥን፤ ዘበርከተቶ ግደ ኣዝዩ ጎሊሁ ይርአ። ካብዚ ወድዓውን ሳይንሳውን ትንታነ ብምብጋስ፤ ወይን እንተዘይትምስረት ነይራ ዕላማን ኣድላይነትን ቃልሲ ውድብ ህወሓት በቲ ዝድለ ናብ ህዝቢ ክባፃሕን ክሰርፅን ከምዘይኽእል፤ እቲ ህዝባዊ ቓልሲ እውን ክዕወት ከምዘይኽእል ምድምዳም ይከኣል።

እዛ ልሳን፤ ብመሰረቱ ከምጋዜጣ ጥራሕ ዘይኮነትስ ከምስነ ሓሳባዊ ኣፅዋርን (እምነትን)ዓንዲ ማእኸል ፖለቲካዊ ንቕሓትን ትግራይ ብምዃን ፍርቂ ክፍለ ዘመን ዘሊቓ ኣላ። ኣብዚ ጉዕዞ 50 ዓመት ንፍልቀት ዘመናዊ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ትግራይ ድልዱል ሰረት ከምዘንፀፈት ከይዲ ጉዕዞ ወይን ህያው ምስክር እዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ዝሓለፈ50 ዓመት ኣብ ትግራይ ዝማዕበለ መትከላውን ናይ ዕላማ ፅንዓትን ኣብ ምፅምባል ብፅሒት ወይን ዝዓዘዘ ምዃኑ ታሪኽ ህዝባዊ ቓልስና ዝኸተቦ ሓቂ ኮይኑ ኣብዚ መዋእል በፂሕና። እዚ ሓቂ'ዚ ድማ ካብ ባህርን ተፈጥሮን ናይቲ ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝመርሐን ዝመርሕ ዘሎን ውድብ ህወሓት ዝምንጩ ኮይኑ፤ ነዚ ኣብ ምዕቃብን ምስፋሕን ግደ ወይን ናይ ኣምበሳ ብፅሒት ከምዘለዎ ምርዳእ ኣገዳሲ ይኸውን።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ፤ ወይን ካብ 1968 ክሳብ 1983 ዓ.ም ኣብ ዝነበረ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ፤ ከምስነ ሓሳባዊ ኣፅዋርን ዓንዲ ማእኸል ምትእስሳርን ትግራይ ብምዃን ቃልሲ ኣንፃር ስርዓት ደርጊ ዝተኳሽሐትሉ መድረኽ እዩ ነይሩ። ኣብ ዝባን እቶም ፅኑዓት እምባታት ትግራይ፤ ብኣውርኡ ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ ፅኑዕ ህዝቢ ተፈጢራ ካብ ዕሸል ዕድሚኣ ጀሚራ ኣብ ኩሎም መድረኻት ካብ ሕትመት ንላዕሊ ኮይና ተኣምራዊ ስራሕ ሰሪሓ። እዛ ልሳን፤ ከምወሳኒ መሳርሒ ምዝርጋሕ ስነሓሳብ፣ መኸዘን ሓበሬታ፣ ስርዒታዊ መምርሕን ምንጪ ሞራልን ኮይና ተኣምር ሰሪሓ። እቶም ካብ ቀዳማይ ሕታም ጀሚሮም በብእዋኑ ዝዝርግሑ ፅሑፋት፤ ኣብ ህልውን ታሪኻውን ኩነታት ዝምስረቱ፣ ንህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ስነሓሳብ ዘምህሩን ግብራዊ መምርሒ ዝህቡን ነይሮም። ካብዚ ብተወሳኺ ሞራላዊ ራእይ እተምህር፣ እትመርሕን እትቖርፅን ማእኸል ስነሓሳብን ግብራዊ መምርሕን ብምዃን መሪሕ እጃማ ተዋፂኣ። ከምኡ እውን ኣብ ምቕራፅ ሓበራዊ መንነት፣ ምዕባይ ሞራል፣ ንሕሉፍ በደላትን ነቲ ዝሕሰብ መፃእን ንምርዳእ ማዕቀፍ ኣብ ምቕራብ ዘይትካእ ግደ ነይርዋ፤ ወይን።

ብመሰረቱ፤ ዓምድታት ወይን ንኣስተንትኖ፣ ክትዕን መብርህን ጥራሕ እንተይኮነ ንቕዋምን መደምደምታን ዝኸውን ዝለዓለ ቦታ ይህቡ ብምንባሮም፤ ኣብ ሜዳ ንዝነበሩ ተጋደልቲ፣ ፀላኢ ኣብ ዝቆፃፀሮ ከተማን ሓራ ቦታን ንዝነበሩ ኣባላትን ደገፍትን ብዛዕባ መትከላት ቃልሶም ብዝግባእ ንክርድኡን ትኽክለኛ ቅዋም ንክሕዙን ግደ ወይን ኣብ ቅድሚት ይስራዕ። ካብዚ ብተወሳኺ፤ ወይን ብተግባር ከምቤት ትምህርቲ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ኮይና ሰሪሓ። ከምኡ እውን ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ምትእስሳር ዘደልደለ፣ ስነስርዓት ዘለዎ ስነምግባራዊ ኣስተንትኖ ዘስፋሕፍሐ፣ ንተሳትፎ ህዝብን ውዳበ ሕብረተሰብን ግብራዊ መምርሒ ዝሃበ ቅዋም ንክሕዙንነይሩ። እቶም በብእዋኑ ዝነበሩ ፍፃመታትኣብ ሞራላውን መትከላውን ቅርፅታት ብምቕማጥ ንጭቡጥ ልክዕነት ብጥንቃቐን ኣቓልቦ ብምሃብን ይምዝገቡ ነይሮም። ብተመሳሳሊ ነፍሲ ወከፍ ፅሑፍ ንኣረኣእያ ክፀልው፣ ንተግባር ክድርኽ፣ ስነ ምግባራዊ ዝንባለ ኣንበብቲ ክቐርፅ ዝኽእል ከምዝነበረ ካብ ታሪኽን ሰነዳትን ወይን ምርዳእ ይከኣል።

ጋዜጣ ወይን እቲ ቃልሲ ወተሃደራዊ ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝባዊ፣ ሞራላዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ምዃኑ ብተግባር ዘርኣየት እያ። ከምኡ እውን ብቐፃሊ ንሓላፍነት ዜግነትን ምትሕግጋዝን ሓበራዊ ወኪልነት ዝለዓለ ቆላሕታ ብምሃብ ሰሪሓ። ከምዚኦም ዝበሉ ዜግነታዊ ሓላፍነት ዘላብሱ ስራሕቲ ብምፍፃም ድማ ተዋሳኢቲ ናይቲ ቃልሲ ፀጋታት፣ ብድሆታትን ክብርታትን ናይቲ ነዊሕን መሪርን ጉዕዞ ከምዝርድኡ ኣረጋጊፃ እያ፤ ወይን። ካብዚ ብተወሳኺ ፅሑፋት ወይን፣ እዋናዊ ወፍርታትን ውድባዊ ውሳነታትን ምስንዘመናት ዝቐፀለ ምግላል፣ ታሪኻዊ ተቓውሞን ባህላዊ (ጥንታዊ) ፅንዓትን ዝተዛመዱ እዮም ነይሮም። እዞም ተረኻት ነገራዊ ለውጢ ዘምፅኡ፣ ዓውደ ፅንዓት ዘዕትሩ፣ ዝህቡ፣ ሓበን ዘዕብዩ፣ ኣብ ልዕሊ ሓበራዊ ጉዕዞ ትግራይ ናይ ዋንነት ስምዒት ዘስርፁ እዮም ነይሮም።

ድሕሪ ምድምሳስ ስርዓት ደርጊ ማለት እውን ካብ 1984 ክሳብ 2012 ዓ/ም፤ ወይን ከምስሩዕ ልምዓታዊ ሚድያ ኾይና ህዝቢ ኣንፃር ድኽነትን ድሕረትን ኣብ ዝገጠመሉ እዋን፤ ነዚ ኣብ ምዕጃብ ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ምምራሕ እውን መሪሕ ተራ ዘበርከተትሉ ምዕራፍ እዩ። ከምልምዓታዊ ሚድያ፤ ኣብ ውሽጢ ፌደራላዊ ስርዓት ህንፀት ሕገ መንግስቲ ንክገሃድ፣ ሰላምን ምርግጋዕን ንክሰፍን፣ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንክትከል፣ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ብምስላጥ ድኽነት ክውገድ ኣብ ምቅላስ መተካእታ ዘይርከቦ ስራሕ ዝሰርሐትሉ መድረኽ እዩ። ህወሓት፣ ኢህወዴግ ስርዓት ደርጊ ምስተደምሰሰ ካብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ዳግመ ህንፀትን ልምዓትን ከምዝተሰጋገረ ይዝከር። ብመሰረት እዚ ኣብ ታሪኽ እዛ ሃገር ሓዱሽ ምዕራፍ ተኸፊቱ። ብፍላይ ምስህንፀት ህዝባዊ መንግስቲ፣ ቁጠባዊ ዳግመ ህንፀትን ማሕበራዊ ምዕባለን ዝግለፅ ኩነታት ከመይ ክትላመድ ትኽእል? ዝብል ድሕሪ ሓርነት ኣብ ዝነበሩ ዓመታት፤ ወይን ዘደንቕ ለውጢ ኣካይዳ። ደርጊ ኣብ ምድምሳስ ዝነበረ ቀንዲ ትኹረታ ተቐይሩ ጎስጓሳት ስነሓሳባዊ ትምህርቲ ሰፊሑ። ብመሰረት እዚ፤ ንሕብረተሰብ ዳግመ ህንፀት ወሰንቲ ኣብ ዝኾኑ ዓውድታት ብፍላይ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ሕርሻ፣ ትሕተ ቅርፅን ምሕደራን ዓብይ ቆላሕታ ብምሃብ ሰሪሓ።

እቲ ካልእ ወይን ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ብዕቱብ ዝሰርሐትሉ፤ ኣብ ፖሊሲ ትምህርትን ኣሳታፊ ርክብን ዝነበረ ኣቀራርባ እዩ። እቶም ኣገልግሎት ንምርካብ ዝሕግዙ ኣገባባት ብዝግባእ ንክቕመጡ ኩሉ ዓይነት ኣስተዋፅኦ ገይራ። ብፍላይ ግደን ሓላፍነትን ዜጋታት ብኣግባቡ ንክፍለጡን ንክትግበሩን ናብ ህዝቢ ክበፅሑ ኣብ ምግባር ግደ ወይን ዝዓዘዘ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ልምዓታዊ ርክብ ኣብ ምጥንኻር፣ ምምችቻው ማሕበራዊ ለውጢ፣ ምዕባይ ተሳትፎን ምድንፋዕ ብሓበሬታ ዝተሰነየ ውሳነ ምሃብን ኣብ ወይን ብዕምቆት ካብ ዝቐርቡ ትሕዝቶታት ተጠቀስቲ እዮም። ስለዝኾነ ትሕዝቶ ወይን ነዞም መትከላት ዘንፀባርቕ ኾይኑ፤ ኣንበብቲ ኣብ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ክዋፈሩ፣ ኣብ መስርሕ ምሕደራ ኣበርክቶ ክገብሩ ዘተባብዑ እዮም። ካብዚ መሰረታዊ ኣምር ብምብጋስ፤ ዛንታ ወይን ዛንታ ሓደ ህዝቢ ምዃኑ ምድምዳም ይከኣል። ከምዚ ዝበሉ ስራሕቲ እናወገነት ድማ መስትያትን ኮምፓስን ኮይና ፀኒሓን ትቕፅል ኣላን።

ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ድኽነት ንምስዓር ኣብ ሃዲድ ልምዓትን ለውጥን ተፀሚዱ እናሃለወ፤ ኣብ ልዕሊኡ ኲናት ፅንተት ተፈፂምዎ። እዞም ወረርቲ ሓይልታት፤ ዕላዊ ወተሃደራዊ ኲናት ቅድሚ ምእዋጆም ህዝቢ ትግራይ ሓበሬታ ከይረክብ፣ ካብ ካልኦት ህዝብታት እታ ሃገር ክግለልን ነንባዕሉ ከይራኸብን፣ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀም ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ማሕበረሰብ ዓለም ዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ ከይበፅሖ እዩ ተገይሩ። ስርዓት ብልፅግና ብዝሓንፀፆ ውዲት ጥፍኣት ኮነ ተባሂሉ ሚድያታት እዛ ሃገር ብምጥቃም ዝተዛበዐ ሓበሬታን ዘርኣዊ ፀለመን ኪቃላሕ ተገይሩ። ስለዚ ኣቐዲሙ ብዝተነዝሐ መርዚ ፅልኢት ድምፂ ህዝቢ ትግራይ ንከይስማዕ፣ እንተተሰሚዑ ድማ ንከይእመን ይግበር ነይሩ። ካብዚ ተበጊስካ ክርአ እንተሎ እቲ ኲናት ፅንተት ብጥይትን ብተረኻትን ይካየድ ከምዝነበረ ምድምዳም ይከኣል። ኣብዚ ከምዚ ዝበለ መዋእልን ከይዲ መኸተን ግደ ወይን እንታይ ነይሩ ዝብል ምርኣይ ድማ ኣገዳሲ ይኸውን።

ወይን ኣብ እዋን መኸተ፤ ንህዝቢ ትግራይን ማሕበረሰብ ዓለምን ቀንዲ ፍልፍል ጥሉል ሓበሬታ ብምዃን ብዝለዓለ ፅንዓት ዝተቓለሰትን ዘቃለሰትን ልሳን ከምዝኾነት ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ነቲ ብፀላእቲ ኮነ ተባሂሉ ክውዛዕን ክዛባዕን ዝግበር ዝነበረ ግጉይ ሓበሬታ ብትረት ገጢማ ፀረ ዝተዛበዐ ሓበሬታ ወፊራ ሰባትን ትካላትን ቅኑዕ ሓበሬታ ክሕዙ ልዑል ግደ ተፃዊታ። ከምዚ ዝበሉ ስራሕቲ ብምስራሕ ድማ ተስፋ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምልምላም ዓብዪ ግደ ኣበርኪታ። በቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኲናት ብዙሕ ሰብ ሓበሬታ ዝበሃል ስኢኑ፣ እቲ ዝርካቡ እውን ዝተዛበዐ እናኾነ ናብ ተስፋ ምቝራፅ ኸይዱ ምንባሩ ይዝከር። ወይን፤ ኣብቲ ከምዚ ዝበለ ኣፀጋሚ ኩነታት እቲ ሓቂ ንዓለም ክገሃድ ብምግባርን ነቲ ዝተወዘዐ ሓሶት ብምቅላዕን መልህቅን ፀግዕን ሞራላዊ፣ መንነታውን ስነ ልቦናውን ውሕስና ብምዃን ደጋጊማ ታሪኽ ሰሪሓ። ኣብዚ መኸተ፤ ሓበራዊ ፅንዓት ህዝቢ ትግራይ ዘላቕነት ክህልዎ ኣብ ምግባር ልዑል ግደ ነይሩዋ። እቶም ታሪኻዊ ሰነዳት ብምዕቃብን ብምሓዝን ንህዝቢ ትግራይ ይኹን ንዓለም ንክገሃዱ፣ ከይሃሱን ከይርስዑን ብምግባር ዓብዪ ተራ ኣበርኪቶ ገይራ፤ ወይን።

ወይን፤ ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣብ ሓደጋ ምብትታን ኣብ ዝጠሓልሉ እዋን፤ ብዙሓት ሚድያታት ነቶም ውሁብ ፈተናታት ምቕባልን ምሕላፍን ኣብይወን እንትንገዳገዳ፣ ገሊኦን እውን ወዲቐን ክሳብ ሕዚ እንተይተሰኣ ኣብኡ ፍሓኽ እንትብላ እንኮ ፍልፍል እሙንን ጥሉልን ሓበሬታ ኮይና ቐፂላ። ብፍላይ ድማ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ዝነበረ ኣብ መንጎ ውድቡን ህዝቡን ከድሕን ዝተቓለሰን ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣህጊሩን ንህዝቢ ትግራይ ጠሊሙን ትግራይ ክብትን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ዝገበረን ኣፈላላይ ብግልፂ ብምቕራብ እቲ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ብግቡእ ንክቃላዕ ዘግበር ስትራተጂ ሓንፂፃ ክደናገሩ ዝኽእሉ ዝነበሩ ሰባት ብምድሓን ጥራሕ እንተይኮነስ ጉባኤ ድሕነት ብዓወት ተዛዚሙ ህወሓት ንክድሕን ኣብ ምግባር ግደ ወይን ኣብ ታሪኽ ክሰፍር ገይርዎ ኣሎ። ከምመጠን መሪሕ ውድብ ጥራሕ ዘይኮነስ ከምመጠን ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ምሉእ ንምሉእ ተላቢሳ ዝያዳ ንክብርኹ ብምስራሕ ንመድረኻዊ ተልእኾኣ ብቕዕቲ ብምዃን ሉኣላውነትና ተኸቢሩ መሰል ርእሰ ውሳነና ብዝተማለአ መንገዲ ንክኸበር ኣብ ዝግበር ጉዕዞ ግቡኡ ዝዋፃእ ውድብ ንክኸውን ዘኽኣለት ልሳን ምዃና ብተግባር ኣመስኪራ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ፤ ወይን በብምዕራፉ ዝምጥን ቃልሲ እናገበረት ዓንዲ ትግራዋይነት ተሓንጊጣ 50 ዓመት ዘሊቓ ኣላ። እዛ ልሳን፤ ነዚ ዘመን ዝምጥን ልሳንን ሚድያን ኾይና ክትቕፅል ግድን ይኸውን። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ኣብ መፃኢ እዋን ዝህሉ ሓበሬታ ናይ ምዝባዕ ከይዲ ብሰብ ሰራሕ ብልሕነት (ኣርቲፊሽያል ኢንተሊጀንስ) ዝተሰነየ ከምዝኸውን ምርዳእ የድሊ። ወይን ድማ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣከያይዳን ኣሰራርሓን ብምኽታል ከምቲ ኣብ ታሪኽ ጉዕዞኣ እናሰርሐቶ ዝመፀት ፍልፍል ፅዑይ ሓበሬታ ኾይና ክትቕፅል ትፅቢት ይግበር። በዚ መንገዲ እውን ንባዕላ ክተዕሪ ጀሚራ ኣላ። እቶም ናብ ኣንበብቲ ዝዝርግሑ ሓበሬታታትን ፍፃመታትን ነዚ ዘመን ዝምጥኑ፣ ርዝነት ዘለዎም፣ ሰሓብትን ወቕታውን ክኾኑ እዮም። ብተመሳሳሊ ኣብ ሓቃውነት ዝተመርኮሱ፣ ህዝባውነት ዝተላበሱ፣ ኣብ ምቕራፅ ፖለቲካዊ ንቕሓት ትኹረት ዝገብሩ፣ ታሪኽን ታሪኻዊ ተዘክሮታትን ዝዕቅቡ፣ መስመራትን ርእዮተ ዓለምን ውድብ ህወሓት ዝያዳ ዕምቆት ክህልዎም፣ናብ ህዝቢ ክበፅሑን ኣብ ወለዶታት፣ ክሰርፁን ኣብ ምግባር ብዝለዓለ ትኹረት ክሰርሕ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ዕምቆት ዘለዎምን ዝርዝር መብርሂ ዝሓዙን ፖለቲካዊ ትንተናታት ንምሃብ፣ ንህፃናት፣ ንመናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ዓብይ ቆላሕታ ዝህቡ ትሕዝቶታትን ኣቀራርባታትን ክቐርቡ፣ ንዲያስፖራ ዘሳትፉ ወቕታውን ረዘንትን ትሕዝቶታት ክተኣናገዱ ኮታስ ጉዕዞ መፃኢ ህዝቢ ትግራይ ንምብራኽ ወይን ኹሉ ዓይነት ኣስተዋፅኦ ንክህልዋ ብዝለዓለ ትኹረት ክስራሕ ምዃኑ ኣብዚ ፅምብል 50 ዓመት ነረጋግፅ። ጥቕልል ኣቢልኻ እንትርአ፤ ወይን ኣብቲ እዋን ፀላም ንፀላም ጋሊሃ ብፀቢብ ዋሕዋሕታ ሓቂ ንዓለም ክገሃድ ኣብ ምግባር ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመት ብተግባር ዘመስከረት ልሳን እያ። ስርዓት ደርጊ ንምድምሳስ ብዝለዓለ ፅንዓት ተቓሊሳ ከምዘቃለሰት ብተደጋጋሚ ዝተገለፀ ሓቂ እዩ። ኮይኑ ግና ቃልሲ ወይን በዚ ኣይተዓገተን። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ድኽነትን ድሕረትን ንምውጋድ ኣብ ዝተገበረ ግጥም እውን መሪሕ ግደ ኣበርኪታ። ብፍላይ ሰላምን ዴሞክራስን ኣብ ምስፋን፣ ልምዓትን ዕብየትን ኣብ ምርግጋፅ፣ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ኣብ ምዕሳል ግደ ወይን ዝለዓለ ቦታ ይሕዝ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናት ፅንተት ንምምካት ኣብ ዝተገበረ ቃልሲ መኸተ፤ እቲ መኸተ ተጠናኺሩ ንክቕፅልን ንክዕወትን ወይን ዘይትካእ እጃም ገይራ እያ።

ወይን፤ ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ፣ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ውድብ ህወሓት ዘጋጠመ ሓደጋ ምብትታትን መሰረት ገይራ ብዝሰርሐቶም ኣድማዕቲ ስራሕትን ብዝገበረቶ ጥንኩር ቃልስን ኣባል ውድብን ህዝቢ ትግራይን ኣብ ጎድኒ ውድቡ ክዓስል ገይራ። በዚ እውን ህወሓት ካብ ደንደስ ፀድፍን ሓደጋ ምብትታንን ንምድሓን ኣብ ዝተገበረ ቃልሲ መሪሕ ተራ ዝተዋፅአት ልሳን ምዃና ብተግባር ኣመስኪራ። ብድማር ወይን ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመት ከበድቲ ሓደጋታት እናሰገረት ንልኡኽ ዝምጥኑ ዓበይቲ መስተንክራት እናዓመመት ኣብዚ ብርኪ በፂሓ ኣላ። ነዚ ታሪኽ ጉዕዞ 50 ዓመት ዝዝክሩ መደባት ድማ በዚ ወርሒ ለካቲት እናሰላሰለት ፅምብል ጉዕዞ 50 ዓመት ክተኽብር በቒዓ። ወይን ንቕድሚት ህያው ስነ ሓሳባዊ ትካል፣ ሞራላዊ መምርሒ፣ ዓንዲ ትግራዋይ መንነት ተሓንጊጣ ብዝበለፀን ነዚ ዘመን ዝምጥን ቴክኖሎጂ ብምዕጣቕን ተጠናኺራ ንክትቕፅል ኹሉ እጃሙ ክዋፃእ ይግባእ።

**ድምቀት ንመበል 50 ዓመት ምስረታ ወይን!!**

**ዘልኣለማዊ ክብሪ ንኩሎም ሰማእታትና!!**

## ኣብዚኣማ

**እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ**

# ወይን ---- ሓባሪት ቃልሲ - - - - መዕሰሊት ህዝቢ!

ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ኣብ መበል 30 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዝሃቦ ፍሉይ ቃለ መሕተት፤ “ወይን ናይ መጀመርታን መወዳእታን ብሄራዊ ልሳን ህዝቢ ትግራይ እያ፤” ዝብል ረዚን ሓሳብ ገሊፁ ነይሩ። እዚ ኣብ 1988 ዓ/ም ዝተዛረቦ ዓብዪ መልእኽቲ ሎሚ ኮይንካ እንትረአ፤ ትንቢታዊ ቃል እዩ ዝመስል። ንኣብነት፣ ካልኦት ሚድያታት በቲ ዝኸሓደ ጉጅለ ተጨውየን ድምፂ ህዝቢ ትግራይ ምኳን ስኢነን ኣብ ዝነበራ እዋን፤ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ካብ ዘለዋ ሚድያታት ልሳን ህዝቢ ትግራይ ኮይና ዝዘለቐት ወይን ጥራሕ እያ። ወይን፤ ሎሚ እውን ከምትማሊ ምስ ህዝቢ ዘራኸበት፣ ህዝብና ኣብ መስመር ውድቡን ሰብ ዕላማ መራሕትን ክዓስል፣ ሓይሊ መኸተ ብሽም ህወሓት ዝሸቅጡ ተበለፅቲ ክመሚ፣ ህዝቢ ካብ መቑሕ ብልፅግና ክላቐቕ መሪሕ ኮይና ዝመከተት ልሳን ውድብ ህወሓት እያ። እዚ ብምግባራ ኣብ ወፃኢ ዝርከባ ሚድያታት እቲ ኣሰላልፋ ቀልጢፈን ተረዲአን ኣብ ጎድኒ ህዝበን ክዓስላ ናይ ኣምበሳ ብፅሒት ከምዝተዋፀአት ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር፤ ኣብ ፅልኣት ዝተመርኰሰ ሓሳብ ዘለዎም ውሱናት ውልቀ ሰባት፤ ነቲ ተጋዳላይ መለስ ንወይን ዝገለፀሉ ኣገባብ ብግጉይ ትንታነ እናቓነዩ ግጉይ ሓሳብ እንትህቡ ንዕዘብ ኣለና። ንሱ እውን “ህዝቢ ትግራይ ካብ ጋዜጣ ወይን ወፃኢ ካሊእ ሚድያ ኣየድልየካን ተባሂልካ” እናበሉ እንትጉስጉሱ ይስማዕ። እዞም ውልቀ ሰባት ብውሽጦም ዝሓስብዎ እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ እምበር “ወይን ናይ መጀመርያን ናይ መወዳእታን ልሳን እያ” ማለት ካልኦት ሚድያታት ኣየድልያን ወይ ድማ ኣይፈጠራን ማለት ኣይኮነን። ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ እውን ከምኡ ኣይበለን፤ ክብል እውን ኣይኽእልን። ምኽንያቱ ወይን ብምፍጣራ ድምፂ ወያነ ትግራይ ንክትፍጠር ምኽንያት ኮይና እያ። ድምፂ ወያነ ትግራይ ብምፍጣራ ድማ ከምኒ ሬድዮን ቴሌቭዥንን ፋናን ዋልታን ክፍጠራ ክኢለን እየን። ካልኦት ብኣሻሓት ዝቑፀራ ናፃ ፕረሳት እውን ክፈልሓ ዝኸኣላ እቲ ስርዓት ብዝፈጠሮ ምቹው ኩነታት እዩ። ብምኳኑ ኣገላልፃ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ካልኦት ሚድያታት ዋላ ይፈጠራ ወይን ግን ከምታ ኣብ መፈለምታ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ድምፂ ህዝቢ ዝነበረት፤ ንቐፃሊ እውን ድምፂ ህዝቢ ኮይና ክትዘልቕ እያ ማለት እዩ። እቲ ብተግባር ዝርአ ዘሎ እውን ንሱ እዩ።

ከምውልቀ ሰብ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ቃል ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ እንተንብብ፤ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዘሎ “ሜልኮል ክሳብ ትመውት ኣይወለደትን” ዝብል ኣገላልፃ እዩ ዝዝከረኒ። እዚ ኣገላልፃ ኣብ መቓብር ኮይንካ ስለዘይውለድ “ሰበይቲ ንጉስ ዳዊት ዝነበረት ሜልኮል እንተይወለደት እያ ሞይታ” ምስ ዝብል ሓሳብ ዘለዎ ጥንታዊ ሰነድ ዝመሳሰል እዩ። ብስሩ ግን እዚ ህያው ኣገላልፃ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ፤ ወይን ከመይ ናይ መጀመርታን መወዳእታን ልሳን ህዝቢ ከምዝኾነት ካብ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ስግግር መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ልምዓታዊ ቃልስን መኸተ ፅንተታዊ ወራርን ኣጠቓላሊ ትዕዝብተይ ከምዝስዕብ ትንትን ኣቢለ ናብ ኣበብቲ ከብሎ። ብዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምር።

ፈለምቲ ተጋደልቲ ህወሓት ገና ዓቕሞም እንተየዕበዩን እግሪ እንተይተኸሉን ብ“ነጭ ለባሻት” ደርግ ክይጭወዩ ካብ ህዝቢ ርሒቖም እዮም ዝነብሩ ነይሮም። ካብ ህዝቢ ርሒቖም እንተነበሩ ብዛዕባ ቃልሶም፣ ዕላማኦምን መስመሮምን ህዝቢ ክፈልጥ ዝኽኣለ ንኩሉ ብሓደ ሻዕ ኣኪቦም ስለዝተዛረብዎ ዘይኮነስ ነቲ ዕላማኦምን ቃልሶምን ጋዜጣ ወይን

ስለዘብፀሐትሎም እዩ። ብዛዕባ ዕላማ እቲ ቃልሲ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ኣሚኑ ኣብ ቅድመ ግንባር ኮይኑ ዝኣሻሕ ዝነበረ ተጋዳላይ፣ ወያናይ፣ ክርቢት ይኹን ኣብ ውሽጢ ፀላኢ ኣትዩ ስራሕቲ ስለላ እናካየደን ሎጂስቲክ እቲ ቃልሲ ዝሰድድ ዝነበረ ስርዒት ከተማን ሽግወያናይን እውን ኣብ መስመር ውድቡ ገጥ ኢሉ ንክቃለስ ዝገበረት ወይን እያ። ካብዚ ሓሊፉ ኩሉ ተጋዳላይን ደጋፊ እቲ ቓልሲ ዝኾነ ህዝብን ብዛዕባ ዕላማን ከይድን እቲ ቃልሲ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ዝዛረብ ዝነበረ ብሳላ ወይን እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ንህወሓት ካብ ኢድዩ ጀሚሩ ዝተፈጠሩ ከምግገሓት፣ ጠራናፊት፣ ኢዴሕን ኢህኣፓን ዝኣመሰሉ ውድባት ፈልዩ ዝተኸተላ ሳላ ወይን እዩ። እዚ እውን ህዝቢ “ካብ ኣየናይ ውድብ ኣየናይ ዝሓሸ ዕላማ ኣለዎ” ኢሉ መምዩ ክመርፅ ዝኸኣለ ብወይን እዩ። ብሓፂሩ ጋዜጣ ወይን ዕላማን መትከልን ህወሓት ናይ ገንኢ መብራህቲ ኮይኑ ከይተርፍ ዝገበረት በዓልቲ ውዕለታ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እያ።

ጋዜጣ ወይን ድሕሪ ውድቀት ደርጊ፣ ኣብ እዋን ስግግር መንግስቲ ኢትዮጵያ እንታይ ዓይነት መንግስቲ ከምዝህሉ፣ ኣምራት መንግስቲ እንታይ ከምዝኾኑ፣ እማመ ሰላም እንታይ ከምዝመስል ንህዝቢ ኣረዲኣ ናብ ሓደ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣምፂኣ ቅርፂ ዘትሓዘት እያ። ብፍላይ ኣብ ምጥያሽ ስግግር መንግስቲ ን17 ውድባት እዛ ሃገር ኣካል ስግግር መንግስቲ ክኾኑ ፃውዒት እንትቐርብ፤ “ኣበይ ዝነበራ ውድባት እየን? እዚ ኩሉ መስዋእቲ ከፊልና ኣብ ፀግዐን ፀኒሐን ሕዚ ስልጣን ዝማቐላ ዘለዋ? ንምንታይ ህወሓት/ኢህወዴግ ብኸቢድ መስዋእቲ ንስርዓት ደርግ ደምሲሱ እንተብቅዕ ንውሱን እዋን ስግግር መንግስቲ ኣዊጁ ባዕሉ ናብ መረፃ ዘየእትወና?” ዝብል ኣረኣእያ ነይሩ። ነዚ ግጉይ ኣረኣእያ ገለ ክፋል ማሕበረሰብን ተጋደልትን ብቕኑዕን ብሱልን ትንተናታት ዝሰበረት ወይን እያ። ምኽንያቱ እተን ውድባት ንህዝቢ ዝጠቅም ሓሳብ እንተሃልይወን ሓሳበን ብነፃነት ናብ ህዝቢ ኣቕሪበን ብሰላማዊ መንገዲ ስልጣን ዝሕዛሉ ኩነታት እንተተፈጢሩ፤ በረኻ ወፂእኻ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምውላዕ ኣየድልን። በረኻ እንተዘይተወፂኡ ድማ ብኩናት ዝሃልቕ ሃፍቲ፣ ዝስዋእ ሰብን ዝስንከል ኣካልን ከምዘይህሉ መሪሕ ኮይና ዘረድአት ወይን እያ። እዚ ድማ ኩለን ውድባት ናብ ኩናት ክኣትዋ ዝነበረ ኣጋጣሚ፤ በቲ ዝተፈጠረ ዕድል ኣብ ስግግር መንግስቲ ክሕቆፋን ሰላም እዛ ሃገር ክረጋጋዕን ወይን ዝለዓለ ግደ ነይሩዋ።

ወይን ድሕሪ ምድምሳስ ስርዓት ደርግ ብኩናት ዝዓነወት ትግራይ ብልምዓት ንምድባስ ካብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ልምዓታዊ ቃልሲ ኣንፈቱ ክዝውር ዝገበረት እያ። ብተወሳኺ ትግራይ ሃፍታም ፀጋ ተፈጥሮ ከምዘለዋ ዘምሃረት እውን ወይን እያ። ቁፅሩ ዘይነዓቕ ህዝቢ ትግራይ ነዚ ሓሳብ ኣሚኑ ኣንቂድዎ ዝነበረ ፍልሰት ዓጊቱ ኣብተን ኣኽራናት ክዓስል ወይን ብፅሒት ኣንበሳ ነይሩዋ። ንኣብነት፤ “ዓዲ እምኒ፣ ንኩርሽ ዝኾን በጀት ዘይብላ ፅግምቲ ክፍለ ሃገር” ዝብል ዘረባ መንግስቱ ሃይለማርያምን ካልኦት ሓይልታት ትምክሕትን ንምስባር “ናይ መሶቦ መን ሓሰቦ” ዝብሉ ኣብ ዕቛር ፀጋታት ትግራይ ዘድሃቡ ፅሑፋት ብምስንዳእ ትግራይ ሃፍታም ከምዝኾነት ኣብ ህዝቢ ዓብይ ግንዛበ ተፈጢሩ እዩ። ነዚ እውን እዩ ካብ ፅሑፋት ጋዜጣ ወይን ብምብጋስ ነብስሄር ኣርቲስት ዶክተር ኪሮስ ኣለማዮህ “ዓዲ እምኒ ተባሂልኪ፣ ዓዲ ኩዕንቲ ተባሂልኪ፣ ዓዲ ወርቂ ሎሚ ኮይንኪ ትግራይ ዓደይ ኮሪዐልኪ” እናበለ ዘዘይመላ። ኣብዚ ግደ ጋዜጣ ወይን ትግራይ ሃፍታም ዓዲ ከምዝኾነት ግንዛበ ምፍጣራ ጥራሕ ዘይኮነትስ፤ እቲ ሃፍቲ ከመይ ናብ ረብሓ ህዝቢ ከምዝቕየር ተመክሮታት ቀሚርካ ኣብ ምስፍሕፋሕ፣ ንጉጅለታት ልምዓት ዓቕሚ ንምፍጣር ዘኽእሉ መደባት ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ሕርሻ ወዘተ ብፍሉይ እናሰናደአት መፂኣ እያ።

ንኣብነት፤ ካብ ትምህርቲ ዝተርፍ ህፃን፣ ኣብ ዘይዕድሚኣ እትምርዖ ሰገን፣ ስራሕን ምርግጋእን ዝሰኣነ መንእሰይ፣ ኣብ ሕርስን ጥንስን እትንከላበት ኣዶ፣ ሰኣን እታዎታት ሕርሻ ምህርቱ ዝመናመን ሓረስታይ፣ ሰኣን ምዕቃብ ጠሊ ዝቓድር መሬት ከይህሉ ኮታስ ሓረስታይን ከተማታይን ብኹሉ መዳይ ክምዕብል፣ ገፁ ካብ ኩናት ናብ ልምዓት ከዝውር፣ ንድኽነት ክስዕር እናገበረት ዝመፀት እያ፤ ወይን። እዚ ከምዚ እናሃለወ ጠንቂ ልምዓት ዝኾኑ ብልሹው ኣሰራርሓታት ንምውጋድ ናብ ባይታ ወሪዳ ምርመራ ጋዜጠኝነት እናካየደት እያ መፂኣ። ንኣብነት፤ “ሓደ ኢዱ ዝተኣሰረ ህዝቢ፣ ኣብ ፋፂ ዘሎ ላግሚ፣ ኣይትብከ እንዶ ዘብክየኒ ወዘተ” ዝብሉ ፅሑፋት ብምስንዳእ ኩሎም ፀገማት እናቓለዐት ንጠንቅታት ሰናይ ምምሕዳር ዓቕማ ክንዲ ዝፈቐዶ ክትቃለስ ፀኒሓ እያ።

እዛ ኣብ ሕሉፍ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ኣብ እዋን ስግግር መንግስትን ዝሓለፉ 27 ዓመታት ልምዓትን ቀላሲት ዝነበረት ጋዜጣ ወይን፤ ኣብ እዋን መኸተ ብፍላይ ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘጋጠመ ሰላሕታዊ ፅንተትን ሓደጋ ምብታን ትግራይን ኣብ ምቅላዕ ብልዑል ተገዳስነት ሰሪሓ እያ። እቲ ሓደጋ ንክቕንጠጥ እውን ተኣምር ሰሪሓ እያ። ንኩለን ሚድያታት ዓፊኑ ካብ ተመክሮ ኢህወዴግ ብምብጋስ ውድብ ከምጨው ኣሕቘቑ ናብ ብልፅግና ንክቕይር ዝጓየ ዝነበረ ከዳዕ ጉጅለ፤ ሕልሙ ንክመክን ብዝለዓለ ፅንዓትን ትረትን ዝተቓለሰት ወይን እያ። ብምቅላሳ ድማ ካብቲ ዝቕፅል ዘሎ ፅንተት ብዝተዓፃፀፈ መንገዲ ንምፅናት ተሓሲቡ ዝነበረ ተዓጊቱ እዩ። እዚ እውን ሓድነት ህዝቢ ትግራይ በቲኑን ሕቼን ከብድን ገይሩን ከምህዝቢ ከፅንተና ዝሓሰበ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ሕልሙ ኮሊፉቶ እያ። ወይን እንተዘይትህሉ ቃልስና ከምዚ ኢሉ ቀልጢፉ መልክዕ ኣይምሓዘን። እቲ ኣብ ውሽጢ ዝነበረ ቃልሲ ኣንፃር ብሄራዊ ክሕደት ህዝቢ ቀልጢፉ ብምርዳእ እቲ ጠላም ጉጅለ መሬት ረመፅ ኮይናቶ ናብ ዝምጥኖ ክፅጋዕ ዝገበረት ሚድያ ወይን እያ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ህዝቢ ራያ ካብ ህዝቢ ካልኦት ከባብታት ትግራይ ንምንፃል ኣብ ዝግበር ዝነበረ ናይቲ ጉጅለ ሽርሕን ከባብያዊ ጎስጓሳትን፤ ነቲ እከይ ዕላማ ኣበርዒና ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ክጥመር ዝተቓለሰትን መሪሕ ተራኣ ዝተዋፀአትን ከምዝኾነት ናይ ቀረባ እዋን ተዘክሮ እዩ።

ጋዜጣ ወይን ከምዚ ኢላ ትማሊ ይኹን ሎሚ ብሕታዊት ልሳን ህዝቢ ትግራይ ኮይና ዝተቓለሰትን 50 ዓመት ምሉእ ኣብ ቃልሲ፣ ልምዓትን መኸተን ዝዘለቐትን ኩሉ ነገር ሰቲ ሰምሃል ስለዝነበረ ኣይኮነን። ወይን ኣብዚ ዓመት (2018 ዓ.ም) 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤል/ዮ እተኽብር ዘላ፤ ንዕድሚኣ ዝምጥን ዓቕምን ሃፍትን ስለዘለዋ እውን ኣይኮነትን። ብጋዜጣ፣ መፅሄትን ክልስ ሓሳብን፣ ካብ ቀረባ እዋን ናብዚ ድማ ብመርበብ ሓበሬታ እናተቓለሰት ዝመፀት ወይን እኹል ካሜራን ስትድዮን ስለዘይብላ ብክራይ ካሜራ መድረኻት እናቐረፀትን ቃለመሕተት እናካየደትን ብዩቲዩብ ክትቃለስ ፀኒሓ እያ። ዋላ እውን ኣብ ዲጂታላይዜሽን ጅማሮታት እንተሃለዉ 50 ዓመት ዝገበረትን ንካልኦት ሚድያታት ዝፈጠረትን ወይን ንዕድሚኣ ዝምጥን ጉዕዞ ዕብየት ኣየርኣየትን። እተን ዝፈጠረተን ኣብ ዝለዓለ ብርኪ እንትበፅሓ፤ ንሳ ግን ሰለይ እናበለት ዛጊድ ናተይ እዩ እትብሎ ህንፃን (ቤት ፅሕፈት) ናውቲ ሚድያን ዘይምውናና ከምተጋሩ ዘሕዝን እዩ። እዚ ድማ ውድብ ህወሓት፤ ንልሳኑ ዝኾነት ጋዜጣ ወይን ዘለዎ ትኹረትን ዝገበሮ ሓገዝን ኣዝዩ ዝተሓተ ምኳኑ እዩ ዘመላኽት።

እንተ ህዝቢ ትግራይ ግን “ትማሊ ይኹን ሎሚ ካብ መትከላ እንተይተዛነፈት ድምፂ ህዝቢ ዝኾነት ጋዜጣ ወይን ከምተን ካልኦት ሚድያታት ዓብያ ብቴሌቭዥን እውን እንሪኣሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ” እዩ ዝብል ዘሎ። ብምኳኑ ወይን ንዕድሚኣ ዝምጥን ቁመና ንክህልዋ ውድብ ህወሓት ይኹን ፈታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ወገን፤ ወይን ነዚ ዘመን ዝምጥን ዓቕሚ ንክትውንን ብቴክኖሎጂ ንክትዕጠቕን ኣሰሩ ከዕርፍ ኣለዎ። በዚ ኣጋጣሚ ከምተኸታታላይ ተሳታፊ እዚ ዓምዲ እንኳዕ ንመበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤል/ዩ ጋዜጣ ወይን ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና እብል። ወይን ፀገማት ህዝቢ መዝሒቓ እናውፀአት ከምዝመፀት ናታ ፀገም እውን ተነቒሉ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ሚድያ ንምርኣይ የብቀዐና እናበልኩ ሰናይ ትምኒተይ ብምግላፅ ትሕዝቶ ፅሑፈይ ክዛዝም።

**መንክር ካብ መቐለ**

ዋዕሮታት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ብርዕታት ወይን ብኣንደበት ዋዕሮታት

ኣብ ድሮ ፈላማይ ዓመት ምስረታ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝተመስረተት ፍሉይ ዛንታን ታሪኽን ዘለዋ ወይን ሚድያ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1968 ዓ.ም ኣብ ዞባ ምብራቅ ትግራይ ወረዳ ሳዕሲዕ ፍሉይ ሽሙ "ዳይማ ማርዋ" ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ኣብ ንእሽተይ ጎጆ ሕትመት ዝጀመረት ቦኣር ልሳን እያ። ኣብቲ እዋን ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ፋሽስት ስርዓት ደርግ ኣብ ዘካየዶ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ጋዜጣ ወይን መበገስን ዕላማን እቲ ቃልሲ እንታይ ከም ዝኾነ ንህዝብን ተጋደልትን ኣብ ምንቃሕ፣ ምንፃርን ምልዕዓልን እቲ ቃልሲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኣብ ምቅፅፃል ብሕታዊት ተበፃሒት ልሳን ነይራ። በዚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ኣንፃር ስርዓት ደርግ ክውደብ፣ ናብ ቃልሲ ክስለፍን ክዓጥቕን ብብርዒ ዝተቓለሰትን ዘቃለሰትን ልሳን ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን እያ።

ካብቶም ኣብቲ እዋን ንወይን ኣምቢቦም ናብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝተፀምበሩ ተጋደልቲ እታ ሓንቲ ተጋዳሊት ሳባ ተካ እያ። ተጋዳሊት ሳባ፣ ምስ ወይን ዘለዋ ሌላ እንትትገልፅ ቅድሚ ናብ ገድሊ ምፅንባራ ኣብ 1968 ዓ.ም ሓጋይ ኣብ ከባቢ ተምቤን "ወይን፣ ዕጠቕ!" ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘት በራሪት ፅሑፍ ናብ ኣባላት ውድብ ተበቲኑ ህዝቢ እናተመያየጠላ ኣብ ዝነበረ እዋን ከም ዝኾነ ትዝክር። ሰነ 1968 ዓ.ም ናብ ገድሊ ትግራይ ምስ ተፀምበረት ድማ ወይን ናብ ስርዒታት፣ ተጋደልቲ፣ ጋንታ፣ ሓይልን ኣባላት ውድብን ብኣግባቡ ትበፅሕ ምንባራ ተዘንትው። ብቀንዱ ድማ ወይን ልሳን ውድብ ህወሓት ኮይና ንመስመርን ዕላማን እቲ ውድብ ኣፅኒዕኻ ንምሓዝ ኣብ ዝካየዱ መድረኻት ኮነ ካብ መድረኻት ወፃእ ብወይን ኣቢልካ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ናብ ዘንቀሳቕሱ ውዳበታት ሓፋሽ ማሕበራት፣ ሽግወየንቲ፣ ማሕበራትን ካልኦት ውዳበታትን ተራኺብ ነይራ።

ካብዚ ብተወሳኺ ወይን ካብ ውድብ ዝወፁ መልእኽትታን ሓበሬታትን ኣብ ምቅላሕ ወሳኒ ተራ ነይርዋ። ፈተውትን ፀላእትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምፍላይ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ዝገበረት፣ ተሃራፊት፣ ንቃልሲ እተለዓዕልን ልክዕ ከም መፅሓፍ ቅዱስ እትርኦን ሚድያ ከም ዝነበረት ተረድእ። ብፍላይ ድማ ድሕሪ 1971 ዓ.ም ቀዳማይ ጉባኤ ውድብ ህወሓት ምስተኻየደ "ሓፋሽ ይንቃሕ፣ ይወደብ፣ ይተዓጠቕ" ዝብሉ መምርሕታትን ኣንፈታትን ከምኡ እውን እቲ ቃልሲ ዝሕብሩ ፅሑፋትን ውሳነታትን እቲ ጉባኤ ብወይን ኣቢሎም ናብ ህዝቢ ይመሓላለፉ ምንባሮም ብፍሉይ ትዝክር። ድሕሪ 1972 ዓ.ም ድማ ሬድዮ ድምፂ ወያነ ምስተተኸለ ወይን ምስ ሬድዮ ድምፂ ወያነ ብምትሕግጋዝ ነቲ ቃልሲ ዘጎልብቱ ትሕዝቶታት እናመረፀት ነቲ ቃልሲ ናብ ዓወት ክበፅሕ ተቃሊሳ ዘቃለሰት ልሳን እያ።

ድሕሪ 1983 ዓ.ም እውን እንተኾነ እቲ ቃልሲ ከመይ ናብ ዓወት ከም ዝበቕዐ፣ ነቲ ዓወት ዝተኸፈለ ዋጋ፣ መስዋእትን መጉዳእቲ ኣካልን ዘዘንትዉ መስተንክራዊ ገድልታት ዝትንትኑ ዓምድታት ኣብ ጋዜጣን መፅሄት ወይን ንወለዶ ዝሓልፍ ታሪኻዊ ስራሕቲ ሰኒዳ እያ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣብቶም ዝነበሩ ናይ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራስን ዓመታት ኣብ ማሕበራውን፣ ቁጠባውን ፖሊሲታትን ዕማማትን ዘማዕብሉ ፅሑፋት ናብ ህዝቢ ብምዝርጋሕ ዝጭበጡ ቁጠባዊ ተሞኩሮታትን ምዕባለታትን ኣብ ምግፋሕ እውን ልዑል ተራ ከም ዝተፃወተት ትገልፅ። ብምኻኑ ድማ ኣብቲ እዋን ብቛንቋ ትግርኛ ተሓቲማ ናብ ኣንበብቲ ትዝርጋሕ ዝነበረት ብሕታዊት ወይን ጋዜጣን መፅሄትን ብምንባራ ተጋዳሊት ሳባ ንወይን ደልያ ብምግዛእ ብሃንቀውታ እተንብባ ምንባራ ተረድእ። ድሕሪ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ኵናት ፅንተትን ወይን ሐዚ ዘለቶ ኩነታት ቃልስን ግልጋሎት ሽፋን እንትትገልፅ፣ ወይን ብስራሕቲ ዩቲዩብ ቻነል እውን

ተጋዳሊት ሳባ ተካ

እናማዕበለት ኮይና እትፍንዎም ትሕዝቶታትን እዋናዊ ዝነኣዱ ንፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዘባህርሩ ከም ዝኾኑ ትዕዝብታ ትገልፅ።

ካልእቲ ወይን ካብ እትምስረት ጀሚራ ክሳብ ሐዚ ተቓሊሳ ዘቃለሰት ልሳን ውድብ ከም ዝኾነት ዝገለፀት ተጋዳሊት ኣበራሽ ሃደራ እያ። ከም ኣገላልፃ ተጋዳሊት ኣበራሽ፡- ወይን ኣብቲ ዝነበረ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ዘየቋርፅ መልእኽትን ሓበሬታን ውድብ ህወሓት ናብ ህዝብን ተጋደልትን ተብፅሕ ዝነበረት ምኻና ተዘኻኽር። ልዕሊ እዚ ግን ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ መራሕቲ ትግራይ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ቅልውላው፣ ናይ ቃልሲ ኣሰላልፋ፣ ናይ ሓድነት ኣፈላላይን ህልውና ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ንምርግጋፅ ሽርሕታት ጉጅለ ክሕደት ኣብ ምቅላዕ ብሕትመትን ዩቱዩብ ቻነልን ዝሰርሓቶም ስራሕቲ ክጠናኸርን ክቕፅልን ዝግበኦ ናይ ቀረባ ተሞኩሮ ከም ዝኾነ ተብርህ። ከምኡ እውን ኣብ ህልው ኩነታት ትግራይን ምጥንኻር ሓድነት ህዝቢ ትግራይን ኣመልኪታ እትዝርግሖም ፅሑፋት ንወገን ካብ ደንገርገርን ምትላልን ዘድሓነት ሚድያ እያ።

ደሚርካ እንትርአ ጋዜጣ ወይን ካብ እትምስረት ክሳብ ሐዚ ኣብ በቢ ምዕራፉ ኣብ ዝነበሩ ናይ ቃልስን ልምዓትን ስራሕቲ ነቲ ግዘ ዝምጥን ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ብምቅላሕ ተቃሊሳ ዘቃለሰት ኣብነታዊት ሚድያ እያ። ናይ ዝበዝሑን ዝተመረፁን ምዕራፋትን ፍፃመታትን መድረኻት ውድብ ህወሓት ብምስናድ ፈተውትን ደገፍትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፍልፍል ሓበሬታን መረዳእታን ኮይና ዘመን ተሳገርቲ ሰነዳት፣ ፅሑፋትን ስእላዊ መረዳእታትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝዓቀበት ልሳን እያ። ኣብዚ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ክትገብሮም ዝፀነሐት ቃልስን ስነዳታትን ኣብ ልዕሊ ህልውና ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣጋጢሙ ዝነበረ ሓደጋ ኣፈላላይ ብሄራዊ ሓድነት ክሕደትን ኣብ ምንፃርን መቃለሲ ፅሑፋት ኣብ ምቅላሕን ዝገበረቶ ቃልሲ ድማ ጎሊሁ ይርአ። ስለ ዝኾነ ወይን ሚድያ ንቅድሚት ተጠናኺራ ንምውፃእን ናብ ሕድሕድ ኣንበብትን ተኸታተልትን ክንድቲ ዝድለ ተበፃሒት ንምኳን ንምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ጥራሕ ዝግደፍ ዘይኮነስ ንሃለዋት ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዝቃለስ፣ ንመሰል ዓረሰ ውሳነ ዝግደስ ኣብ ውሽጥን ወፃእ ዓድን ዘርከብ ትግራዋይ ሞያውን ንዋታውን ሓገዝ ከበርክት ይግባእ መልእኽትና እዩ።

### ፃውዒት ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

መሰልና ይከበር ፀገምና ብዘተ ይፈታሕ ዝብል መርገፂና ፌደራል መንግስቲ ብኣፈሙዝ ብሓይሊ ክፈትሕ ዝገብሮ ዘሎ ምህንዳድ ኣካል ዝኾነ ብስርዓት ኣብይ ኣብዚ ቀረባ ኣብ ፀለምቲ ዝተኸፈተ ኲናት እውን ሐዚ እውን ትሉም ብዝኾነ መንገዲ ንወራር ይዳለው ከምዘሎ መረጋገፂ ምኳኑ ዶ/ር ደብረፅዮን ግልፂ ገይሩ ኣሎ።

ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ "ተዳኺሞምን ተበቲኖምን እዮም" ይብሉ እኳ እንተሃለው ኣብ ሃለዋትናን ድሕንነትናን ዝመፅእ ኣካል ሐዚ እውን ኣይተበተናን፣ ልኣላውነትናን ንምኽባር ዝተሰደተን ዝተመዛበለን ህዝብና ናብ መረበቱ ብውሑስ መንገዲ ክምለስ ኣብ ምግባር ሐዚ እውን ቀንዲ መፍትሒኡ ሰላም ብምዃኑ እቲ ዝረአ ዘሎ ጎንፂ ብሰላም ብዘተ ክውዳእ እምነት ውድብን ህዝብን ምዃኑ፤ ካብዚ ብዝዘለለ ግን ምእንተ ህልውና እቲ ቓልሲ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅል ኣረጋጊፆም።

ኣብ መወዳእታ ፃውዒት ሰላም ሕብረት ኣፍሪካ፣ ኣውሮፓን መንግስቲ ኣሜሪካን ብተደጋጋሚ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ ንሳቶም እውን ካብ የተሓሳስብናዮ ዝብል ዘረባ ወፂኦም ነዚ ብፌደራል መንግስቲ ዝሳወር ዘሎ መንገዲ ጥፍኣት ብተግባር ጠጠው ክብልው ፃውዒቶም ኣቕሪቦም።

### ህዝቢ ትግራይ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ካልእ ዘዘራረብናዮ ነባር ተጋዳላይ ብርሃነ ከበደ (ወዲ ከበደ) ብወገኑ፤ ጋዜጣ ወይን ንህዝቢ ትግራይ ፅሑፍ ትግርኛ ዘለማመደትን ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፍሉይ ዓሸራ ዘንበረን በኣር ልሳን ህዝቢ ትግራይ ከምዝኾነት ድሕሪ ምግላፁ ኣብ ሕሉፍ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ንቕሓተ ህሊና ህዝቢ ሓፍ ክብል ኣብ ምግባር፣ ወነ ቃልሲ መናእሰይ፣ ሓረስቶትን ደቂ ኣንስትዮን ትግራይ ኣብ ምልዕዓል፣ ህዝቢ ትግራይ ደሃይ ተጋደልቲ ደቁ ክፈልጥ ኣብ ምግባር ልዑል ግደ ዝነበራ ልሳን ከምዝኾነት ግልፂ ገይሩ።

"ወይን ነቲ ተቓላሳይ ወነ ቃልሲ ኣብ ምልዕዓል ዘበርከተቶ ኣስተዋፅኦ ሓደ ነገር ኮይኑ ንፀላእቲ ድማ ብስርዒት ከተማ ኣቢልካ ናብ ኢድ ፀላኢ ክትኣቱ ብምግባር ክብህርሩን ክርዕዱን ትገብር ነይራ፤" ዝበለ ተጋዳላይ ብርሃነ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝተፈላለዩ ሓሳባት ክህልው እንከለው ሒዛቶ ትመፅእ ዝነበረት ፅሑፍ ምይይጥ፣ ክትዕ ተገይሩ ናብ ሓደ መደምደምታ ይበፅሕ ከምዝነበረ ኣዘኻኺሩ። ኣብ ክፍልታት ህወሓት ብሱላት ክተዓት፣ ምይይጣት ክካየዱ ፖለቲካዊ ንቕሓት እቲ ተጋዳላይ ክብርኽ ዕጥቅን ስንቅን እቲ ተጋዳላይ ኾይና እተገልግል ልሳን ከምዝነበረት ተጋዳላይ ብርሃነ ይገልፅ።

ካብዚ ብተወሳኺ፤ ህዝቢ ትግራይ ነቲ ቃልሲ ክድግፍ፣ ምድጋፍ ጥራሕ እውን ዘይኮነስ ኢዱ ሓዊሱ ክቃለስ፣ ኣብ ምግባር ጠንካራ ዝኾነ ናይ ህዝቢ ውዳበታት ክህሉ ኣብ ምግባር ግደ ወይን መተካእታ ከምዘይብሉን እቶም ፀኒሖም ዝመፁ ሚድያታት እውን መሰረቶም ጋዜጣ ወይን ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ድሕሪ ምድምሳስ ስርዓት ደርግ እውን ኣብ መፈለምታ ኣብ ዳግመ ሕውየትን እግሪ ምትካል ትግራይ ኣብ ምርግጋፅ ሰላምን ድሕንነትን ወይን ዝለዓለ ሓላፍነት ወሲዳ ትሰርሕ ከም ዝነበረትን ብፍላይ ቀንዲ ፀላኢና "ድኽነት" ከምዝኾነ ምስተነፀረ ድኽነት ንምቅላስ ዘኽእሉ ፖሊስታትን ስትራተጂታትን ናብ ህዝቢ ክሰርፁ ኣብ ምግባር ወይን ኣበርክቶኣ ዝለዓለ ምዃኑ ተጋዳላይ ብርሃነ ሓቢሩ። ብፍላይ ናይ ሰላምን ልምዓትን ፖሊሲ ተቐሪፁ ናብ ተግባር ምስተሰጋገረ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ገፀርን ከተማን ዝሰርሑ ስራሕቲ ኣፈፃፅመኦም ኣብ ምክትታል፣ ብሉፃት ተሞክሮታት እናቐመረት ብጋዜጣ፣ ብመፅሄት ኣብ ምትሕልላፍ፣ ካብዚ ብዝዘለለ ድማ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ኣብ ምርግጋፅ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ብስለት ዘለዎም ፅሑፋት ሒዛ ትቐርብ ምንባራ ተጋዳላይ ብርሃነ ኣዘኻኺሩ።

ኣብዚ ናይ ቀረባ ዝተኻየደ ህዝባዊ መኸተ ብፍላይ ጉጅለ ክሕደት ኣብ ስልጣን ኣብዝነበረሉ እዋን ካብቶም ታሪኽ ዘይርስዖ ወርቃዊ ስራሕቲ ሚድያ ወይን እቲ ሓደ ካልኦት ሚድያታት መሬት ብቐትሩ ጠሊመን ፈረኽረኽ ኣብዝበላሉ ወይን ከምሓንቲ ሓሙስ በይና ጠጠው ኢላ ኣብ ጎኒ ህዝብን ውድብን ተሰሊፉ ምቅላሳ ካብ ሕልና ህዝቢትግራይ ከምዘይጠፍእ ተጋዳላይ ብርሃነ ሓቢሩ።

ነባር ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ነጋሽ (ወዲ መድህን) ብወገኑ ወይን ኣበቲ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ህዝቢ ትግራይ ክነቕሕ፣ ክውድብን ክቃለስን ኣብ ምግባር ብፍላይ ፅሑፋት ወይን ብስርዒት ኣቢልካ ናብ ህዝቢ እናተበተኑ ወነ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምልዕዓል፣ ህዝብን ኣባልን እንታይ ክገብር ከምዘለዎ መንገዲ ኣብ ምሕባር፣ ኣብ ቃልሲ ዝተረኸቡ ዓወታት ንህዝቢ ኣብ ምብሳር ዝለዓለ ግደ ከም ዝነበራ ይገልፅ።

"ኣብ ብልሒ ጫፍ እቲ ቃልሲ ንዘሎ ተጋዳላይ ረብሓ ህዝቢ ሸኻሉ ገይሩ ክቃለስ፣ መእንተ ወፅዓ ህዝቡ ክቡር መስዋእቲ ክኸፍል ከምዘለዎ ብሕታዊት መንቅሒትን መመያየጢትን ልሳን ነይራ፤" ዝበለ ተጋዳላይ ብርሃነ (ወዲ መድህን)፤ ኣብ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳባት ናይ ሓሳብ ምትሕውዋስ ወይ ኣፈላላያት እንትፍጠሩ ኣብ ሕድሕድ ተጋዳላይ ንፅረት ሓሳባት ክህሉ ኣብ ምግባር ኣበርክቶኣ ዝለዓለ ምንባሩ ገሊፁ። ኣብ ዓበይቲ ጉባኤታት ነቲ ቃልሲ ዘበርኹ ውሳነታት ከመይ ናብ ታሕቲ ወሪዶም ተግባራዊ ክኾኑ ከምዘለዎን፣ ኩሉ ተጋዳላይ ወይኑ፣ ወያናይ ባህሪ ክላበስ፣ ወያናይ ስብእና ክህልዎን መንፈስ ሰዓራይነቱ ከሐይልን ኣብ ምግባር ወይን ዘይትካእ ግደ ከምዝነበራን ኣብዚ እዋን መኸተ እውን ታሪኽ ዘይርስዖ ንሓቒን ንትክክለኛ ዕላማን ወጊና ዝተቓለሰት ሚድያ ከምዝኾነት ሓቢሩ።

ወይን 50 ዓመት ተቓሊሳ ዘቃለሰት ልሳን ህዝቢ ትግራይ ከምዝኾነትን ብቐፃሊ ንእተሕልፎም መልእኽትታት ከከም ኣድላይነቱ ንኹሉ ንኽባፃሕ ብቴክኖሎጂ፣ ኣወዳድባን ሓይሊሰብን ንምዕጣቕ ከምዝሰራሕ ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ብምኽንያት መበል 51 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህወሓትን መበል 51 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይንን ኣመልኪቶም ብፍሉይ ምስ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየድዎ ቃለ መሕትት ምግላፆም ዝዝከር እዩ።

# ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መድብ

# ዝክረ ባይቶን ለካቲትን

ካብ ፍርያታት 11 ለካቲት ሓደ ምጥያሽ ህዝባዊ ምምሕዳር እዩ። መሳፍንቲ ንህዝብን መሬትን ትግራይ ከምውልቀ ሃፍቲ ቐፂሮም ተላኣኣኺቲ እናወደቡ ከምድሌቶም ዝገብርዎ ዝነበሩ ስርዓት፤ ብዝተኻየደ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ደቂ 11 ለካቲት ናብ ህዝባዊ ምምሕዳር ክልወጥ ክኢሉ እዩ። ኣብቲ ፈለማ እዋን ህዝቢ "ይኾኑኒ፣ የመሓድሩኒ እዮም" እትብሎም "ባዕልኻ ክትመርፅ ኢኻ" እንትበሃል፤ ንዘመናት ዝተሳቐዮ መስፍናዊ ስርዓት እናዘከረ ልዕሊ ሕልና ኮይኑዎ ምእማን ዝስእነሉ ኩነታት ነይሩ። "ንዘመናት ብመሳፍንትን ተላኣኣኽቶምን ዝተማፀኻዮ ከብቅዕ እንተኾይኑ ብዕቱብ ክትቃለስ ኣለካ" ተባሂሉ እንትንገሮ፤ ነቲ ዕላማ ኣብ ሸትኡ ንከብፅሕ ህይወቱ፣ ጥሪቱ፣ ንብረቱን ጊዜኡን እናወፈየ ኣብ መስመር ህወሓት ዓሲሉ እዩ ብዝለዓለ ፅንዓትን ጅግንነትን ተቓሊሱ። እቲ ሓራ ኣብ ዝወፃ ከባብታት ዝነብር ህዝቢ "መራሕትኻ ምረፅ" እንትበሃል "... ኣብዚኣ ኣቦ መንበር ናይ ልበይ ክናገር" እናበለ ንህዝባውያንን ውልቀ ጥቕሞም ዘቐድሙን ሰባት ከምእኽሊ ኣንተርቲሩ እናፈለየ ኣብ ባይቶ ብምምራፅ እናተመሓደረ ከምዝመፀ ዝፍለጥ እዩ።

ነዚ ዛዕባ ዘልዓልናዮ መበል 51 ዓመት ልደት ህወሓት 11 ለካቲትን መበል 50 ዓመት ምስረታ ፈላሚት ሚድያ ትግርኛ ዝኾነት ጋዜጣ ወይንን እንትነኽብር፤ ኣብ ድሮ ወርሓት ለካቲት ዝተኻየደ ርሱን ራብዓይ ዘመን መበል 38 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ስለዘሎ እዩ። ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ኣፈፃፅማ መደባት ፍርቂ ዓመት ፈፃሚ ኣካልን ማእኸላይ ቤት ፍርድን እታ ከተማ እወንታን ድኽመትን ኣፈፃፅማ መደባት እንታይ ከምዝመስሉ ብዕምቆት ገምጊሙ እዩ። እዚ እውን ብቀወምቲ ኮሚቴ መሰረተ ልምዓት፣ በጀትን ኦዲትን፣ ሕግን ምምሕዳርን፣ ጉዳያት ኢኮኖሚ ንሕድሕድ ኣፈፃፅማ መደባት ኣብያተ ዕዮ እታ ከተማ ክሳብ ባይታ እናወረዱ እዮም ፈቲሾምዎም። እቶም ቀወምቲ ኮሚቴ "ክስተኻኸሉ ኣለዎም" ኣብ ዝበልዎ ዝሃብዎም ዓበይቲ ዛዕባታት መዚዝና ከምዝስዕብ ክነቕርብ።

ፈለማ ብቀዋሚ ኮሚቴ መሰረተ ልምዓት ክንጅምር። እቲ ቀዋሚ ኮሚቴ ዘልዓሎ ዓብዩ ዛዕባ ፀገም መስተ ማይ እታ ከተማ ዘድሃበ እዩ ነይሩ። እቲ ቤት ምኽሪ ፀገም ማይ ከተማ መቐለ ንምቅላል ሽዱሽተ ዓበይቲ ጎዳጉዲ ክስርሓ ካብ ዝፀድቕ ክልተ ዓመት እንተገበረ፤ ዛጊድ ግን ኣይተሰርሓን። ንምንታይ ዘይተሰርሓ? ኣብ ኣመራርሓን ሰራሕተኛን ቤት ዕዮ ግልጋሎት ማይ ብዘሎ ፀገም ተወፋይነት እተን ዝርከበን ማይ ብፍትሓውነት ንኩሉ ሕብረተሰብ ኣይከፋፈላን ዘለዋ። ንገሊኡ በቢሰሙኑ ማይ እንትትመፆ ንገሊኡ ልዕሊ ወርሕን ክልተ ቕነን ዘይትመፀሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ንምንታይ ኮይኑ? ዝብል ሕቶ እዩ ኣቕሪቡ። ነዚ ዝተወሃበ መልሲ ኣብ ከተማ መቐለ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ነባሪ ስለዘሎ ቀረብን ጠለብን ማይ ክመጣጠን ዘይምኽኣሉ እዩ። እዚ ፀገም ዝፍታሕ ከተማ መቐለ ምስኣመራርሓ ክልል ብምውዳድ እዩ። ኣብ ልዕሊ ፀገም ውፍይነት ሰራሕተኛ ግልጋሎት ማይ ምህላው ኣብ ትካላት ማይን መብራህትን ብዝበፅሑ ጥቕዓታት እቲ ፀገም ክጋደድ እናገበሮ መፂኡ እዩ። ካሊእ ሽዱሽተ ዓበይቲ ጎዳጉዲ ክኮዓቱ ምስ ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ ውዕሊ እንተተኣሰረ፤ ብዘጋጠመ ሕፅረት በጀት ክስራሕ ከምዘይከኣለ እዩ ብፈፀምቲ ኣካላት መብርሂ ተዋሂቡ።

ካሊእ ቀዋሚ ኮሚቴ መሰረተ ልምዓት ኣብ ቤት ማዘጋጃ ዘልዓሎ ዓብዩ ሓሳብ፤ መሓውር ፕላን ከተማ መቐለ ብዘይ ውሳነ ቤት ምኽሪ ተጣሒሱ ኣሎ። ሳምባ ከተማ ተባሂሉ ዝተዳለወ ሓምለዋይ ከባቢ ንውልቀ ሰባት እናተዓደለ ህንፃ ይስርሑሉ ኣሎ። እዚ ንምንታይ ናብ ስርዓት ዘይተእትውዎ? ዝብል ሕቶ ተላዒሉ። ነዚ ሕቶ ዝተውሃበ መብርሂ ድማ ኣብ ቤተክርስትያን እንዳጊዮርጊስ ዝነበረ ንግሕበራት ዝተዓደለ ሓምለዋይ ከባቢ ተገምጊሙ ክመዓራረ ተገይሩ እዩ። ኣብ ክፍላተ ከተማ ንሓምለዋይ ልምዓት ዝተገደፈ መሬት ውልቀ ሰባት ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ህንፃ ዝሰርሑ ክፈርስን ክውረስን ከምዝተገበረ ኣብቲ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ እዩ። ካሊእ ምስኡ ተተሓሒዙ ዝተልዓለ ቀዳማይን ካልኣይን ዙር ኣስፋልት እንተይተዛዘመ ሳልሳይ ዙር ንምንታይ ይፍሓር? እቶም ንፅርግያን ካልኦት መሰረተ ልምዓትን ዝኮዓቱ ቀልጢፎም ብዘይምስርሖም ሰባት እናተዓንቀፉ ይጉድኡ ኣለዉ ክብል ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ እውን ኣብ ወሰን ምኽባር (መስመር ኤሌክትሪክን ማይን) ተታሒዙ ፀገም ስለዘሎ ንሶም እንትዕረዩ ተመሊስካን ንስራሕ ተሓሳቢ ብምግባር እዩ እቲ ስራሕ ዝቕፅል ዘሎ። ክስርሑ ተኺዒቶም ዝዘንግዑ ግን ብምኽንያት ሕፅረት ነዳዲ እዩ። ቅድም ኢሉ ኣብ መዓልቲ ካብ 17 ክሳብ 25 ቦጥ ነዳዲ ዝኣቱ ዝነበረ ሕዚ ሓንቲ እያ ትኣቱ ዘላ። ስለዚ ብሕፅረት ነዳዲ ዓብዩ ዕንቅፋት ኮይኑ ከምዘሎ ቀሪቡ እዩ።

ካብዚ ቀፂሉ ገምጋም ዘቕረበ ቀዋሚ ኮሚቴ በጀትን ኦዲትን እዩ። እቲ ቀዋሚ ኮሚቴ ክስርሑ ዝተሓሰቡ መሰረተ ልምዓት ኣብ ቤት ምኽሪ ምስ ኣፅደቕካ ደሓር እንትመሓየሹ ንቤት ምኽሪ እንተይፍለጥካ ምስራሕ ኣግባብ ኣይኮነን ዝብል እዩ። ነዚ ዝተውሃበ መልሲ ድማ እቶም ንክስርሑ ዝተትሓዙ መሰረተ ልምዓታት ብሕፅረት በጀትን ነዳድን እንትቕንሱ ካብቶም ክስርሑ ዝተትሓዙ ውሱናት ፕሮጀክትታት ምምራፅ ኣድላዪ ነይሩ። እዚ ጉዳይ እቲ ኣማራፂ ንክፍላተ ከተማ እንትቐርብ ክፍላተ ከተማ ድማ "ካብዚ መደብ ነዚ ይስረሓልና" ኢለን ብዘቕረብኦ እዩ ተሰሪሑ። ኣብዚ እተን ክፍላተ ከተማ ምስ ኣብያተ ምኽሪ እናተናበብካን እናፍለጥካን ኣብ ምስራሕ ውሱን ክፍተት ከምዝነበረ ተገምጊሙ እዩ። ከምከተማ መቐለ ግን ጉባኤ ክንፅበ ጊዜ ከይነባኽን ምስ ቀወምቲ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ እናተረዳዳእኻ ተሰሪሑ እዩ ብዝብል እዩ ተገሊፁ።

ካብዚ ቀፂሉ ሓሳባቱ ዘቕረበ ቀዋሚ ኮሚቴ ሕግን ምምሕዳርን እዩ። እቲ ቀዋሚ ኮሚቴ ከተማ መቐለ ንምሕማስን ኣሸንዳ ከይበዓል ንምዝራግን ካብ ውሽጥን ደገን ዝተዋደዱ ሓይልታት ዕላምኦም ኣፈሺሉ ኣሸንዳን ካልኦት በዓላትን ብሰላም ክሓልፍ ምግባሩ ዝነኣድ ከምዝኾነ ገሊፁ እዩ። እዚ ዝኾነ እውን መሓውር ሰላምን ፀጥታን ጉጅለታት ፅንዓት፣ ምፅራይን ምልዕዓልን ወዲቡ ብዝሰርሖ እዩ። ፖሊስ ቅድም ኢሉ ኣብ ዘይስልጣኑ ነቲ ጉጅለ ክሕደት ክሕሽከር ንፈፃሚ ኣካልን ቤት ምኽርን ብምዕሻግ ከቢድ ወንጀል እናፈፀመ ዝመፀ እዩ። ሕዚ ግን ካብቲ ዝነበሮ ግጉይ ኣካይዳ ወፂኡ ናይማን ፖሊስ ክመስል ስለዝኽኣለ ተጠናኺሩ ክቕፅል ተሓቢሩ እዩ። እንተኾነ ግን ሕዚ እውን መናእሰይን ጉጅለታት ልምዓት ደቂ ኣንስትዮን እናወደብካ ከባቢኦም ውሑስ ሰላም ዘረጋግፅሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ክፍተት ኣሎ። ኣብ ፀጥታ ህዝቢ እንተዘየሳተፍካ ክንዲ ድላይካ ሓይሊ ፀጥታ እንተመደብካ ኣይፍታሕን። ከምኡ ስለዘይተገበረ ድማ ኣብ ማይ፣ መብራህትን ካልኦት መሰረተ ልምዓትን ጉድኣት ይበፅሕ ከምዘሎ ኣብቲ ጉባኤ ብዕምቆት ተገምጊሙ እዩ።

እቲ ካሊእ ዝተልዓለ ዓብዩ ኣጀንዳ ጉዳይ ስርቂ ዝምልከት ኮይኑ ኣብ ኩለን 33 ጣብያታት ከተማ መቐለ ስርቂ ምፍፃሙ ዘሎ ኩነታት ዝረኣየሉ ዛዕባ እዩ። ከምኡ እውን ኣብታ ከተማ ካብ ዝተፈፀሙ

ቤት ምኽርና ፍረ ሰማእታትና እዩ

832 ገበናት እቶም 372 ገበናት ዘይተትሓዙ ምኟኖም ዓብዩ ክፍተት ከምዝኾነ እዩ ገምጊሙ። ሕሉፍ ሓሊፉ ጭቡጥ ገበን ዝፈፀሙ እናሃለዉ ካብ ፀገም ኣካላት ፍትሒ ዝብገስ ዝተዓፀዉ መዛግብቲ ኣለዉ። ኣብ ክፍለ ከተማ ኩሓ ምምሕዳር ከተማ መቐለ 800 ካሬ መሬት ንኢንቨስትመንት ዓዲሉ እናሃለወ፤ 12,000 ካሬ መሬት ከምዝተወሃቦም ገይሮም መሬት ክወርሩን ህዝቢ ከመዛብሉን እንተለዉ ተሓታትነት ሕጊ ዘይምርግጋፁ ኣብ ኣካላት ፍትሒ ዘሎ ፀገም ቅንዕና ከምዝኾነ ተደምዲሙ እዩ። እዚ ድማ ገለ ኣባላት ፍትሕን ቤት ፍርድን ካብ ህዝባዊ ውግንና ወፂኦም ብምንባሮም ዝተፈጠረ ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ። እቲ ፀገም እዚ ጥራሕ ኣይነበረን። ትግራይ ንምሕማስ ካብ ማእኸል ሃገር ዝተልኣኹ ገበነኛታት ኢድ ብኢድ እንትተሓዙ ብዋሕስ ብምፍታሕ ገበነኛታት ካብ ተሓታትነት ሕጊ ዘምልጥሉ ኩነታት ነይሩ እዩ። ከምኡ እውን ብሽዱሽተ ነጥቢ ሸውዓተ ቢልዮን ብር ክስርሑ ዝተሓሰቡ መሰረተ ልምዓታት ብኣካላት ፍትሒ ንሽዱሽተ ወርሒ ኣጊዶም ከምዝፀንሑ ብኣብነት ቀሪቡ እዩ። ኩሎም ዝተልዓሉ ሓሳባት ትኽክል ኮይኖም ኣብ መንጎ ኣካላት ፍትሕን ፈፀምቲ ኣካላትን ዘሎ ዘይምርድዳእ ቤት ምኽሪ ዘማእኸሎ ዘተ ብምክያድ እቲ ዝነበረ ክፍተት ንምፅባብን ንምፍታሕን ከምዝስራሕ እዩ ተገሊፁ።

ቀፂሉ ገምጋም ዘቕረበ ቀዋሚ ኮሚቴ ጉዳይ ኢኮኖሚ እዩ። እቲ ቀዋሚ ኮሚቴ መደባት ደኣንት ብስትሪም ኮሚቴን ቴክኒካል ኮሚቴን ብዝግባእ እናገምገምካ ኣብ ምስራሕ ክፍተት ከምዘሎ እዩ ኣቕሪቡ። ብፍላይ ዕድል ስራሕ ክፈጥረሎምን ሃፍቲ ኣዋህሊሎም ክሰጋገሩን ተባሂሎም ዝዕደሉ ሼዳት እቲ ደኣንት ዘይኮነስ ሃፍታም ተኻርዩ ይጥቀመሉም ከምዘሎ ብዝርዝር ቀሪቡ እዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓሙሽተ ዓመት ዝተወሃበ መስርሕን መሸጥን ቦታ እቲ ዝሰጋገር እናሰጋገርካ ነቲ ሓዱሽ እናተካእኻ ኣብ ምኻድ ሰፊሕ ክፍተት ከምዘሎ ብዝርዝር ተራእዩ እዩ። ከምኡ እውን እቲ ለውጢ ኣምፂኡ ዘይሰጋገር ደጊፍካ ክሰጋገር ብምግባር ንካልኦት ወገናት ዕድል ስራሕ ከምዘይፈጠር እዩ ተገምጊሙ። ብፍላይ ድማ ጊዜያዊ መስርሕን መሸጥን ናብ ቀዋሚ ቀይሮም ዝሰርሑ ኣካላት ናብ ስርዓትን ሕጋዊ ኣሰራርሓን ክኣትዉ ብጥብቂ ኣተሓሳሲቡ ኣሎ።

እዚ ዛዕባ ብተግባር ኣብ ባይታ ዘሎን ንምእራም ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ ብዝምልከቶም ኣብያተ ዕዮ መልሲ ተዋሂብሉ እዩ። ኣብ ቴክኒካል ኮሚቴን ስትሪም ኮሚቴን ዘሎ ምቁርራፅ ተሰጣጢምካ ክምላእ እናተገበረ እዩ። ኣብ ሼዳትን ጊዜያዊ መስርሕን መሸጥን ቦታ ዘሎ ፀገም ብጣዕሚ ሰፊሕ ከምዝኾነ እዩ ተሓቢሩ። ምስቲ ዘሎ ዘይምዕሩይ ፖለቲካ ይፅናሕ ስለዝተብሃለ እዩ እምበር ካብ 2016 ዓ/ም ጀሚሩ ሕድሕድ ተፅኒዑ እዩ። ንጊዜያዊ መስርሒ ዝተወሃበ ቦታ ተጨውዩ ከምሕጋዊ ትሕዝቶ ተወሲዱ ልቓሕ ዝወፀሉ፣ ህንፀት ዝካየደሉ ብዙሕ እዩ። ኣብ ፍትሓውነት ምሕደራ እውን ሰፊሕ ፀገም ኣሎ። ንሓሙሽተ ዓመት ሰሪሖም ንካልኦት መናእሰይ ዕድል ስራሕ ክፍጠረሉ ክለቁ ዝግበኦም ን15 ዓመት ዝኣክል እናካረዩ ዝጥቀሙ ኣለዉ። እዚ ብዝተፀነዐ መንገዲ ክመሓደርን ስጉምቲ ክውሰድን ኣብ ምድላው ከምዘሎ እዩ ተገሊፁ።

ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ንሕድሕድ ዘፅደቖም መደባት ኣፈፃፅማኦም እንታይ ከምዝመስል ብቀወምቲ ኮሚቴ ጥራሕ ዘይኮነስ ብተራ ኣባል ቤት ምኽሪ እውን በቢከባቢኡ እዩ ፈተሻ ዝገብር። ብመንፅር ዝረኸቦ ሓበሬታ ኣብ ቤት ምኽሪ ኣጀንዳ እናገበረ ተዛትዩ ይውስን። እዚ ተጠናኺሩ እንተቐፂሉ ድማ ፈፃሚ ኣካል ፅፍሩ ከሊኡ ብምስራሕ ጠለብ ህዝብና ንክማላእ ክገብር እዩ። ዝለዓለ ዓቕሚ ከምዘለዎ ድማ ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ብሄራዊ ክሕደት ንዝፈፀመ ጉጅለ ብተግባር ተቓሊሱ ህልውናኡ ኣረጋጊፁ እዩ። እዚ እውን ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ንምብታን ንዕኡ ዘፈፅም ከንቲባ፤ እቲ ዝኸሓደ ጉጅለ መዲቡ ነይሩ። ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ድማ ዘይኣምነሉ መሪሕነት ብክልል ተመዲቡ እንትመፆ ንጊዜኡ እዩ ነፂግዎ። ድሕሪኡ እቲ ቤት ምኽሪ ተኣኪቡ ከይውስን ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ መአከቢ ኣዳራሹ ብፖሊስ እንትዕሸግ፤ ኣብ ሆቴላት እናተኣከበ ብተሪር ቃልሱ ህልውናኡን ህልውና ካልኦት ኣብያተ ምኽሪ ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ኣረጋጊፁ እዩ።

እቲ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ብምፍራስ ብሓፂር ደወል ኣብያተ ምኽሪ ክፍላተ ከተማ ኣፍሪሱ ብቀጥታ ኣብ ካልኦት ከተማታትን ወረዳታትን ዘለዋ ኣብያተ ምኽሪ ንምፍራስ ዓሊሙ ይንቀሳቐስ ከምዝነበረ ይዝከር። ብብርኪ ሃገር ምስተን ናይ ትግራይ መረፃ ዝተኻየደለን ኣብያተ ምኽሪ "ሕጋውያን እየን ይቐፅላ" እንትበሃል፤ እቲ ዝኸሓደ ጉጅለ ግን "ኣብያተ ምኽሪ ትግራይ ጊዜአን ስለዝሓለፈን ሕጋውያን ኣይኮናን" ብምባል ንክፍርሰን ዘይፈንቀሎ እምኒ ኣይነበረን። እዚ ድማ ትግራይ ዝቖፃፀር ህዝባዊ ኣካል ዘይብላ ብምግባር ብቐሊሉ ናብ መቑሕ ብልፅግና ንምእታው ዝዓለመ ምኳኑ ግልፂ እዩ። ኮይኑ ግና ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ተሪሩ ብምቅላስ ነዚ እኩይ ዕላማ ክመክን ገይሩዎ እዩ። ስለዚ እዚ ዱልዱል ዓቕሚ ዘለዎ ቤት ምኽሪ እቲ ዘለዎ ጥንካረ ዓቂቡ ጠለባትን ሕቶታትን ልምዓት ህዝብና ብኣግባቡ ንክምለሱ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ኣጠናኺሩ ክቕፅሉ ይግባእ።



ድምቀት ንመበል 50 ዓመት ልደት ጋዜጣ ወይን!

## እንግዶት

# “ህዝቢ ትግራይ፤ ብዓመፅን ዕግርግርን ዝፍታሕ ስረ የብሉን።”

## “ወይን መወየኒት፣ ወያናይ ስነ-ምግባርን ባህርን ክንላበስ ትገብር ነይራ፤”

ካልኣይን መወዳእታን ክፉል

**ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ነጋሽ (ወዲ መድህን)**

*ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ቑፅሪ 1076 መደብ እንግዶት ተጋዳላይ ሜ/ጀነራል ብርሃነ ነጋሽ /ወዲመድህን/ ብፍሉይ ምስ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት ሐዚ ዘለናሉ ጭቡጥ ኩነታይ እንታይ ይመስል? ስርዓት ብልፅግና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀም ዘሎ ፅንተት ብኸመይ መንገዲ ክንምክቶ ንኽእል? ህልው ኩነታት ህዝቢ ትግራይን መዋፂኦናን፣ ኣብ ዝብሉን ካልኦት ትሕዝቶታት ሒዝና ምቕራብና ዝዝከር እዩ። ንሎሚ ድማ ልኣላውነት ትግራይ ንኽረጋገፅ ግዝያዊ ምምሕዳር፣ ውድብ ህወሓት፣ ሰራዊት ትግራይን ካልኦት ሓይልታትን ከመይ ተዋዲዶም ይሰርሑ ኣለው? ካብ ማእኸል ሃገር ዝስማዕ ዘሎ ኣዋጅ ፅንተት ከም ህዝቢ ከመይ ክንምክቶ ይግባእ? ከመይ ዓይነት ስነ ልቦናዊ ምድላው ከ የድልየና? ውሽጣውን ደጋውን ኩነታትና፣ ስነ-ልቦናዊ ምድላው ሓይልታት መኸተ ዝርከበሉ ቁመና እንታይ ይመስል? ኣብ ዝብሉን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪትና ምስ ተጋዳላይ ሜ/ጀነራል ብርሃነ ነጋሽ /ወዲመድህን/ ዘካየድናዮ ቃለ መሕትት ካልኣይ ክፉሉ ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ!*

**ወይን፦ ህዝቢ ትግራይ ምስ ጎረባብትና “ሰላም የድልየና እዩ” ብዝብል ዝጀመሮ ርክብ ሰዒቡ “ክነጥፈኦኩም ኢና” ዝብሉ መጠንቀቕታትን ፈኸራታትን ተደጋጊሙ ይስማዕ ኣሎ። እዚ ብተደጋጋሚ ካብ ማእኸል ሃገር ዝስማዕ ዘሎ ኣዋጅ ፅንተት ከምህዝቢ ከመይ ክንምክቶ ይግባእ? ከመይ ዓይነት ስነ ልቦናዊ ምድላው ከ የድልየና?**

**ተጋዳላይ ብርሃን ነጋሽ፦** ህዝቢ ትግራይ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታት ዝገብሮ ዘሎ ርክብ፣ ማለት እቲ ፅምዶ ዝብል ምንቅስቓስ ምቅዋም፣ ከምዓብዪ ጌጋ ወሲድካ ምፍርራሕን ምፅላምን ብጣዕሚ ዘሐፍር እዩ። ባዕሎም ምስመን ተፀሚዶም ዘለዉ ምኻኖም ዘይፈልጡ ሰባት ብዛዕባ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ እንትዛረቡ ምርኣይን ምስማዕን ንዓርሰይ ይገርመኒ እዩ። እቲ ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ዝዓደመ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ። ተዓዲሞም ዝመፁ ድማ ብዙሓት እዮም። እዚ መንግስቲ እዚ ፅንተት ዝዓደመን ዝመርሐን ኣያኦም ኮይኑ ከምዝለመደ እንስሳ ተፀጊዖም ምስኡ እናሰርሑ ብዛዕባ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ምስጎረባብቲ ዓድታት የሕምሞም። ሓድሓደ ግዜ እኮ ሕፍረት የድሊ እዩ። ፀረ ትግራይ ይወፍሩን ይዛረቡን ንትግራይ ከድሕን ዝኽእል ርክብን ሰላም ምድላይን ድማ ይቋወሙ።

እዞም ኣካላት ካልእ ተቓውሞ ኣይብሎምን ንትግራይ ዘድሕን መንገዲ እንተሪኦም እዮም ዝቋወምዎ። ምስስርዓት ብልፅግና ኮይንኻ ምስህዝቢ ሱዳን፣ ኣምሓራን ኤርትራን ዝግበር ርክብ ብኸመይ ይፅላእ? ክሳብ ሐዚ ህዝቢ ንህዝቢ እዩ ዘሎ። እቲ ርክብ ዋላ ውድብ ምስውድብ እንተዝግበር እውን ክቋወምዎ ሞራል ኣይብሎምን። እንኳን ከፈራርሑና ክዛረብዎ እውን መሕፈሪ እዩ። ንሕና ንጋደል ኢና ዘለና። ተጋደልቲ ኢና ተጋደልቲ ድማ መወፃዕኦና ሪኢና ምስዝመሰለና ክንሓብር ግቡእ እዩ። ገሊኦም ምሳና እናሃለዉ ነቲ ፅምዶ ዝደልይዎ ዝነበሩ ሰባት እዮም። ገሊኦም ድማ ቀደም ተጋደልቲ እናሃለና ኣብቲ ፅምዶ ተዋሳእቲ ዝነበሩ እዮም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ንሶም ኣዲስ ኣበባ ኮፍ ስለዝበሉ ወይ ንሶም ኣብ ዳያስፖራ ስለዘለዉ ኣብ ትግራይ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ዙርይኡ ምስ ዘለዉ ጎረባብቲ

ህዝቢ ሰላም እንትደሊ፣ ምትሕብባር እንትፈጥር ገበን ዝኾነሉ ምኽንያት ጌጋ እዩ። እዚ እንሰምዖ ነገር ሰጋእ መጋእ ከብለና ኣይግበእን። ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘኽፍእ ኣይኮነን። ኣብ ፀበባ፣ ኣብ ዕፅዋን ፀገምን ኢና ዘለና። ፀገም ዘብፅሐልና ብምሉኡ ተቐይምና ንሶም ግና ፈተውቲ ኮይኖም ምስኡ ደቂሶም “ተዓፂኹም ኮፍ በሉ” ክብሉና ኣይኽእሉን። ይትረፍ ብቐረባ ምስዘለዉ ጎረባብተና ኣብ ሩሑቕ ምስዝነብሩ ህዝብታት እውን ርክብ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ኩናት ኣይኮናን ዓዲምና ሰላም ኢና ንደሊ ዘለና።

**ወይን፦ ከምዝፍለጥ ዉዕሊ ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ራብዓይ ዓመቱ ኣቑፂሩ ኣሎ። ብምኽንያት እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ጆኖሳይዳዊ ኲናት ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉ ወገናት ሐዚ እዉን ሓምሻይ ዓመቶም ኣብ ከቢድን ዘተሓሳስብን ፀገም ይርከቡ። ቀንዲ ተሓታቲ እዚ ጥፍኣት መን እዩ ትብል? ነዚ ጉዳይ ማሕበረሰብ ዓለም ዝህቦ ዘሎ ጠመተ ከመይ ትግምግሞ? ብኻልእ ገፅ “ፌደራል መንግስቲ ግዝኣትና ወይ ድማ መሬትና ብሰላም ንምምላስ ድልየት የብሉን” ዝብሉ ወገናት እውን ብዙሓት እዮም። ናይዚ ብሄራዊ ሕቶ ናይ መወዳእታ መፍትሒ እንታይ እዩ?**

**ተጋዳላይ ብርሃን ነጋሽ፦** ምሳና ውዕሊ ፕሪቲርያ ዝፈረመ ፌደራል መንግስቲ እዩ። ብወገን ትግራይ እቲ ሓይሊ መኸተ ኩሉሻዕ ብሰላማዊ መንገዲ “ውዕሊ ፕሪቶርያ ተግባራዊ ይኹን” እናበለ ሓደ እዋን እውን ከይደቀሰ ይፅውዕ ኣሎ። እቲ ዋና ተሓታቲ ዝኸውን ዘሎ እቲ ምሳና ውዕሊ ዝፈረመ ፌደራል መንግስቲ እዩ። እዚ መንግስቲ እዚ ውዕሊ ፕሪቶርያ ተግባራዊ ክገብር ተበግሶ ኣይብሉን። ሐዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ከምፀላኢ እዩ ዝቖፀር ዘሎ። ስለዚ ኣብኡ እናሃለዉ ዓምፂፅና ነዳኽሞ እምበር መሬቱን ዝተመዛበለ ህዝቡን እንትመሊስናዮ ከምብሓዱሽ ክጠናኸር እዩ ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ ስለዘለዎም ውዕሊ ፕሪቶርያ ተግባራዊ ክገብሩ ድልየት የለን።

ብመሰረት እዚ ኣብዚ ተሓታቲ መን እዩ? ዝብል ቀንዲ ተሓታቲ ፌደራል መንግስቲ እዩ። ብኻልኣይ ዝስርዑ ድማ እቶም ዘወዓዓሉናን ዘፈራረሙናን ማሕበረሰብ ዓለም ኣብዚ ጉዳይ ተሓተቲ እዮም። ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ዝዛረቡ ብፆትን ውድብ ህወሓትን ድማ “ውዕሊ ፕሪቶርያ ተግባራዊ ይኹን፤ ዘፈራረምኩምና ኣካላት እቲ ዘተ ክቕፅል ግበሩልና” ዝብል ደብዳቤ ብዙሕ እዩ ዝለኣኽ። ንሶም እውን ተበግሶን ድልየትን የብሎምን። ሳልሳይ ተሓታቲ ክኸውን እንተኾይኑ ኣብቲ ናይ መጀመርያ እዋን ተግባራዊ ኣብ ምግባር እንታይ ፀገማት ነይሩ ኢልካ እቲ ሓይሊ መኸተ ዝህልዎ ጌጋ እንተሃልዩ ምፍታሽ ይከኣል እዩ። ንሱ እንተፀርዩን መረዳእታ እንተልዩን ዝሕተት ሰብ ክህሉ ይኽእል። ኣነ ግን ንሱ ኣይመስለንን። እቲ ዋና ነገር ክዕንቀፍ እውን ይድለ ስለዝነበረ ፌደራል መንግስቲ እዩ ቀንዲ ተሓታቲ ዝብል ኣረኣእያ ኣለኒ።

እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ሐዚ መፍትሒኡ እንታይ እዩ? ዝብል ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅክዎ ህዝቢ ትግራይ ተወሪሩ፤ መሬቱ ኣብ ትሕቲ ፀላእቲ ኣትዩ ዘይናቱ ስም እናተውሃቦ ስቕ ኢሉ ዝነብር ኣይመስለንን። ደፊኦም ደፊኦም ናብ ዘይኮነ ነገር የእትውዎ ኣለዉ። ኣብዚ እንተለበሙን እንተሓሰቡን ፅቡቕ እዩ። ዘይሩ ዘይሩ ግና ክብሎ ዝደሊ ስቕ ኢሉ ኢዱ ሂቡ ዝነብር ህዝቢ የለን። ህዝቢ ትግራይ ዓቕላም፣ ብዙሕ ተሞክሮ ቃልሲ ዘለዎ፣ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ ጠንካራ ሃገርን ስርዓትን ዝሃነፀ እዩ። ኣብ መወዳእታ ብረታዊ ቃልሲ 17 ዓመት ክትበታተን ኢላ ዝነበረት ሃገር፣ ሃገር ዝገበረ። ሕገ መንግስቲ ክፍጠር፣ ስርዓት ክህሉ ዝገበረ ታንክን መድፍዕን ሒዙ ዝኣተወ እንተይኮነስ ኣተሓሳስባ ልምዓታዊ መንግስቲ ሒዙ ዝኸደ ህዝብን ውድብን እዩ ዘሎ ኣብ ትግራይ። በዚ እውን ተኣምራዊ ለውጢ እናተብሃለ ብብርኪ ዓለም ዝዝረበሉ ለውጢ ኣመዝጊቡ እዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን በቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት “ኪዱልና፣ ውፁልና” ክበሃል ዝግብኦ ህዝቢ ኣይኮነን። ብመስኮት ኣይኮነን ኣትዩ። ዘይኸፈት በሪ ጥሒሱ ዝኣተወ፣ ከምኡ እውን ክፈርሱን ክንፀሉን ኢሎም ዝነበሩ ገለ ገለ ብሄርን ብሄረሰባትን ሓደ ዝገበረ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን እዩ። ስለዚ ሐዚ እቲ ዘጋጠሞ ግፍዕን መከራን፤ ዘጋጥም ዘሎ ሽግርን ፀበባን ከምቲ ናይ ቀደም ብሓደ ድዩ ክነብር ሃገር ክምስርት ናይ ህዝቢ ትግራይ ውሳነ ይኸውን። ብናተይ ኣረኣእያ ግና ድሕሪ ሐዚ ገፊሕ ዕዳጋ፣ ብዙሕ ህዝቢ፣ ፀቢብነት ገለመለ እናበልና ክንውድቦን ክነለዓዕሎን ዘለና ህዝቢ ዘሎ ኣይመስለንን።

ብመሰረት እዚ ብናተይ ኣረኣእያ ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ሐዚ መሰል ዓርሰ ውሳነኡ ከረጋግፅ ክኽእል ኣለዎ። ናይ ባዕሉ መሰል ዓርሰ ውሳነ ከረጋግፅ ግን ብመስኮት ዝወፅእ ኣይኮነን። ስርዓት፣ ሕገ መንግስትን ቃልስን ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ። “ኪዱልና ውፁልና” ዝበሃል ኣይኮነን። ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ እንተልዩ ጌጋ እዩ። ብፅሒትና ፈሊጥና፤ ድምፂ ህዝቢ ኣኽቢርና ንኸይድን ብስርዓት እንጓዓዝን ሰባት ኢና ክንከውን። እቲ እንኮ መንገዲ እቲ ህዝቢ ተመያይጡ ዘፅደቖ ሕገ- መንግስቲ መሰረት ብምግባር ብስርዓት ምውፃእ እዩ ኮይኑ ዝስመዐኒ። ብመስኮት ኣይኣተናን ብመስኮት ኣይንወፅእን። ብበሪ ኢና ኣቲና ብበሪ ድማ ንወፅእ!!

**ወይን፦ ውሽጣውን ደጋውን ኩነታትና፣ ስነ ልቦናዊ ምድላው ሓይልታት መኸተ ዝርከብሉ ቁመና ብዝምልከት ከመይ ኣለና? ከምተጋሩ ኸ እንታይ ሓንሳብ? ንሓዋሩን ካብ ከምዚ ዝበለ ሓደገኛ ፈተና ክንወፅእ እንታይ ክንገብር ይግበኣና?**

**ተጋዳላይ ብርሃን ነጋሽ፦** ሰራዊት ትግራይ መሰረቱ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ኣብቲ ህዝቢ ዘሎ ጠንካራ ስነልቦና ብቕጥታ ነቲ ሰራዊት እዩ ዝፀልዎ። ምኽንያቱ ካብ ጓዳ ህዝቢ ትግራይ ዝወፀ ስለዝኾነ። ስለዚ እቲ ዋና ኣብቲ ህዝቢ ዘሎ ስነልቦና እዩ ክረአ ዘለዎ። ህዝቢ ትግራይ ብከባቢነት ዝሓስብ፣ ብሃይማኖት ዝከፋፈል፣ ብገንዘብ ዝድለል ኣይኮነን። በቶም ዝሓለፉ ቃልስታት ብጣዕሚ ረዚን ታሪኽ ዘለዎ ሓደ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ እዩ። ሐዚ ሓደ ሓደ ሰባት ኣባላት ህወሓት 700 ሽሕ፤ 500 ሽሕ እዮም ኢሉ ኣብ ቑፅሪ ዝተመስረተ ሃለዋት ከምዘለዎ ይገልፁ። ህዝቢ ትግራይ፣ “ኣባል ህወሓት እየ” ኣይኮነን ዝብል “ህወሓት ናይ ህዝቢ ትግራይ እያ” እዩ ዝብል።

ኣባል ህወሓት እቲ ዝተመዝገበ ጥራሕ ኣይኮነን፣ ንፍሲ ወከፍ ገዛ ኣጋዲሉ እዩ። ንህወሓት እንተደገፈ ድማ ዘኽፍእ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ህወሓት መስመር ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ ህወሓት ዘሎ ደርገፍገፍን ፀገምን ክፍታሕ እምበር ክጠፍእ ዝደሊ ህዝቢ ኣይኮነን። እዚ ስለዝኾነ እዩ ኣብ ጠንካራ መሰረት ዝተሃነፀ ስርዓት ዝገብሮ። ስለዚ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር



ንድሕነት ህወሓት ኣብ ዝግበር ቃልሲ እትረባረብ ጋዜጣ ወይን!

## ግምባር ጥዕና

**ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ**

# ጥዕይቲ ኣደ፣ ጥዑይ ወለዶ!!

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ስርዓት ጥዕና ትግራይ ብምዕናዉ ቅድሚ 22 ዓመት ናብ ዝነበሮ ትሑት ብርኪ ክምለስ ተገይሩ እዩ። ብምኽንያት እዚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ብሕፀረት ግንዛበ፣ ክፍተት ስርዓት ክትትልን እታዎታት ግልጋሎት ሕክምናን ብርክት ዝበላ ኣዴታት ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ንሓደጋ ሞትን ሕማምን ተቓሊዐን ይርከባ። ቅድሚ እቲ ኲናት ተበፃሕነት ክትትል ቅድመ ወሊድ ኣዴታት 90 ሚእታዊ፣ ድሕሪ ወሊድ 89 ሚኢታዊ ብዋናነት ድማ ግልጋሎት ወሊድ ኣብ ትካላት ጥዕና ብዝሰልጠነ በዓል ሞያ 85 ሚኢታዊ በፂሑ ነይሩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ኣዴታት ዝበፅሕ ዝነበረ ሞት ብዝሓሸ መልቀዑ ክቕንስ ኣኺኢሉ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ 2007 ዓ.ም ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ኣዴታት ብማእኸላይ እተን 422 ንሓደጋ ሞት ዝቃልዓ ዝነበራ እንትኾና ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ.ም ግና ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ኣዴታት ናብ 186 ክቕንስ ክኢሉ ነይሩ። ከምኡ እውን ሽፋን ጥዕና ክታበት ህፃናት እንትንርኢ ካብ ትሽዓተ ወርሒ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ዘሎ ክሊ ዕድመ ምሉእ ክታበት ኣብ ምውሳድ ኣብ 2012 ዓ/ም 92 ሚኢታዊ ምብፅሑ ሞት ህፃናት ትሕቲ ሓደ ዓመት ካብ ሓደ ሽሕ ህፃናት ትሽዓተ በፂሑ ከምዝነበረ ካብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዝረኸብናዮ መረዳእታ የመላኽት።
ድሕሪ ስምምዕ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተረኸበ ውሱን ሃዋህው ሰላም ኣብ ዳግመ ህንፀት ስርዓት ጥዕና ትግራይ ትኹረት ተዋሂብዎም እናተሰርሑ ፀኒሖምን ኣለዉን። ብዋናነት ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ናብ ንቡር ንምምላስን ካብቲ ዝነበሮ ንላዕሊ ንምግባርን ቀንዲ ዕማም እቲ ቢሮ እዩ። ብመሰረት እዚ በቢዓመቱ ኣብ ወርሒ ጥሪ ዝኽበር “ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ” ምኽንያት ብምግባር ኣብ ምርግጋፅ ጥዕናን ምቕናስ ሞትን ኣዴታትን ህፃናትን ትኹረት ዝገበሩ ስራሕቲ ምልዕዓልን ግንዛበ ምፍጣር ምዃኖም ኣብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኪኢላ ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ሲስተር ትርሓስ ኣስመላሽ ትገልፅ።

በቢዓመቱ ካብ ሓደ ክሳብ 30 ጥሪ ብሽም “ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ” ዝኽበረሉ ቀንዲ ምኽንያት ወርሒ ጥሪ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ዝምርዐዋሉን ዝጠንሳሉን እዋን ብምዃኑ እዩ። ጥንሲ እንተሃልዩ ድማ ምውላድ ኣሎ። ምስወሊድ ተተሓሒዙ ዘጋጥም ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ንምቕናስ ዘኽእሉ ስራሕቲ ንምስራሕ ድማ ከምመለዓዓሊ ንምጥቃም ወርሒ ጥሪ “ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ” እናተብሃለ ይፅዋዕ። ወርሒ ጥዕዕቲ ኣዶ ኣብ 2018 ዓ/ም ብብርኪ ዓለም ንመበል 22 ግዜ ከምትግራይ ድማ ንመበል 12 ግዜ “ጥዕና ኣዴታት ንምርግጋፅ ናይ ኩልና ኣበርክቶ ወሳኒ እዩ!” ብዝብል መሪሕ ቴማ እናተኽበረ ፀኒሑን ኣሎን። ናይዚ ዕላማ ኣብ ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታት ዝሕግዙ ዝነበሩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ካልኦትን እናቖነሱ ብምምፅኦም ውሽጣዊ ቁጠባዊ ዓቕምና ብምጥንኻር ባዕልና ንባዕልና እንተሓጋገዘሉ መስርሕ ንምጉልባት ዝዓለመ ቴማ እዩ። እዚ ቅዱስ ዕላማ ኣብ ወርሒ ጥሪ ጥራሕ ተተግቢሩ ዝሓልፍ እንተይኮነስ “ወርሒ ጥዕይቲ ኣዶ” ከምመለዓዓሊ ብምጥቃም ዓመት ምሉእ ብትኹረት ክስርሐሉ ዝግባእ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ብመሰረት እዚ ኣዴታት ትግራይ ኩለመዳይ ግልጋሎት ሕልምና ብነፃ ክረኽባ፣ ጥዕነአን ክሕልዋን ጥዕንኡ ዝተሓለወ ውላድ ክረኽባን ንምግባር ዝተወደበን ዝተጠናኸረን ህዝባዊ ድጋፍ የድሊ።

ከምዝፍለጥ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ብዙሓት ትካላት ጥዕና ዓንዮምን ተጓሒሎምን እዮም። ብፍላይ ኣብቲ እዋን ኲናት ኣዴታት ፈቖዶ በዓቲ ክወልዳ ተገዲደን እየን።ኣብዚ ሐዚ እዋን እውን ስርዓት ጥዕና ትግራይ ናብ ንቡር ብዘይምምላሱ፤ ቅድሚ እቲ ፅንተት ይሰርሑ ብዝነበሩ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ግንዛበ ምዕባይን ክትትልን ናብ ዝተሓተ ብርኪ ወሪዱ እዩ። ብምኽንያት እዚ ኣዴታት ምጣነ ስድራ ኣብ ምጥቃም፣ ናብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ክትትል ኣብ ምግባር፣ ብበዓል ሞያ ዝተሓገዘ ግልጋሎት ወሊድ ኣብ ምርካብን ድሕረ ወሊድ እውን ክትትል ኣብ ምግባርን ዘይተፈትሑ ፀገማት ጥዕና ኣዴታት ኣለዉ። ኤጀንሲ መፅናዕቲ ስታቲክስ ትግራይ፣ ምርምር ጥዕና ትግራይን ዩንቨርስቲ መቐለን ድሕሪ እቲ ኲናት ኣብ መወዳእታ ዓመት 2014 ዓ/ም ብዝገበርዎ ዳህሳስ ካብ 100,000 ኣዴታት እተን 840 ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ከምዝሞታ ዝገበርዎ ፅንዓት ሓደ ዓብዪ መረዳእታ እዩ። እቲ መፅናዕቲ ቅድሚ 2012 ዓ/ም ምስዝነበረ ሞት ኣዴታት እንትነፃፀር ብሓሙሽተ ዕፅፊ ከምዝወሰኸን ብብርኪ ዓለም ኣብ ውሽጢ ኲናት ኣብ ዘለዋ ሃገራት ዘሎ ሞት ኣዴታት እቲ ዝኸፍአ ምዃኑን የመላኽት።

ኣብ ትግራይ ሐዚ ዘጋጥም ዘሎ ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ብዝምልከት ብንፁር ዝተገበረ ሓዱሽ መፅናዕቲ እኳ እንተዘይሃለወ ካብ ትካላት ጥዕና ብዝመፁ ፀብፃባት ሐዚ እውን ኣብ ሓደጋ ከምዘለና ዘመላኽቱ እዮም። ንኣብነት፣ ኣብ 2017 ዓ/ም ከምትግራይ 186 ኣዴታት ምስጥንስን ሕርስን ብዝተተሓሓዘ ንሓደጋ ሞት ተቓሊዐን እየን።ካብ ሓምለ 2017 ዓ/ም ክሳብ 30 ታሕሳስ 2018 ዓ/ም ኣብ ዘለዋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ድማ ልዕሊ 60 ኣዴታት ኣብ እዋን ወሊድ ህይወተን ስኢነን። ካብዚኣን እተን 50 ሚኢታዊ ኣብ ገዛ እንትወልዳ ንሞት ዝተቓልዓ እንትኾና እተን ካልኦት ድማ ብሰንኪ ዘንጊዐን ናብ ትካላት ጥዕና ምኻደን፣ ሕፅረት ቀረብ መድሓኒትን ደምን ጠንቂ ሞት ኣዴታት እናኾነ እዩ። ካብዚ መረዳእታ ምግንዛብ ከምዝከኣል ምስቲዘሎ ትሑት ሰንሰለታዊ ርክብ ብርክት ዝበላ ኣዴታት ኣብ ገዘአን ዝወልዳን ንሓደጋ ሞት ዝቃልዓን ከምዝህልዋን ንምግማቱ ዘፀግም ኣይኮነን። ኣብ ትካላት ጥዕና ብሰብ ሞያ ዝተደገፈ ወሊድ ቅድሚ እቲ ኲናት ልዕሊ 86 ሚኢታዊ ዝነበረ እንትኸውን ሐዚ ግና ትሕቲ 68 ሚኢታዊ እዩ ዘሎ። ስለዚ ልዕሊ 32 ሚኢታዊ ኣዴታት ኣብ ገዛ ይወልዳ ከምዘለዋን ሐዚ እውን ብርክት ዝበሉ ዘይተሰገሩ ፀገማት ከምዘለዉን ዘመላኽት ምዃኑ ሲስተር ትርሓስ ተረድእ።
ኣብዚ ሐዚ እዋን ብቕጥታን ብተዘዋዋርን ንሞት ኣዴታት ምኽንያት ዝኾኑ ፀገማት ኣለዉ። ብዋናነት ኣብ ድሕሪ ወሊድ ዘጋጥም መድመይቲ ወይ ምፍሳስ ደም ንሓደጋ ሞት ኣዴታት እቲ ብቐጥታ ዘቃልዕ ዘሎ ሓደጋ እንትኸውን ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ድማ ይሕዝ። ኣዴታት ድሕሪ ምውላደን ዘለዋ ናይ መጀመርታ 24 ሰዓታት ኣብ ህልውና ኣዴታት ወሰንቲ እየን።ምኽንያቱም ሓንቲ ኣዶ ድሕሪ ወሊድ ደም እንተፈሲስዋ ደማ ወዲኣ ኣብ ውሽጢ ዉሱናት ሰዓታት ህይወታ ክትስእን ትኽእል። ስለዚ ኣዶ ድሕሪ ምውላዳ ን24 ሰዓታት ዝኣክል ኣብ ትካላት ጥዕና ፀኒሓ ንባዕላን ውላዳን ተዳህሲሳ ጥዕይቲ ምዃና ተረጋጊፁ እዩ ናብ ገዛኣ ክትከይድ ዘለዋ። እቲ ካልእ ዕጉት ሕርሲ እንተጋጥም ዝፍጠር ሓደጋ እዩ። ዕጉት ሕርሲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክመፅእ ዝኽእል እንትኸውን፤ ርእሲ ዕሸል ካብ መጠን ንላዕሊ ምዕባይ፣ ጉሎ ኣደ ምፅባብ፣ ኣቀማምጣ እቲ ዕሸል ካብ ንቡር ወፃኢ እንትኸውን ይፍጠር። ከምዚ ዓይነት ፀገም እንተሃልዩን ኣብ ጥዕና ትካል እንተኾይናን ኩነታት ጥዕና እቲ ዕሸል ተራእዩ መፍትሒ ዝናደየሉ ኩነታት ይህሉ።ኣብ ገዝኣ እንተደኣ ኮይነን ግና “ሐዚ ትወልድ ፀኒሓ ትወልድ” እናተብሃለ ዝፍጠር ምዝንጋዕ ንሞትን ሕማምን ከቃልዓ ይኽእል።

እቲ ሳልሳይ ብቕጥታ ንሞት ኣዴታት ምኽንያት ዝኸውን ዘሎ ልዑል ፀቕጢ ደም እዩ። ኣዶ ኣብ እዋን ጥንሲ ዘይፈለጠቶ ልዑል ፀቕጢ ደም እንድሕር ነይርዋ ኮይኑ ኣብ እዋን ወሊድ ናብ ዝኸበደ ብርኪ ክትበፅሕን ንሓደጋ ሞት ክትቃላዕን ትኽእል እያ። ስለዚ ቅድሚ ምጥናሳን ገና ንምጥናስ እንተትሓስብን ግቡእ ምርመራ ክትገብር ከምዘለዋ ይምከር። እቲ ራብዓይ ሕማም ረኽሲ እንትኸውን ኣብ ሞት ኣዴታት ልዑል ፅልዋ ኣለዎ። ኣብ ገዛን ኣብ መንገድን እንተትወልድ ፅርየት ብዘይብሉ፤ ብሰብ ሞያ ዘይተደገፈ ስለዝኸውን ንረሽሲ ክትቃላዕ ትኽእል። ሓምሻይ ድማ ምንፃል ጥንሲ ዘስዕቦ ሞት ኣዴታት ኣሎ። ብርክት ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘይዕድሚኣን ከምኡ እውን ክወልድኦ ኣብ ዘይሓሰባሉ እዋን ዘጋጥመን ዘይተደለየ ጥንሲ ከይፍለጠለን ክብላ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ጥንሲ ክሰዳ ይረኣያ እየን። እዚ ድማ ንሕማምን ሞትን ኣዴታት ዝለዓለ ብፅሒት ኣለዎ። እዞም ሓሙሽተ ምኽንያታት ብቕጥታ ምስጥንስን ሕርስን ተተሓሒዞም ሓደጋ ሞት ዘብፅሑ እዮም። ስለዚ ዝለዓለ ክትትል የድልዮም።

ካብዚ ብተወሳኺ ከምሕማም ሸኮር፣ ቲቢ፣ ኤች ኣይቪ ኤድስን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሕማማት እንትህልዋ እሞ ድማ እታ ኣዶ እንተደኣ ጥንሲ ሒዛ ብተዘዋዋሪ ንሓደጋ ሞት ዘብፅሑ ምኽንያታት እዮም። ስለዚ እዚ ንከይመፅእ ገና እንተይጠነሰት እናሃለወት ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ምስበዓል ገዝኣ ናብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ግልጋሎት ምኽሪ ክትረክብ፤ ክትወስዶም ዝግብኣ ከምኒ “ኣይረን ፎሎክ ኣሲድ” ዝኣመሰሉ ሓገዝቲ ንጥረ ነገራት ክትወስድ ይግብኣ። ካብዚ ሓሊፉ እቶም ሕማማት እንተሃልዮምዋ ድማ ንምቁፅፃር፣ ተወሰኽቲ ግልጋሎት ሕክምናን ምኽርን ክትረክብ ጥዕነኣ ሓልያ ንምጥናስ ድልውቲ ክትከውን ይገብራ። ስለዚ ብዋናነት ቅድሚ ምጥናሳ እንተጠኒሳ ድማ ብቕልጡፍ ናብ ትካል ጥዕና ክትከይድን ምርመራ ክትገብርን ግድን ይኸውን። ብድምር ሓንቲ ኣዶ ካብታ ዝጠነሰትላ እዋን ጀሚራ ክሳብ እትወልድ በዓል ሞያ ሕክምና ብዝህባ ቆፀሮን ሰሌዳ ግዜን መሰረት ንተኸታተልቲ ሸሞንተ ግዜ ክትትል ክትገብርን ኣብ ትካላት ጥዕና ብሰብ ሞያ ዝተሓገዘ መልክዑ ክትወልድን ምግባር ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ።

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላትን መሓውሩን ብምውዳድ ኣብ ምርግጋፅ ጥዕናን ምቕናስ ሞትን ኣዴታት ትኹረት ዝገበሩ ስራሕቲ እናሰርሐ እዩ። ብዋናነት ብሰንኪ ኲናት ፅንተት ዝዓነዋ ትካላት ጥዕና ብዝተኻኣለ መልክዑ ፅገናታት ብምክያድን ዘድልዩ እታዎታት ብምምላእን ናብ ግልጋሎት ክኣትዋ ዝተገበረሉ ኩነታት ምምሕያሽ ኣለዎ። ብመሰረት እዚ ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘለዋ ትካላት ጥዕና ብምሉእነት ናብ ግልጋሎት ክኣትዋ ተገይሩ ኣሎ።ካብኡ ሓሊፉ ከምቲ ኣብ ላዕሊ እናተገለፀ ዝመፀ ኣብ ሞት ኣዴታት እቲ ዝለዓለ ምኽንያት ዝኸውን ዘሎ ድሕሪ ወሊድ ዘጋጥም መድመይቲ እዩ። ነዚ ንምፍታሕ “ናስክ” ዝበሃል መሳርሒ ናብ ሕድሕድ ትካላት ጥዕና ክባፃሕ ተገይሩ ኣሎ። እዚ መሳርሒ ኣዶ መድመይቲ እንተደኣ ኣጋጢምዋ ካብ እግራ ጀሚሩ ክሳብ ከብዳ ብምእሳር ዝለዓለ ደገፍ ሕክምና ናብ እትረኽበሉ ትካል ጥዕና ክትበፅሕ ዝሕግዛ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ትካላት ጥዕና ዋላ እኳ ምሉእነት ኣይሃልወን መሳርሒ “ኣልትራሳውንድ” ዝበዝሓ ትካላት ጥዕና ኣተኣታትየን እየን። እዚ ድማ ኣብ እዋን ጥንሲ ኣብ ማህፀን ኣዶ ዘሎ ዕሸል ዝርከበሉ ኩነታት ዘመላኽትን ዘድሊ መፍቲሒ ንምእላሽ ዘኽእልን እዩ።

ምስዚ ተኣሳሲሩ ሰብ ሞያ ጥዕና ናብ ቦትኦም ክምለሱን ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ሓዊሱ ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክህቡ ዘኽእሉ ዓቕሚ ዘዕብዩ ስልጠናታት እናተውሃቡ እዮም። በቢብርኩ ምስዘለዉ ኣማራርሓ ገምጋማዊ ስልጠና ዝግበረሉ፤ ሰንሰለታዊ ስርዓት ሓበሬታ ናብ ንቡር ንምምላስ ዘኽእሉ ስራሕቲ ንምስራሕ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። ነዚ ዝመርሕ ኮሚቴ እውን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ተጣይሹ ኣብ ስራሕ ኣትዩ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ጣብያታትን ቁሸታትን ዘለዋ ጉጅለ ልምዓት ብምጥንኻር ናብ ሰሩዕ ስረሐን ክምለሳ፣ በቢካቢኦን ወርሓዊ ኮንፈረንስ “ዋዕላ ጥኑሳት” ክካይዳ፣ ዘለወን ፀገማት ክዝትያ፣ ንሰንሳተን ተሞክሮ ከመሓላልፉን ግንዛበ ክፈጥራን ዘኽእሉ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ። ካብዚ ሓሊፉ ኣዶ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን እንተሞይታ ብምእላሽን ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ብምሃብን ካልኣይ ከየጋጥም ርብርብ ንምግባር ዘኽእል ስርዓት ሓበሬታ ተኣታትዩ ከምዘሎ ሲስተር ትርሓስ ተረድእ።

ብድምር ምርግጋፅ ጥዕናን ምቕናስ ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ዋኒን ኩሉ ሕብረተሰብ ክኾን ይግባእ። ኣብዚ መዳይ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ዘገብሮ ዘሎ ዝተዋደደ ስራሕቲ ዝነኣድን ቀፃልነት ክህልዎ ዝግባእን እዩ። ይኹን እምበር ሐዚ እውን ስኣን ግንዛበን ቀረብ ምሉእነት ግልጋሎት ሕክምናን ኣብ እዋን ጥንስን ወሊድን ህይወተን ዝስእና ዘለዋ ኣዴታት ትግራይ ቁፅረን ውሑድ ኣይኮነን። ስለዚ እዚ ሓደጋ ንምቕናስ ከምቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2018 ዓ/ም “ወርሒ ጥዕይቲ ኣደ” ዝተቐመጠ “ጥዕና ኣዴታት ንምርግጋፅ ናይ ኩልና ኣበርክቶ ወሳኒ እዩ!” ዝብል ቴማ ኣብ ምርግጋፅ ግልጋሎት ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ዝሕግዙ ስራሕቲ ብዝግባእ ምስራሕ የድሊ።ብዋናነት ትልሚ ምጣነ ስድራ ክጥቀማ፣ ኣዴታት ቅድሚ ምጥናሰን ጀሚረን ግቡእ ክትትል ክገብራ፣ ኣብ ትካላት ጥዕና ክውልዳ፣ ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽባ፣ ጥዕነአን ክሕልዋን ጥዕንኡ ዝተሓለወ ውላድ ክረኽባን ንምግባር ዝተዋደደ ስራሕቲ ይጠልብ።

# ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

## ፍኖተ ለውጢ መናእሰይ

ኣብ መናእሰይ ትግራይ ዘሎ ሰፊሕ ስእነት ስራሕን ቁጠባዊ ቅልውላውን በቢ ብርኩ ንምቅላል ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመት ዝጀመሮም ሰፋሕቲ ስራሕቲ ኣለዉ። ካብኣቶም ምምችቻው ስራሕ ዕድል ፈጠራን ምጥያሽ ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛትን ብዋናነት ይግለፁ። እቲ ቢሮ ሓዱሽ መምርሒ ብምውፃእን ብምምሕያሽን ምስ ዝተፈላለየ ትካላትን ኣብያተ ፅሕፈታትን ብምውዳድ ክሰርሖሉ ኣብ ዝኽእል ባይታን ኩነታትን እናተረዳድአ መፂኡ እዩ። እቲ ዝወፀ ሓዱሽ መምርሒ ናብ ባይታ ብምውራድ እቲ ቢሮ ዘለዎ ዓቕምን ሃፍተገነትን ተጠቒሙ ኣብ መናእሰይን ፍሉይ ትኹረት ዘድልዮም ወገናትን ስራሕ ዕድል ንምምችቻው እናሰርሐ ይርከብ። በዚ እውን ኣብ ዝሓለፈ 2017 ዓ.ም ኣብ ትሕቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዘለዋ ከተማታትን ገጠር ወረዳታትን ትግራይ ልዕሊ 240 ሽሕ መናእሰይ ብቐዋምን ግዝያውን ስራሕ ዕድል ምፍጣር ከም ዝተኸኣለ ኣብ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ዝተረኸበ መረዳእታ ይሕብር።

ካብተን ኣብዚ ክልተ ሰለስተ ዓመት ዝሓሸ ስራሕ ዕድል ዝተፈጠረለን ከተማታት ትግራይ ድማ ከተማ መቐለ ሓንቲ እያ። ከተማ መቐለ ርእሰ ከተማ ትግራይ ምስ ምዃናን በዝሒ ተመዛበልቲ ኣዕቑባ ምስ ምህላዋን ተኣሳሲሩ ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዑል በዝሒ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ዝርከበላ እያ። ነዚ በዝሒ ስራሕ ስእነት ንምቅላል ምስ ትካላት ዕቋርን ልቓሕን ካልኦት ፕሮጀክታትን ብምትእስሳር በቢዓመቱ ኣስታት ዓሰርተ ሽሕ መናእሰይ ኣብ ዝተፈላለየ ዘርፍታት ስራሕ ዕድል ተፈጢሩሎም እዩ። ኣብነት፡- ኣብ ሕሉፍ 2017 ዓ.ም ከባቢ ትሽዓተ ሽሕ መናእሰይ ኣብ ግልጋሎት፣ መፍረይቲ ትካላት፣ ንግዲ፣ ስነ ህንፃን ከተማ ሕርሻን ስራሕ ዕድል ዝተፈጠረሎም እንትኾኑ ከባቢ ሰለስተ ሽሕ ብዝኾኑ መናእሰይ ድማ ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛት ከም ዝተጣየሻ ፀብፃብ ቤት ፅሕፈት ደኣንት ዞባ መቐለ የመላኽት። ናይዚ መቐፀልታ ኣብ መፋርቕ በጀት ዓመት 2018 ዓ.ም ከባቢ 15 ሽሕ መናእሰይ

**ኣብ ስራሕቲ ኤሌክትሮኒክስ ተዋፊሩ መነባብርኡ ዘመሓየሸ መንእሰይ ምኪኤለ ገብረእግዚኣብሄር**

ስራሕ ዕድል ዝተፈጠረሎም ኮይኑ ከባቢ ኣርባዕተ ሽሕ ድማ ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛት ከም ዝተጣየሻ እቲ መረዳእታ ወሲኹ ይገልፅ።

ንእስቲ ደስታ ክንድሽሕ ካብተን ብናይ ፕሮጀክታት ድጎማ 50 ሽሕ ብር ሓገዝ ተዋሂብወን ኣብ ስራሕ ዝተዋፈራ ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ እያ። እዛ ንእስቲ ቅድሚ ናብ ስራሕ ምትእስሳራ ኣብ 2016 ዓ.ም ናይ ስነ ልቦና ሕውየት፣ ዘርፊ ስራሕን ኣተሓሕዛ ገንዘብን ግቡእ ሞያዊ ስልጠና ረኺባ እያ ስራሕ ጀሚራ። ብመሰረት እዚ ናብቲ ዝተወሃባ ገንዘባዊ ሓገዝን ካብ ስድራኣ 70 ሽሕ ብር ወሲኻ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ላጪ ኮንተይነር ተኻርያ ቤት ቁርሲ ከፊታ እናሰርሐት ትርከብ። ቅድሚኡ እዚ ዝበሃል ስራሕ ኣይነበራን ናይ ባዕላ ቤት ቁርሲ ምስ ከፈተት ግና ስርሓ ብዝግባእ ተላሚዱ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ለውጢ ዘለዎ እቶት ትረክብ ከም ዘላ ትገልፅ። በዚ ድማ ካብ ቤተሰባ ዝወሰደቶ ልቓሕ ገንዘብ ምሉእ ብምሉእ ብምምላስ ዘድልያ ኣቁሑት እውን ኣማሊኣ ከም ዘላ ተረድእ።

ብተወሳኺ ድማ መስርሒ ኮንተይነር ገዚኣ፣ ቤተሰባ እናሓገዘት ወርሓዊ ዕቋር እውን ጀሚራ ትርከብ። ብዘይካ እዚ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ብር ካፒታል ከም ዘለዋ፤ ኣብ ቀፃሊ ድማ ኣስፊሓ ብምስራሕ ሕልማ ጋህዲ ከም ዝኸውን ትሕብር። ኣብ ትሕቲኣ ንኽልተ ደቂ ኣንስትዮ ስራሕ ዕድል ፈጢራ ከም ዘላን ኣብ ከይዲ እቲ ስራሕ ኣስፊሓ ንምስራሕ ትልሚ ከም ዘለዋን ተረድእ። ኣብቲ ስራሕ ካብ ዝረኣየቶ ልምዲ ድማ መናእሰይ ትግራይ ስራሕ ስኢኖም ኣደዳ ዘይሕጋዊ ስደት ካብ ዝኾኑ ብንሽተይ ስራሕ ቀስ ብቀስ ኣብ ዓዶም ክመሓየሹን ክዓብዩን ከም ዝኽእሉ ትገልፅ።

ካልእ በቲ ዝተገበረ ናይ 50 ብር ሽሕ ድጎማን 120 ሽሕ ብር ናይ ስድራኡ ሓገዝን መበገሲ ገይሩ ብውልቁ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ላጪ ኣብ ስራሕቲ ኤሎክትሮኒክስ ዝተዋፈረ መንእሰይ ድማ ምኪኤለ ገ/እግዚኣብሄር እዩ። እዚ መንእሰይ ፈለማ ኣድላይ ዝኾነ ስነ ልቦናዊ ሕውየትን ሞያዊ ስልጠናን ተዋሂብዎ ኣብ ስራሕቲ ኤሌክትሮኒክስ ተዋፊሩ እናሰርሐ ይርከብ።

ኩነታት ስርሑ እንትገልፅ ኣብ ስራሕቲ ፅገና ሞባይል፣ ኣቕርቦት መለዋወጢ ኣቕሑን ፎቶ ኮፒን እናሰርሐ ሞይኡን ካፒታሉን ኣዕብዩ ልቓሑ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝኸፈለ የረድእ። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ ሓሙሽተ ምኢቲ ሽሕ ብር ዓቒሩ መነባብርኡ ብዝግባእ እናመርሐ ቤተሰቡእ እናሓገዘን ይርከብ። ካብዚ ብምብጋስ ዘይሕጋዊ ስደት እንተውግዕ፤ ዘይሕጋዊ ስደት ህድእ ኢልካ ኣብ ምሕሳብን ዘይምሕሳብን ዘሎ ግጉይ ኣረዳድኣ ደኣምበር ኣብ ዓድኻ ጉልበትካ፣ ፍልጠትካን ግዜኻን ተጠቒምካን እንድሕር ሰሪሕካ "ዝሓሸን ዝማዕበለን መነባብሮ ምንባር ይከኣል እዩ" ዝብል እምነት ኣለዎ።

ደሚርካ እንትርአ ኣብ ትግራይ ዘሎ ስራሕ ስኡን መንእሰይ በዝሑ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናትን ወራርን ዘጋጠመ ምምዝባል፣ ዕንወት፣ ውድቀት ቁጠባዊ ምንቅስቓስን ሃሰያ ኣብ ዘተሓሳስብ ብርኪ በፂሑ ይርከብ። ስለዝኾነ ጉዳይ ስራሕ ስእነት፣ ቁጠባዊ ውድቀት፣ ጥምየትን ጉዳይ ምንባርን ዘይምንባርን ምኻኑ ተረዲኡ መንግስቲ በቢ ዓመቱ ኣብ መናእሰይ ዘተኮረ ስራሕን ዘርፍታት ስራሕን እናፈጠረ ስራሕ ስእነት ንምቅላል እናሰርሐ ፀኒሑ እዩ። ነዚ ብበዝሕን ብስፍሓትን በቲ ዝድለ መንገዲ ንምቕፃልን ምስ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታትን መዳርግቲ ኣካላትን ተዋዲዱ እናሰርሐ ይርከብ። እዚ ዕውትን ስሉጥን ንክኸውን መናእሰያት እውን በቢ ዝተፈጠረሎም ዕድላት ስራሕ ቆሪፆም ክኣትዉ፣ ዓቕሞምን ክእለቶምን ናብ ልምዓት ከውዕልዎ፣ ቁጠባዊ ዓቕሞም ከጎልብቱን ዓርሶም ክልውጡን ይግባእ መልእኽትና እዩ።

### ህዝቢ ትግራይ ... ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

ሐዚ እውን ዘጋጥም ዘሎ ላዕልን ታሕትን ይርድኦ። ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ባህግታቱ ዘለዉ ፀገማት እንትገልፅ ትሰምዖ። እዚ ፀገም በቲ ናይቲ ውድብ ህንፃ፣ ኣሰራርሓን ሕገ ደንብን ክፍታሕ ይደሊ። ካልእ መንጨብጨቢ መፅዩ ከንጨብጭበሉ ግና ዝፅበ ህዝቢ ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ስነልቦና ናይቲ ህዝቢ ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ።

ካብዚ ተበጊሱ እቲ ሰራዊት እውን ከምኡ እዩ። እቲ ሰራዊት እኮ በቶም ዝተዓሰቡ ሰባትን እቲ ንዐኦም ዝልእኽ ዘሎ መንግስትን ክፈርስ ለይትን ቀትርን ይሰራሕ ኣሎ እዩ። ዓቕሚ ስኢኖም እምበር ብሽም "ዲዲኣር"፣ ኣብ ውሽጡ ብዝዓደግዎም ኣካላት፣ ኣብ ኣመራርሓ ምክፍፋል ክህሉ፣ ሰራዊት ኣብ መራሕቱ እምነት ክስእን ብምግባር ክበታተን ብዙሕ ፈቲኖም እዮም። ግን ድማ ሰራዊት ትግራይ ዝወፈረሉ ዕላማ ዝፈልጥ ፅኑዕ ወዲ ህዝቢ እዩ። ስነ-ልቦና ሰራዊት ስነ-ልቦና ህዝቢ ስለዝኾነ ብዙሕ ዘሰክፍ ነገር ዘይብሉን ካብቲ ህዝቢ ነፂልካ ዝርአይን ኣይኮነን። ኣብዚ ሐዚ እዋን ፅቡቕ ስነ ኣእምሮ፣ ምርድዳእ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕን ምምዕርራይን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ይግበሩ ኣለዉ። እቲ ሰራዊት ዘልዕሎም ሕታታት እውን ብዘለና ዓቕሚ እናተመለሱ ክኸዱ እዮም። ስለዚ ኣመራርሓ ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ስርሑ ይሰርሕ ኣሎ። ሓይሊ መኸተ ስለዝኾነ ከምሃገሩ ዝነብር፣ ተጋዳላይ እየ ኢሉ ዝሓስብ፤ ብዝዓቕሙ ፀገማት ክፈትሕ ላዕልን ታሕትን ዝብል እዩ። ኣብ ፅቡቕ ምምዕርራይን ኣብ ፅቡቕ ስነ ኣእምሮን ከምዘሎ ድማ ምርግጋፅ ይከኣል እዩ።

**ወይን፡- ከምነባር ተጋዳላይን ላዕለዋይ መሪሕነት ሰራዊት ትግራይን ምስጋዜጣ ወይን ዘለካ ሌላን ተዘክሮ ከመይ ትገልፀልና?**

**ተጋዳላይ ብርሃን ነጋሽ፡-** ናይ መጀመርታ ናይ ወይን ተዘክሮይ፣ ዮሃንስ ገብረሚካኤል (ዮሃንስ ማንጁስ) ምስዝበሃል ስውእ ዓርከይ ብኣንፈት ፆረና ገይናርን ናብ ምግዳል እንትንከይድ ዶክተር እዮብ ዝበሃል ተጋዳላይ ናይ ሻዕብያ ኮሚሳር መራሒ በጦሎኒ ወይን ሕታም ቁፅሪ ሓደ ዝሃበና እያ። ኣብቲ እዋን ነፈርቲ ስርዓት ደርግ ደብዳብ ይፍፅማ ነይረን። ዶክተር እዮብ፣ "ናበይ ኢኹም? እንታይ ደሊኹም?" ብዝብል የፃውተና ነይሩ። ክንጋደል ደሊና ምስበልናዮ "ገድሊ ትግራይ በዚ ሓሊፎም። ኢህኣፓ እውን ኣብዚ ከባቢ ኣላዉ" ኢሉና። ንሕና ምስኢህኣፓ ኣይንስለፍን ናብ ገድሊ ትግራይ ኢና ንኸይድ ኢልናዮ ደሓር ጋዜጣ ወይን ክነንብቦ ሂቡና። ይኹን እምበር ኣብቲ እዋን ክልቲየና ትግርኛ ፅሑፍ ምንባብ ኣይንኽእልን። ብምኽንያት እዚ እታ "ወይን" ትብል ኣጥብቕ ኣቢልና ክነንብባ ብዘይምኽኣልና ኣፍኪስናያ ትርጉም ድማ ዝተፈለየት ኮይናትና ነይራ። ናይ መጀመርያ ምስ ወይን ዝተፋለጥኩ ብኸምዚ እዩ።

እታ ናይ መጀመርታ ሕታም "ይብፃሕ ናብ ጉጉያት ወገናት" ዝብል ርእሲ ነይርዋ። ከምዚ ሐዚ ህዝቢ ትግራይ ከዲያም ምስፀላኢ ተሰሊፎም ዘለዉ ውድባት ኣብቲ እዋን እውን ከምኦም ዝኣመሰሉ ነይሮም። ነዚኦም እያ ጉጉያት ተጋሩ እትብሎም። ነዐኦም "ኣይትጋገዩ ንቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ደግፉ" ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘት እያ። ደሓር ደሓር "ሸዋውያን ተጋሩ" እውን ንብሎም ነይርና። ኣብ ከተማታት እትብተን ፅሕፍቲ ተዳልያ፤ ኣብ ትሕዝቶኣ ድማ ዜና ዓወት እውን ነይርዋ።

ካልኣይቲ ናይ ወይን ተዘክሮይ፣ ናይ ከተማ ስርዒትን ስራሕን ተጠናኺር ነይራ። ኣብቲ ኣብ ከተማታት ዝብተን ፅሑፍ ዓብዪ ቁም ነገር ዝሓዘ እዩ። ፕሮግራም ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ ዝምልከት፤ ህዝብን ኣባልን እንታይ ክገብር ከምዘለዎ መንገዲ ዝሕብር፤ ዝተረኸቡ ዓወታት ድማ ተበስር ነይራ። ስለዚ ወይን ኣብ ከተማታት ዝነበራ እጃም ብጣዕሚ ኀሊሁ ይርአ። ኣብ ከተማታት ዝነበሩ ስርዒታት ድማ ተወሳኺ እናባዝሖ ይብትንዎ ነይሮም።

ብዋናነት ወይን ኣብ ሓራ መሬት ዝነበረ ህዝቢ ክውደብ፣ ክዓጥቕ፣ ክዓስል ኣብ ምግባር ዝነበራ ተራ ዓብዩ እዩ። ኣብ ተጋዳላይ እውን ምይይጥ ንገብረሉ ነይርና። እቲ ርእሰ ዓንቀፅ ዘይተርፍ እዩ። ኣብኡ ዘለዉ ጠቓምቲ ሓሳባት ዝበሃሉ ንጉጅለን ጋንታን ምይይጥ እናተብሃለ መመያየጢትናን መንቀሒትናን ነይራ። ካልእ ናይ ሓሳብ ኣፈላላያት ወይ ምትሕውዋስ እንተልዩ ብወይን እዩ ንፅረት ክህሉ ዝግበር ነይሩ። ንኣብነት፣ ኣብ ጉባኤታት ዝተወሰኑ ውሳነታት፤ እቶም ውሳነታት ከመይ ተግባራዊ ክንገብሮም ከምንኽእል፤ ናይ ሓሳብ ምፅራይ ስራሕ እውን ብወይን ኣቢሉ እዩ ዝቕፅል ነይሩ። ብመሰረት እዚ ወይን መወየኒት ነይራ። ወያናይ ስነ ምግባር፣ ወያናይ ባህሪ ክንላበስ እውን ትገብር ነይራ በዚ እያ ዝዝክራ ንወይን።

**ወይን፡- ተጋዳላይ ብርሃነ ነጋሽ (ወዲ መድህን) መበል 50 ዓመት ወርቂኢዮበልዮ ምስረታ ወይን መሰረት ገይርና ዝሃብካና ሰፊሕ ቃለ መሕትት ብሽምመንበብቲ ክነመስግን ንፎቱ።**

**ተጋዳላይ ብርሃን ነጋሽ፡-** ኣነ እውን ብጣዕሚ እየ ዘመስግን። የቐንየለይ።



ምሩፃት ተግባራትና ኣብ ምግፋሕ እትዋሳእ ጋዜጣ ወይን!

## ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ዝሓወየ ሃፍቲ ተፈጥሮ ንሕውየት ወለዶ!

**ወፍሪ ሓምለዋይ ልምዓት ብቕኒት ዓርሰ ምርኮሳ!**

ውድብ ህወሓት ዝመርሖ ልምዓታውን ዴሞክራስያውን መስመር ዓለማውን ከባብያውን ኩነታት ማእኸል ገይሩ ብዘቐመጦም ፖሊስታትን እስትራተጂታትን መሰረት ኣብ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዝለዓለ ለውጢ ክምዝገብ ክኢሉ እዩ። ቅድሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ኣብ ዝነበሩ ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ሕምብርቲ ፖሊሲ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ምክልኻል ለውጢ ኩነታት ኣየርን ምርግጋፅ ውሕስና ምግብን ዘማእኸለ ነይሩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ምሕዋይ ብዝሃ ህይወት፣ ሰንሰለታዊ ርክብን ቁጠባዊ ረብሓ ተጠቃምነትን ንምዕባይ ዕላማ ዝገበረ እዩ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ብቐዳምነት ስራሕቲ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዓለማዊ ጉዳይን ኣጀንዳን ብምዃኑ ኩሎም ሃገራት ኮነ ዓለም ለኻዊ ትካላት ትኹረት ገይሮም ይሰርሕሉ ኣለዉ።

ብዋናነት ትግራይ ዘላትሉ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካን ናብ ውቅያኖስ ህንዲ ዝቐረበትን ምስቲምዃና ተኣሳሲሩ ኣብኡ ዝፍጠር ምሟቕን ምዝሓልን ኣየር ን"ኢሊኖ"ን "ላኒኖ"ን ዝበሃሉ ምዝባዕ ለውጢ ክሊማ ዝወለዶም ሓደጋታት ብስፍሓት እትቃልዐሉ ኩነታት ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ 62 ሚኢታዊ መሬት ትግራይ ጎቦታትን ጉህማትን ዝበዝሖ ብምዃኑ ንምጉሕጓሕ ፍግረ መሬት ዝተቓለዐ፣ ዝተደረቐን ሕፅረት ጠሊ ዘለዎን እዩ። ካብዚ ዝብገስ ሕፅረት ዝናብን መፍረያይነት ሕርሻን ብጣዕሚ ድኹም ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ። ከምኡ እውን ብሓደ ወገን በዝሒ ዝናብን ውሑጅን ዘዕለቕልቐሉ ብኻልእ ገፅ ድማ ሕፅረት ዝናብን ድርቅን ዝፍጠረሉ፤ ዝሐሸ ዝናብ ፀኒሑ ኣብ ማእኸል ዘቋርፀሉ፤ ወራር ባልዓት ብስፍሓት ዝርአየሉ ከባቢ ምስ ምዃኑ ተኣሳሲሩ ተቓላዓይነት እቲ ፀገም በብእዋኑ ክጋደድ ምኽንያት ኮይኑ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ኣብቶም ቀንዲ መሰረታውያን ዓቕምታት ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ከቢድ ጉድኣት ኣብፂሑ እዩ። ጉድኣት ጥራሕ እንተይኮነስ ክንሰርሖምን ክንበፅሖምን ዝነበርና ስራሕትን ለውጥን ዝሃሰየሉ ኩነታት ኣሎ።ብሰንኪ ልፍንታውያን ፀላእቲ ዝፈፀምዎ ወራር ፅንተት ኩሉ መዳይ ዓቕምታት ህዝቢ ዘሪፎምን ኣዕንዮምን ብምዃኖም፣ ሓረስታይ ትግራይ ዋላ እኳ መሬት እንተሃለዎ ጥሪቱን ንዋቱን ክዝረፍ ብምኽኣሉ ኣብ ከቢድ ፀገም ቁጠባ ወዲቑ ይርከብ። ብምኽንያት እዚ መጠን ድኽነት ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 29 ሚኢታዊ ወሪዱ እንተነበረ እውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዕሊ 42 ሚኢታዊ ዝወሰኸሉ፣ ስእነት ዕድል ስራሕ ዝገፍሐሉን ኩነታት ተፈጢሩ ከምዘሎ ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈዮ የረድኡ።

ብመሰረት እዚ በቢእዋኑ ዝፍጠር ለውጢ ኣየር ንምቁፅፃርን ውሕስነት ምግቢ ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅን ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ምሕዋይ ትኹረት ዝገበረ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ምስራሕ ግድን ይኸውን። ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ኣብ ዘፈር ሕርሻ ዝተመስረተ መነባብሮ ዘለዎ ህዝቢ ሒዝካ ኣብ ልምዓትን ምፍረያይንትን እቲ ዘፈር ጠንኪርካ እንተዘይተሰሪሑ እቲ ሓደጋ ክንደይናይ ምዃኑ ንምግማቱ ኣየፀግምን። ስለዚ ከምህዘቢ ብምግቢ ዓርስና ክንክእል ወጊድ ተፀባይነትን ተመፅዋትነትን ኢልና ዓርሰ ምርኮሳ መሰረት ዝገበረ ልምዓት ክነሰጉም ይግባእ።ነዚ ንምዕዋት ድማ ኣብ ትግራይ ዝሳለጡ መፍረያይነት ልምዓት ሕርሻ ኣብ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮ መሰረት ዝገበረ ክኸውን የገድድ።

ካብዚ ዝብገስ ቢሮ ሕሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ዝተዋደደ መፍረያይነትን ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ክህሉ ዘኽእል ስትራተጂታትን ኣንፈታትን ብምቕራፅ ኣብ ምትግባር ይርከብ። ብዋናናት ድማ ዳግመ ህንፀት ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዝግባእ ብምትግባር መፍረያይነት ክረምታዊ ዝራእቲ፣ ልምዓት መስኖን ደንን ክብ ንምባል ትኹረት ዝገበሩ እራሕቲ ቀዳምነት ይወሃቦም። ብመሰረት እዚ ቀንዲ ርብርብ ዝግበረሎም ስትራተጂክ ዓንዲ ፍርያት ዝራእቲ፣ ሃፍቲ እንስሳ፣ ኣሕምልትን ፍራምረን ከምኡ እውን ሓምለዋይ ልምዓት ኣነፂሩ እዩ። ነዚ ድማ ዝተዋደደ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ምትግባር ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ናብ ንቡር ንምምላስ ከምቁልፊ መደብ ተቐሚጡ ኣሎ።

ካብዚኦም እቲ ሓደ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን መፉስስ እናተኣሳሰርካን እናወዳእኻን ብምኻድ ብስነ ህይወታውያን ክሽፈኑን ምስ ቀለብ እንስሳ ክተኣሳሰሩን ምግባር እዩ። ከምኡ እውን ብዕቀባ ሓመድን ማይን ዝተሸፈኑ መፉስሳት ምሉእ ብምንሉእ ክኽለሉን ካብ ስዲ ጋህፂ ነፃ ክኾኑን ትኹረት ብምግባር ዝስርሐሎም መደባት ኸኾኑ እዮም። ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘላቕነት ዘለዎም ክኾኑ ድማ ተጠቃምነት ሕብረተሰብ ዘረጋግፁ መፉስስ ማእኸል ዝገበሩ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምጥያሽ፣ ምስግጋርን ምጥንኻርን ከምኣንፈት ተቐሚጡ ኣሎ። ጥቡቕ ሓለዋ፣ ሰፊሕ ክለላ፣ ምዕባይ ተኽሊ፣ ምጥቃምን ምቕራብን መማሪፅን መሰረት ዝገበረ ሓምለዋይ ልምዓት ምትግባር ግድን ይኸውን።

ብመሰረት እዚ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ፣ ሰለስተ ዓመታት ዳግመ ሕውየት ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ትግራይ ንምሕዋይን ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅን ትኹረት ዝገበሩ ስራሕቲ እናተሰርሑ ፀኒሖም እዮም። ካብዚኣቶም እቲ ሓደ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ብምክያድ ውሕጅ ኣልባ መፉስስ ኣብ ምፍጣር፣ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎም ተኽልታት ኣብ ምትካልን ምርግጋፅ ሓምለዋይ ልምዓትን ቀንዲ ዕማማት ነይሮም። ንኣብነት፣ ኣብ 2017 ዓ/ም "ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ልምዓትናን ሓድነትናን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝተካየደ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ልዕሊ 62,000 ሄክታር መሬት ብወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንምሽፋን ተተሊሙ ልዕሊ 55,000 ሄክታር (88 ሚኢታዊ) ተወጊኑ እዩ። ኣብዚ ወፍሪ ኣብ ምኽታት ሓይሊ ሰብ፣ ኣብ ፅርየትን ሰሌጠንን ዝሐሸ ኣፈፃፅማ ከምዝነበረ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ልምዓት መፉስስ ኣይተ ተስፋኣለም ገብረ ይገልፁ።

ይኹን እምበር ሐዚ እውን ዘይተሰገሩ ዕንቅፋታትን ክፍተታትን ከምዘለዉ ተገምጊሙ እዩ። ብዋናነት ኣብ ስራሕቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተዋደደ ልምዓት መፉስስ ንምትግባር ኣብ ዘፈራት ሕርሻን ካልኦት ሴክተራተን ዘይምንባብ ምንባሩ፤ ብዕቀባ ሓመድን ማይን ዝተሰርሑ መፉስሳት ብስነ ሂወታውያን ተኽልታት ዘይምሽፋኑን ካብ ስዲ ጋህፂ ዘይምኽላልን ዓበይቲ ክፍተታት ነይሮም። ካብዚ ዝብገስ ብወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝተሰርሑ ስትራክቸራት ክዓንዉ፤ ሓደሽቲ ዝተተኸሉ ይኹኑ ነባራት ተኽልታት ክበርሱ፣ ዝሓወዩ ሰውሒታት ክጠፍኡ ብሓፈሻ ዘላቕነት ዘለዎም መፉስሳት ኣብ ምፍጣር ዘይተሰገሩ ማሓንቓት ከምዝኾኑ ተገምጊሞም ኣለዉ።

እቲ ካልእ መሰረታዊ ፀገም ድማ ኣብ ቴክንካል ስታንዳርድን ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂን ዘሎ ጉድለት ኮይኑ ኣብ ዕቀባ ሓመድን ማይን ይኹን ተኽላ ፈልሲ ብተደጋጋሚ ዘይተማሓየሹ ስራሕቲ ምህላዎም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ስራሕቲ መፉስስ እናተኣሳሰርካን እናወዳእኻን ኣብ ምኻድ፤ ንስራሕቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝወሃብ ትኹረት ምንኣስ ኣብ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከምኡ እውን ኣብ ተኽላ ፈልሲ ዝሳተፍ ሓይሊ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናቐነሰ ዝኸደሉ ኩነታት ኣሎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ብዕቀባ ሓመድን ማይን ዝተሸፈኑ መፉስሳት ህዝቢ ክውንኖምን ስሪት ኣውፂኡ ክሕልዎምን ኣብ ምግባር ዘይተሰገረ ፀገም ኣሎ።ካብዚ ሓሊፉ ዝለምዑ መፉስሳት ናብ ዝተወደቡ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዘይምስግጋር፣ ተፀባይነት ምህላው፣ ሞዴላት ኣብ ምፍጣር፣ ተሳትፎ ኣባላት ኣብ ምዕባይን ካልኦትን ክፍተታት ከምዝነበሩ ተቐሚጦም ኣለዉ።

ብመሰረት እዚ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን 2018 ዓ/ም እቶም ዝተቐመጡ ስትራተጂታትን ኣንፈታትን ንምዕዋት ዕቡቓት ክበሃሉ ዝኽእሉ ስራሕቲ እናሰርሐ ፀኒሑ እዩ። ብዋናነት ኣብ 2017 ዓ/ም ዝነበሩ ዕቡቓት ተሞክሮታት ብምትልባትን ዝተርኣዩ ክፍተታት ድማ ዝፈትሕን ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ብምውጋን ናብ ተግባር ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይ ኣትዩ ይርከብ። ኣብዚ ቅድመ ምድላው ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣብ ሰብ ሞያ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈሮን ዘሎ ክፍተት ሞያዊ ዓቕሚ ዝመልእን ብተግባር ዝተደገፈ ስልጠና ምሃብን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ዝተሰርሐ ጉዳይ እዩ። ብመሰረት እዚ ካብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ሓዊሱ ን695 ሰብ ሞያ ልምዓት ሕርሻ ጣብያ ከምኡ እውን 120 ክኢላታት ሕርሻ ወረዳ ኣብ ዘመናዊ ኣሰራርሓን ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂን ማእኸል ዝገበረ ሞያ ክዓጥቁ ተገይሩ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ምክያድ ፅንዓት መፉስስ፣ ምጥቃም ዘመናዊ ኣተዓቓቕና፣ ንፁር መረዳእታ ኣብ ምሓዝን ምዕቃብን፣ ኣብ ተኸላን ካልኦትን ትኹረት ዝገበሩ ዓቕሚ መዕበዪ መሰልጠኒ ሰነድ ብምድላው ሰፊሕ ስልጠና ከምዝተውሃቡን እቶም ዝነበሩ ክፍተታት ክፈትሑ ከምዝኽእሉን ኣይተ ተስፋኣለም የረድኡ።

ካብዚ ብተወሳኺ ክሳብ መወዳእታ ጥሪ 2018 ዓ/ም ሰፋሕቲ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው እናተወገኑ ፀኒሖም እዮም። ኣብ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝሽፈን ስፍሓት መሬትን መፉስስን፤ ክወፍር ዝግብአ ፅንዓት ሓይሊ ሰብን መሳርሕን፣ ከምኡ እውን ምውዳብን ምልዕዓልን ሕብረተሰብን ኣብ ቤት ምኽሪ ናይ ምፅዳቕን ካልኦት ስራሕትን ብምሉእነት ተሰሪሖም ኣለዉ። ቅድም ክብሉ ድማ ነቲ ወፍሪ ዘጠናኽሩን ዓቕሚ ዝኾኑን ምስፕሮግራም ሴፍቲኔትን ካልኦት ፕሮጀክታትን ተኣሳሲሮም ዝስርሑ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን እውን እናተሰርሑ ፀኒሖም እዮም። ብመሰረት እዚ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን 2018 ዓ/ም ሐዚ እውን "ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ልምዓትናን ሓድነትናን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ካብ 25-28 ጥሪ 2018 ዓ/ም ኣብ መላእ ትግራይ ብሽም ወፍሪ ሰማእታት ተኻይዱ እዩ። ካብ ክልተ የካቲት 2018 ዓ/ም ጀሚሩ ድማ ንኣስታት 20 መዓልታት ስሩዕ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ኣብ ምስላጥ ይርከብ።

ኣብዚ ወፍሪ ኣብ 1,350 መፉስሳት ልዕሊ 60,000 ሄክታር መሬት ብነፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከምኡ እውን ምስፕሮጀክታት ብምትሕብባር ዝተፈላለዩ ስትራክቸር ብዘለዎም ስራሕቲ ንምሽፋን ሸቶ ተታሒዙ ኣሎ።ካብዚ እቲ ልዕሊ 31,000 ሄክታር ብስነ-ህይወታዊ ተኽልታት ከምዝሽፈን ከምኡ ድማ ልዕሊ 71 ሚልዮን ፈልሲ ንምፍላስ፣ ምትካልን ምዕባይን ከምዝስራሕ ተገሊፁ እዩ። ምስዚ ጎድና ጎድኒ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ደኒ ጥቡቕ ሓለዋ ንምክያድን ትልሚ ከምዘሎን 14,775 ሄክታር መፉስስ ድማ ንምኽላል ሸቶ ተታሒዙ እዩ። ነዚ ንምፍፃም ድማ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልዮን ህዝቢ ክኸትት ትፅቢት ከምዝግበር ኣይተ ተስፋኣለም ኣረዲኦም።

ብድምር ኣብ ትግራይ ወርሒ ለካቲት እንትለዓል ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ምልዓሉ ዘይተርፍ ጉዳይ እዩ። ዓመት ብዝመፀ ቁፅሪ በዓል 11 ለካቲትን ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ተኣሳሲረን ይኸዳ።እዚ ማለት ውድብ ህወሓት ዝመርሖ ልምዓታውን ዴሞክራስያውን መስመር ኣብ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ህዝቢ ትግራይ እቲ ቀንዲ ዕማም ብዝተዋደደ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝረጋገፅ ምዃኑ እዩ። ሃፍቲ ተፈጥሮ እንትሓዊ ልዑል መፍረያይነትን ውሑስ ኩነታት ኣየርን ይረጋገፅ። ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ህዝቢ ትግራይ ካብ ዘለዎ ድኽነትን ተፀባይነትን ክወፅእ፤ ውሕስነት ምግቢ ከረጋግፅ እንተደኣ ኮይኑ ኣብ ሕውየትን ልምዓትን ሃፍቲ ተፍጥሮ ክሰርሕ ግድን ይኸውን። ስለዚ ኩሎም ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ብዝተዋደደ መንገዲን ብቕኒት ምርግጋፅ ዓርሰ ምርኮሳ ክስርሑ፣ ተጂሚሮም ዘለዉ ለውጥታት ክዕቀቡን ክጉልብቱን ምስራሕ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ክኸውን ይግባእ።



ንኣካብነት ክራይ እትቃለስ ጋዜጣ ወይን!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

# ተስፋን ሓደጋን ትካላት ትእምት

**ተጋዳላይ ኪሮስ ገ/ፃድቃን**
**ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ትእምት**

ህዝቢ ትግራይ፣ ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ብኢኮኖሚ ዝደቐቐ፣ ተማሂሩ ዓለም ዝበፅሖቶ ፀፍሒ ስልጣነ ሪኡ ከይነቅሕ ዕድል ምምሃር ዝተኸልከለን ዝደንቆረን፣ ኣድልዎን ጭቆናን እናተፈፀሞን እናተገለለን ዝመፀ ህዝቢ እዩ። እቲ ዝነበረ ወፅዓን ጭቆናን ምፅዋር ምስኣበዮ ድማ ነቶም ኣብ ልዕሊኡ ደይቦም "ቸቸ" ዝብልዎ ዝነበሩ ድሑራት ስርዓታት ብረት ኣልዒሉ እናተቓለሶም መፂኡ። ብፍላይ እቲ ብ11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ብዉሑዳትን ምዑታትን ዝተወልዐ ዝተወደበ ብረታዊ ተጋድሎ ህወሓት ብዝተጠናኸረ መንገዲ ስለዝተመርሐ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ ብዓወት መሰስ ክብል ገይርዎ። እቲ ቃልሲ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ኣርዑት ጭቆና ዘናገፈ ጥራሕ ዘይኮነስ ፃምእ ልምዓት ህዝቢ ትግራይ ንምርዋይ እውን ሰፊሕ ዕድል ዝፈጠረ እዩ። ስለዝኾነ ድሕሪ ዓወት ብዙሓት ህዝባዊ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ልምዓት ክጣየሻ ክኢለን እየን። ካብተን ህዝባዊ ትካላት ሓደ ድማ ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ (ትእምት) ብዓብይኡ ይጥቀስ። ንሎሚ እምበኣር ብዛዕባ ህልው ኩነታት ትካላት ትእምትን ቀፃሊ ኣንፈትን ኣመልኪትና ምስኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ትእምት ተጋዳላይ ኪሮስ ገ/ፃድቃን ዝገበርናዮ ፃንሒት ከምዝስዕብ ተዋዲዱ ቀሪቡ ኣሎ።

ትእምት ካብ ፍረታት ናይቲ ብ 11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ዝተወልዐ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ሓደ ኮይኑ ኣብ ምዕባይ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምንቅስቓስ፣ ኢንዳስትራላይዜሽንን ስግግር ቴክኖሎጂን ከምኡ እውን ኣብ ስራሕ ዕድል ፈጠራ ዝለዓለ ግደ ዘለዎ ህዝባዊ ትካል እዩ። ቅድሚ 51 ዓመት ርኸት ሓርነት እንትውላዕ ንህዝቢ ትግራይ ብዙሓት ፀጋታት ሒዙ እዩ መፂኡ። ንኣብነት፣ ብኢኮኖሚ፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት፣ ኣተሓሳስባን ካልኦት ብዙሓት መንገድታትን ሓዱሽ ምዕባለን ለውጥን ከምፅእ ኮታስ ካብ ደርባዊ ወፅዓ ተናጊፉ ክመሃርን ማሕበረ ቁጠባዊ ዕብየት ከመዝግብን ዘኽአለ ዕድላት ፈጢሩ እዩ። ትካላት ትእምት ኣርሒቖም ብዝሓስቡ ተጋደልቲ እቲ ቃልሲ ብዘፍረዮ ሃፍቲ ብቑጠባ ተጠቒሞም ንባዕሎም እናጠመዩ እውን እንተኾነ ንህዝቢ ትግራይ ትካል ክንተኽለሉ ኣለና ኢሎም ዘጣየሸወን እየን። እዘን ትካላት ኣብ ኩለመዳይ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ ልዑል ዝላ ከምፅኣ ተሓሳቢ ብምግባር ዝተጣየሻን ንመላእ ህዝቢ ትግራይ ዝተወፈያን እየን። ብመንፅር እዚ፣ እዘን ትካላት ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ዝነበሮ ናይ ኢኮኖሚ ድቀት ወፂኡ ናብ ኢንዳስትሪ ንክሰጋገር በሪ ዝኸፈታን መርኣያ ኮይነን ዝቐፀላን እየን። ኣብ ልዕሊ እዚ ብሞያን ክእለትን ዝበቕዐ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምፍራይን ሰፊሕ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣርን ዝለዓለ ብፅሒት ዘለወን ትካላት ምዃነን ተጋዳላይ ኪሮስ የገንዝብ።

ምሕደራ ትካላት ትእምት በቢግዚኡ እናተመሓየሸ ዝመፀ ኮይኑ ቅድሚ ኩናት ኣብ ዝነበሩ ዓመታት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተወጊኖም እዮም። ትእምት ከም ህዝባዊ ትካል ብናይ ባዕሉ ቤት ምኽሪ ክምራሕ፣ እቲ ቤት ምኽሪ ድማ ንኩሉ ህዝቢ ትግራይ ዝውክልን ብላዕለዋይነት ዘማሓድረንን ክኸውን ተገይሩ እዩ። እዙይን ካልኦት ስራሕቲ ሪፎርምን ኣብ ምስላጥ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ግና ሃንደበታዊ ወራር ፅንተት ኣጋጢሙ እዩ። ብሰንኪ እቲ ዘጋጠመ ወራር ፅንተት ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝበፅሐ ከቢድ ጨፍጫፍ፣ ዕንወትን ዘረፋን ንብረት ብተወሳኺ ኣብ ትካላት ትእምት ትሉም ዝኾነ ዘረፋን ዕንወትን ተፈፂሙ እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ትካላት ትእምት ዝበፅሐ መጠን ዕንወት መፅናዕቲ እናተኻየደ ዝርከብ ኮይኑ ክሳብ ሕዚ ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ዝርከባ ትካላት ግና ኩነታተን ምፍላጥ ኣይተኽኣለን። ስለዝኾነ ንኹለን ትካላት ትእምት ዘካተተ ምሉእ መፅናዕቲ ተኻይዱ ምስተጠቓለለ ንህዝቢ ዕላዊ ክግበር ምዃኑ ተጋዳላይ ኪሮስ ይሕብር።

ኣብ 2012 ዓ/ም ወረዳታትን ከተማታትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም ክውደባ ብምግባር ብዙሓት ሓደሽቲ ምምሕዳር ከተማታትን ወረዳታትን ተወሲኽን እየን። ይኹን እምበር እዘን ሓደሽቲ ወረዳታትን ከተማ ምምሕዳራትን ኣብ ቤት ምኽሪ ትእምት ውክልና ክህልወን ከይተገበረ እዩ ፀኒሑ። ኣብ መበል ሻምናይ ህፁፅ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ትእምት ግና እተን ሓደሽቲ ወረዳታትን ከተማታትን ኣባላት ቤት ምኽሪ ትእምት ኮይነን ክቕፅላ ብቓለ ገባኤኡ ኣፅዲቑ ክሕቆፋ ወሲኑ እዩ። ብመሰረት እዚ ኩለን ወረዳታትን ከተማታትን ኣባላት ቤት ምኽሪ ትእምት ዝኾኑ በቢቤት ምኽረን መሪፀን ብምስዳድ ክውከላ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ዝተገበረሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትእምት ማዕረ ብፅሒት ስለዘለዎ እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ፣ ከምትእምት እቲ ቤት ምኽርን ቦርድን ብቦርድ ኣካቢ እዩ ዝምራሕ ነይሩ። ኣብ ሻውዓይ ህፁፅ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ትእምት ግና ኣካቢ ቦርድን ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ትእምትን ክፈላለዩ ውሳነ ብምሕላፍ ብቃለ ጉባኤ ኣፅዲቑ እዩ። ብመሰረት እዚ ድማ ተግባራዊ ኮይኑ ይርከብ። ብመሰረት ሕገ ደንቢ ትእምት እቲ ዝለዓለ ኣካል ትእምት ቤት ምኽሪ ትእምት ጥራሕ እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ ናይ ባዕሉ ኣቦ ወንበር ሃልዩዎ ኣብ ትሕቲኡ ሰለስተ ዓበይቲ ኮሚቴታት ቁፅፅርን ክትትልን ክህልውዎ ኣነፂሩ ብቃለ ጉባኤኡ ኣፅዲቑ እዩ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ እቲ ቤት ምኽሪ ዝመፀ መፂኡ ዘየናውፆ፣ ግልፅን ተሓታትነት ዘረጋግፅን ስርዓት እዩ ዝተኽል ዘሎ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ኢደ-ወነናውነት ንከይነግስ እዩ። እተን ትካላት ህዝባውነተን ሓልየን ማሕበረ ቁጠባ ትግራይ ኣብ ምድልዳል ርኡይ ተራ ክፃወታ፤ ካብቲ ዘለወኦ ከቢድ ማህሰይቲ ሓውየን ንቅድሚት ምዕባለ ኢንዱስትሪ ትግራይ ናብ ብራኸ ክሰጋግራን ማሕበራዊ ሓላፍነተን ክዋፅኣን ዘኽእል ምትዕርራይ እዩ ተገይሩ። ቅድም ክብል ቅድሚ ራብዓይ ህፁፅ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ትእምት ዝበዝሕ ኣባል ቤት ምኽሪ ትእምት ኣባል ማእከላይ ኮሚቴ ህወሓት እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ ራብዓይ ህፁፅ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ትእምት እቲ ተዋፅኦ ኣባላት ካብ ኩለን ቤት ምኽሪ ዘለወን ምምሕዳር ገፀር ወረዳታት፣ ከተማታት፣ ሓፋሽ ማሕበራትን ዩኒቨርስቲታትን ብዝተወከሉ ክኸውን ከምዘለዎ ተወሲኑ እዩ። ቤት ምኽሪ ትእምት ሕገ ደንቢ ትእምት ብዝፈቕዶ መሰረት ኣብያተ ምኽሪ ወረዳን ከተማን መሪፀን ብዝወከልኦም ኣባላት ክትካእ ተገይሩ። ካብተን ሓፋሽ ማሕበራትን ዩኒቨርስቲታትን እውን ዝውክልዎ ሰብ መሪፆም ብምስዳድ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ክሳተፉ ተገይሩ ኣሎ።

ካብዚ ቀፂሉ ምትዕርራይ ዝተገበረሉ እቲ ዝበዝሕ ኣባል ቦርድ ትእምት ስራሕ ፈፃሚት ህወሓት ከምዝነበረ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ከምቤት ምኽሪ ትእምት እዘን ትካላት ካብ ፖለቲካዊ ፅዕንቶ ነፃ ክኾና፤ ከምትእምት ድማ ህዝባዊ ትካል ኮይኑ ንክቕፅል ንትእምት ዝምጥኑ ሓደሽቲ መናእሰይን ውሱናት ከዓ ተሞኩሮ ዘሕልፉ ነባራትን ኣባላት ቦርድ ገይሩ መሪፁ እዩ። ብዘይካ እዚ ትካላት ትእምት ዝመርሕ (ፈፃሚ) ኣካል ብምድብ ዝቕመጠሉ ኩነታት ከምዝነበረ ይፍለጥ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና እዚ ናይ ምደባ መስርሕ ተሪፉ ብፍልጠት፣ ሞያዊ ዓቕምን ተሞክሮን ብምውድዳር ጥራሕ ክኸውን ተወሲኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ነቲ ቦታ ዝምጥን ሞያን ክእለትን ብዝወነኑ ዓለምለኻዊ ተዋዳዳሪ ብዝኾነ ብርኪ ትምህርቲ፣ ልምዲ ስራሕን ሞያዊ ብቕዓትን ንክምርሓ ከምቤት ምኽሪ ተወሲኑ ናብ ተግባር እናተሰጋገረ ከምዝርከብ ተጋዳላይ ኪሮስ የረድእ።

ብካሊእ መዳይ፣ ትካላት ትእምት ህዝባዊ ትሕዝቶአን ሓልየን ዓለምለኻዊ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ክውንና ዘኽእል ስራሕቲ ሪፎርም ብቐፃልነት ክካየድ፤ እዚ ድማ ብመፅናዕቲ ክውገን ከምቤት ምኽሪ ኣንፈት ኣቐሚጡ እዩ። ናይ ቤት ምኽሪ ትእምት ሓላፍነት እዘን ትካላት ህዝባውነተን ሓልየን፣ ውሽጣዊ ሕገ-ደንብን ስርዓትን ኣኽቢረን፣ በቲ ዝተቐመጠለን ሓላፍነት ሃፍተን ብምስሳን ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ክውዕል ምቁፅፃር እዩ። ብተወሳኺ ድማ እዘን ትካላት ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክበፅሓ ኣንፈት እናቐመጠ ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚን ኢንዳስትሪን ትግራይ ልዑል ብፅሒት ክህልወን መሪሕነት ምዕራፍ እዩ። ብፍላይ ብዓል ሃፍቲ ትግራይ ኣብዘይክእሎም ዘርፍታት እናኣተዋ መሪሕ ግዲኦን ክፃወታ ምግባር የካትት። ከምኡ እውን ዝተመረፁ ዓለምና ዝበፀሐቶም ቴክኖሎጂታት ናብ ትግራይ ብምትእትታው ሓይሊ ሰብ ብምብቃዕ ትግራይ ማእኸል ቴክኖሎጅን ኢንዳስትርን ንክትከውን መሪሕ ግደ ትእምት ክብርኽን ምስዕዳጋ ዓለም ዝተኣሳሰር ስራሕቲ ክሰርሓ ምግባርን የጠቓልል።

ትእምት ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዝሸፍንዎ ስራሕቲ ኣይኣቱን። ዋና መመስረቲ ዕላማ ትእምት፣ ነታ ብሰንኪ ጨቆንቲ ስርዓታትን ብተደጋጋሚ ኩናታትን ወዲቓ ኣብ ጭራ ዝነበረት ትግራይ እግሪ ንኽትተክል፣ ብኢንዳስትርን ኢኮኖምን ማዕቢላ ምስዓለም ክትወዳደር ዘኽእልዋ ስራሕቲ ንኽውግን እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ዓበይቲ ዘርፍታት ማለት እውን ኣብ ቁጠባ ትግራይ ለውጢ ከምፅኡ ዝኽሉን ብመንግስትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ክሸፈኑ ዘይኽእሉ ዓውድታት ኢንቨስትመንት ብቆራፅነት እናኣተወ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ዘቃልሉ ዕዳጋ ተኮር ምህርትታት ኣብ ምፍራይ ትኹረት ገይሩ ይሰርሕ። ትእምት ናይቶም ብሂወት ዘለዉን ዘየለዉን ወፅዓ ህዝቢ ትግራይ ኣሕሚሙዎም ናብ ገድሊ ዝወፈሩ ቀያሕትን ፀለምትን ደቂ ህዝቢ ቀዋሚ ትካል እዩ። ኣብ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ተጋደልቲ ትግራይ ካብታ ዝረኸቡዋ እናኾጠቡ ዝተዋህለለ ሃፍቲ ንሕድሕድ ተጋዳላይ ህወሓት ካብ ዝምቀል ኢሎም ኣንዊሖም ብምሕሳብ ዝተኸልወን ትካላት እየን። ስለዝኾነ ናይቶም ምእንተ መንነቶም፣ ክብርታቶም፣ ኮታስ ምእንተ ትግራይን ህዝባን በጃ ኮይኖም ዝተሰውኡ፣ ኣካሎም ዝጎደሎን ዝርሃፁን ተጋደልቲ ትግራይ ዓሸራ ኮይነን ንህዝቢ ትግራይ ዝተወፈያ እየን። እዚ ማለት ቀንዲ በዓልዋንኣንን እዘን ትካላት ክትከላ ምንጪ ዝኾነን እቲ ነቲ ቃልሲ ካብ ደቁ ክሳብ ንዋቱ ዘወፈየ ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ እዩ።

ኣጠቓሊልካ እንትርኣ፣ እዘን ትካላት ተጋሩ ብሞይኦም ተቖፂሮም ብምግልጋል ተረባሕቲ ካብ ምዃን ብተወሳኺ ሞያን ክእለትን ዝውንኑለን ዘለዋ ትካላት እየን። እቲ ዝፈጠርኦ ዕድል ስራሕን ኣብ ስግግር ሞያን ክእለትን ዘበርከትኦ ግደን ኣብ ኩለመዳይ ማሕበረ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ትግራይ ዘሕደሮ ኣዎንታዊ ፅልዋ ልዑል እዩ። ስለዝኾነ ነዘን ናይ ህሉዋትን ስውኣትን ሰብ ነዊሕ ራእይ ተጋደልቲ ትግራይ ዓሸራን መዘከርታን ዝኾና ህዝባዊ ትካላት ትእምት ከምህዝቢ ክንሕልወንን ካብ ዝኾነ ይኹን ሓደጋ ክንከላኸለለንን ግቡእ ኩሉ ትግራዋይ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ቀፃሊ ሕታም እዘን ትካላት በቲ ዝድለ ተመሪሐን ዶ? ሰሲነን ዶ? ቐፃሊ ጉዕዞኦን ከ? ዝብሉን ካልኦት ዛዕባታትን ክነቕርበልኩም ኢና። ክሳብ ሽዑ ሰናይ ቅንያት!

ዓውደ - ትምህርቲ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ጉራምራ መልክዕ ዘፈር ትምህርቲ

ድሕሪ ኲናት ፅንተት ዘፈር ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ከቢድ ፀገም ወዲቑ ከምዘሎ ዝፍለጥ እዩ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ብስንኪ ወረርቲ ሓይልታት ንከቢድ ዕንወትን ዘረፋን ስለዝተሳጥሓ እዩ። ኣብ ልዕሊ ተምሃሮ፣ መምህራንን መላእ ማሕበረሰብ ትምህርትን እውን ከቢድ ጉድኣትን ስነ-ልቦናዊ ሃሰያን ከምዘጋጠመ ምርዳእ የድሊ። ብፍላይ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈፀመ ትሉም ዕንወትን ዘረፋን እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ ድሕሪ ወራር ፅንተት ትምህርቲ ንምጅማር ኣዝዩ ፈታኒ ክኸውን ገይሩዎ። ይኹን እምበር ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ በቲ ብወረርቲ ሓይልታት ዝተፈፀመን ዕንወትን ጉሕለት ንብረትን ክስኮና፤ ወለዶ ኣደዳ ድሕረትን ድንቁርናን ክኸውን ምግባር ዕላማ ፀላእቲ ምኺኑ ብምርዳእ ቀልጢፉን ምስመምህራን፣ ወለዲ ተምሃሮን ማሕበረሰብ ትምህርትን ከምኡ እውን ምስመላእ ሕብረተሰብን ተላዚበን ትምህርቲ ክጅምራ ተገይሩ። በዚ ድማ ተምሃሮ ትግራይ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክምለሱ ክኢሎም። ምስትካላት ገበርቲ ሰናይ፣ ሰብ ሃፍቲ፣ መንግስትን መላእ ሕብረተሰብን ተዋዲድካ ብምስራሕ ድማ ቀስ ብቐስ ካብቲ ዘጋጠመን ዕንወትን ዘረፋን ንክወፃ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ናይ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡን ኣሎን። ብዘይካ እዚ ኣብ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ፣ ምምላእ ናውቲ ትምህርትን ሓይሊ ሰብን እውን ዝነበሮ ፀገማት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተመሓየሸ ክኸይድ በቲ ቢሮ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ዝነኣድ እዩ። ንሎሚ እምበኣር ኣብ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ዝካየድ ዘሎ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እንታይ ከምዝመስል ዳህሲስና ዘዋደድናዮ መደብ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ቅድሚ ኲናት ፅንተት ዝሓሸ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ካብ ዝነበረን ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ መቐለ ሓደ እዩ ነይሩ። ከም ቤት ትምህርቲ ክህነፅ እንከሎ ደረጅኡ ዝሓለወን ናይ ስፖርት ሜዳ ሓዊሱ ኩሉ ነገር ዘማልአን እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ኲናት ከቢድ ሃሰያ በፂሑዎ እዩ። ኣብ ልዕሊ ንብረት እቲ ቤት ትምህርቲ ዘጋጠመ ዘረፋ ጥራሕ ዘይኮነ ኣመራርሓ፣ መምህራንን ተምሃሮን እውን ኲናት ፅንተት ንምምካት ወፊሮም ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈሉ ኣለዉ። በዚ ምኽንያት ብብዙሕ መንገዲ ተሃስዩን ተዳኺሙን እዩ ምባል ይከኣል። ዝኾነ ኮይኑ ግና ዋላ ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ኮይንካ እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክኣቱን ተምሃሮ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክምለሱን ተገይሩ እዩ። ካብ ሚያዝያ 2015 ዓ/ም ጀሚሩ ብፕሮግራም ዝተሳለጠ ትምህርቲ ተምሃሮ ምስዕድሚኦም ዝመጣጠን ደረጃ ትምህርቲ ንክህልዎም ንምግባር ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ብዘውረዶ ኣንፈት መሰረት እናምሀረ ፀኒሑ። ቀፂሉ ድማ ኣብ 2017 ዓ/ም ናብ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብምስግጋር ተምሃሮ ብምሉእ ዓመት መርሃ ግብሪ እኹል ፍልጠት ጨቢጦም ንክሓልፉ ልዑል ፃዕሪ እናተገበረ ከምዝርከብ ርእሰ መምህር ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር መምህር ልኡል ገ/ስላሴ ይገልፁ።

እቲ ዘሎ መምህር ነቲ ኩነታት ኣብ ግምት ስለዘእቱ ብልዑል ትግሃት እዩ ዘምህር። ብዙሓት ናይ ናብራ ፀገማትን ሕቶታትን ዋላ እንተሃለዉዎ ስርሑ ግን ብዝግባእ እዩ ዝሰርሕ። ነዊሕ ርሕቐት ተጓዒዞ ኣብ ሰዓቱ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ተረኺቡ ተምሃሮኡ ብዝግባእ እናምሀረ ይርከብ። ኩሉ መምህር ኣብ ስርሑ ትጉህን ጠንካራን እዩ። በቲ ዝለፍዕዎ መጠን ዝመፅእ ውፅኢት ግና ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኩነታት ኣዕርዩ ዝፀለዎ ተምሃራይ እዩ ዘሎ። ካብቲ ኲናት ፅንተት ዝፈጠሮ ስነ-ልቦናዊ ሃሰያ እውን መሊኡ ክወፅእ ኣይከኣለን። ኣብ ልዕሊ እዚ እቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብክልተ ሽፍቲ ስለዝኾነ ተፃቢብካ እዩ ዝካየድ። ኣብዚ ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ እየን ዘለዋ። ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለካቲት 23 ምስዓይደር ተደሪባ ብክልተ ሽፍቲ እየን እናምሀራ ዝርከባ። ምኽንያቱ ድማ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለካቲት 23 ምሉእ ብምሉእ ብተመዛበልቲ ተታሒዞ ስለዘሎ እዩ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ተምሃሮ ብምሉእ ዓመት መርሃ ግብሪ ናብ ምምሃር ድሕሪ ምስግጋር ዝድለ ፍልጠት ይጭብጡ ምህላዎ ንምፍታሽ ጥንክር ዝበለ ኣፈታትና ስርዓት ከምዝተኸተሉ ይገልፁ። ንኣብነት፣ ኣብ 11 ክፍሊ ካብ 1,241 ተምሃሮ እቶም 84 ናብ 12 ክፍሊ መሕለፊ ነጥቢ ኣይረኸቡን። እዚ ዘርእየካ እቲ መሕለፊ ነጥብን ናይ ፈተና ስርዓትን ጠንካራ ምኺኑ እዩ። እዚ ማለት ግን እቶም ዝሓለፉ እውን ኩሎም ናቶም ሰሪሖም እዮም ሓሊፎም ምባል ኣይከኣልን። እዚ ንክትብል ዝገብረካ ኣብ ቤተ ንባብ ኮፍ ኢሉ ዘፅንዕ ተምሃራይ ዳርጋ የለን። በዚ ምኽንያት እቲ ኣፅኒዑ ናይ ባዕሉ ሰሪሑ ዝሓልፍ ተምሃራይ በዝሒ ዉሑድ ምኺኑ ምርዳእ ይከኣል። ንትምህርቲ ድሉው ዝኾነ ዉሑድ እዩ። ዝበዝሕ ተምሃራይ ኣብ ክፍሊ ኮፍ ክብል ዘይደሊ፣ ዕዮ ገዝኡ ሰሪሑ ዘይመፅእ፣ ካብ ትምህርቲ ምትራፍ ዘየጨንቖ ዓይነት መንፈስ እትዕዘበሉ እዩ። ከምቤት ትምህርቲ ግና ካብዚ ከምዚ ዓይነት መንፈስ ንምውፃእ ምስወለዲን ወመተሕን ተቐራሪብካ ብዙሕ ፃዕሪ እናተገበበረ እዩ። ሕዚ እውን ግና መሊኡ ኣይተቐረፈን።

መምህር ልኡል፣ "ሓንቲ ኣብ ወለዲ ዘላ ፅብቕቲ ተበግሶ ንደቆም ቋንቋ ኢንግሊዝኛ ከምህሩ ይራኣዩ። እዚ ነቶም ተምሃሮ ዋላ እቲ ካሊእ ትምህርቲ ብዙሕ ትኹረት ኣይሃብዎ ብቋንቋ ኢንግሊዘኛ ኣፎም እናፈትሑ እንትኸዱ ቀስብቐስ ናይ ትምህርቲ ምቕባል ዓቕሞምን ድልየቶምን እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ። ነቶም ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ንምርዳእ እውን ይቕሎም እዩ" ይብሉ። ከምቤት ትምህርቲ እውን ንተምሃሮ ዝግበሩ ትምህርታዊ ሓገዛት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 300 ሽሕ ብር ንፍሉይ ሓገዝን ን12 ተምሃሮን ብምብጃት ቀዳም ምሉእ መዓልቲ ክመሃሩ እናተገበረ ይርከብ። በዚ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ትምሃሮ ሒሳብን ኢንግሊዝኛን ፍሉይ ሓገዝ ትምህርቲ፣ ን12 ክፍሊ ተምሃሮ ድማ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ቀዳም ሓገዝ ትምህርቲ ይወሃቦም።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ እቶም ተወሳኺ ሓገዝ ትምህርቲ ዝህቡ መምህራን እውን እቶም ዝሓሸ ትምህርቲ ናይ ምምሕልላፍ ዓቕምን ልምድን ዘለዎም ንክኾኑ ባዕሎም እቶም ተምሃሮ ብዝህብዎ ሓበሬታ እዮም ዝምደቡ። ነቶም መምህራን ዝኽፈል ናይ ታክሲ ክፍሊት እዩ ክበሃል ዝኽእል እምበር ብዙሕ ዝረብሕ ኣይኮነን። እቶም መምህራን ድሌት ስለዘለዎም እምበር ኣብ ካሊእ ከይዶም ካብኡ ዝሓሸ ገንዘብ ክረኽቡ ዝኽእልሉ ኩነታት ኣሎ። ስለዚ ንተምሃሮኦም ናይ ምብቃዕ ልዑል ተበግሶን ድልየትን ስለዘለዎም እምበር ንረብሓ ኢሎም ከምዘይኮኑ ምርዳእ የድሊ።

ኣብ ኩሉ ደረጃ ክፍልታት ከካብ ክፍሎም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓምሻይ ደረጃ ዝሓዙ ንፉዓት ተምሃሮ ንበይኖም "ስፐሻል ክላስ" ብዝብሃል ተፈልዮም እዮም ዝመሃሩ። እዚኦም ነንባዕሎም ሓያል ንሕንሕ እዩ ዘለዎም። ሎሚ ድማ ምስቲ ቴክኖሎጂ በፂሑዎ ዘሎ ደረጃ ተተሓሒዙ ንምቅድዳሕ ጥራሕ ዘይኮነ ብ"AI" ቴክኖሎጂ ተጠቒምካ ፈተና ምስራሕ እውን ከጋጥም ይኽእል እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ እዋን ፈተና ልዑል ጥንቃቐ እዩ ዝግበር። ንኣብነት፣ ኣብ ሓደ ክፍሊ 30 ዝኾኑ ተምሃሮ ኣብ እዋን ፈተና "AI" ተጠቒሞም ብዝብል ጥርጣረ ፈተንኦም ተታሒዙ ብኮሚቴ ምፅራይ ይግበረሉ ኣሎ። ይኹን እምበር ኣብ እዋን ፈተና ምስቲ ዘሎ በዝሒ ተምሃራይን ፅበት ክፍልታትን ምሉእ ብምሉእ ምቅድዳሕ የለን ምባል ኣይከኣልን። 20 መምሃሪ ክፍልታት ጥራሕ ኣለዋ። ኣብዚኣን ንልዕሊ 1,250 ተምሃራይ ምፍታን ኣፀጋሚ እዩ። ካብዚ ዝብገስ እቲ ናብ ቀፃሊ ደረጃ ክፍሊ ዝሓልፍ ዘሎ በዝሒ ተምሃራይ ኩሉ ናቱ ሰሪሑ እዩ ሓሊፉ ንምባል ኣየድፍርን። ብዝተኻኣለ መጠን ግን ነቶም ንፉዓት ተምሃሮ ፈሊኻ ንበይኖም ክፍተኑ ብምግባርን ፈተንቲ መምህራን ድማ ጥቡቕ ክትትልን ቁፅፅርን ክገብሩ ልዑል ፃዕሪ ከምዝግበር እዮም እቶም ርእሰ መምህር ዘገንዝቡ።

ብመሰረቱ ፈተና ንመምህር ናይ ሕልና ጉዳይ እዩ። "እቲ ሕዚ ዝመሃር ወይ ዝበቅዕ ዘሎ ተምሃራይ ፀኒሑ ናዓይን ንደቀይን ክሕክመና እዩ። ንደቀይ ከምህረለይ እዩ። ስለዝኾነ ትኽክለኛ ፍልጠት ሒዙ ክሓልፍ ኣለዎ ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ እቲ መምህር"። እቲ ወለዶ ናይ ምህናፅ ሓላፍነት ኣብቲ መምህር እዩ ዘሎ። ካብዚ ተበጊሱ ናይ ሕልና ስራሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ኩሉ ተምሃራይ ኣፅኒዑ ፅዒሩ ዝረኸቦ ፍልጠት ሒዙ ክሓልፍ እንተኾይኑ መምህር ብዝግባእ ሓላፍነቱ ክዋፃእ እንተኸኢሉ እዩ። ብሓፈሻ ግና መምህር እንተኾይንካ ነዚ ብደንቢ ምግንዛብን ንሕልናኻ ተገዚእ ኮይንካ ምስራሕን ከምዝሓትት ምርዳእ የድሊ።

ብካሊእ መዳይ፣ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ምምላእ በቲ ዝድለ መጠን ኣይኮነን። ንኣብነት፣ ቤተ ፈተነ የለን። ጨንፈር ማእኸል እውን ዛጊድ ናብ ስራሕ ኣይኣተወን። ኣብ ኮምፒተር ማእኸል ግና ዝተወሰነ ዝተጀመረ ነገር ኣሎ። ቤተ ንባብ እውን እቲ ዘሎ በቲ ዝድለ መጠን ብዘይምኺኑ ምስቲ ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ዝኸዱ ሓደሽቲ መፅሓፍቲ ንምዕዳግ ኣብ ከይዲ እዩ ዝርከብ። ቀረብ ማይ ብውሱን መልክዑ ኣሎ እኹል ግን ኣይኮነን። ናይ ተምሃሮ ንክልቲኡ ፆታ ዘገልግል ዓይነ ምድሪ ኣሎ። መምህራን እውን ኣብኡ እዮም ዝጥቀሙ። ስለዚ ከምቤት ትምህርቲ ናውቲ ትምህርቲ ምሉእ ብምሉእ ተማሊኦም ምባል ኣይከኣልን። ምስሓላፍዘላፉ ግና ንምምላእ ዝግበሩ ፃዕርታት ኣለዉ።

ኣብ ልዕሊ እዚ "Vocational" ዝብሃል በቲ ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ዝመፀ ሞያታት ተንከፍ ዓይነት ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ብሃገር ብርኪ ኣብ 2017 ዓ/ም እዩ ተጀሚሩ። ኣብ ትግራይ ግና ንመጀመርታ ሎሚዘበን ዝተጀመረ ኮይኑ ንሱ እውን ኣብ ዝተወሰና ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ መቐለ ጥራሕ እዩ ዝወሃብ ዘሎ። "ቮኬሽናል" ማለት ኣብ ትሕቲኡ ብዙሓት ሞያታት ዝሓቖፈ እዩ። ናይ ጥዕና፣ ፋይናንስ፣ ኮንስትራክሽን፣ ጋዜጠኝነት፣ ማርኬቲንግ ወዘተ እናበለ ክሳብ 40 ዝበፅሕ እዩ። ንኩሉ ሞያ ክተምህር ስለዘይትኽእል ንዝተወሰኑ ዝተመረፁ ሞያታት ጥራሕ ኢኻ ተምህር። ሕድ ሕድ ሞያ 10 ክፍለ ግዜ ኣለዎ። ካብዚኣን እተን ሓሙሽተ ብስነ-ሓሳብ እተን ዝተረፋ ድማ ብተፃራሪ ሽፍቲ እናመፁ ብተግባር እዮም ዝመሃርዎ። እንተኾነ ግና ንሕድ ሕድ ሞያ ብኡ ዝተመረቐ መምህር ኣይተመደበሉን። ንኣብነት፣ ጥዕና ተንከፍ እንተኾይኑ ናይ ስነ-ሂወት መምህር ምንም ዓይነት ስልጠና ከይወሰደ "ደሪብካ ኣምህር" እዩ ዝብሃል። እዚ እውን ሓደ ዓብዪ ፀገም ኮይኑ ይርከብ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ዝሳለጥ ዘሎ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሓሸ ንክኸውን ኣብ መምህራን ዘሎ ትግሃትን ፃዕርን ብእወንታ ዝውሰድ እዩ። ንተምሃሮ ዝግበር ቁፅፅርን ክትትልን እውን ብስሪት ዝተደገፈ ብምኻኑ ዝድገፍ እዩ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ናይ ትምሃሮ ናይ ምምሃር ድልየት ዝተሓተ ምኻኑን ዓርሶም ብትምህርቲ ንምዕባይን ፍልጠት ንምውሳኽን ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ድኹም እዩ። እዚ ጉዳይ ንተምሃሮ ቀፃልነት ዘለዎም ስልጠናታት ሕውየት ስነ-ልቦና ከምዘድልዩ እዩ ዘርኢ። ምስወለዲ ተምሃሮ፣ ወመተሕ፣ መምህራንን ኣብ ኣመራርሓ ትምህርትን እውን ዝተናበበ ስራሕ ይጠልብ። ካሊእ ድማ ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብክልተ ሽፍቲ ዘምህራሉ ስለዝኾነ ፅበት መምህሪ ክፍልታት ኣሎ። ስለዝኾነ ኣብያተ ትምህርቲ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ካብ ምኻን ንክወፃ ተመዛበልቲ ወገናት ናብ መረበቶም ክምለሱ ምግባር የድሊ። እዚ በዚ እንተቐፂሉ ግና ተምሃሮ ኣብ ትርፊ ሰዓቶም ተወሳኺ ሓገዝ ትምህርቲ ኮነ ናይ ተግባር ትምህርቲ ንምርካብ ኣፀጋሚ እዩ። እቲ "ቮኬሽናል" ትምህርቲ እውን በቲ ሞያ ዝተመረቑ ወይ ብቑዕ ስልጠና ዝወሰዱ መምህራን ኣይተመደብሉን። ኣብ ቀረብ ሓገዝቲ ናውቲ(እታዎታት) ትምህርቲ ዘሎ ኩነታት እውን ጉራምራ እዩ። ስለዝኾነ ካብዚ ዝበለፀ ዓቕሚ ፈጢርካ ተምሃሮ ዝግባእ ፍልጠት ሒዞም በቒዖምን ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ንክሓልፉ ተወሳኺ ፃዕርን ምንቅስቓስን ክግበር ይግባእ።

መምህር ልኡል ገ/ስላሴ
ርእሰ መምህር ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር



ንህላወ ህዝቢ ትግራይ እትጋደል ጋዜጣ ወይን!

# ተጋድሎ

# መትከላዊ ፅንዓት ብሄረሰብ ኩናማ

ሳልሳይ ክፋል

ማእለያ ዘይብሉ ኣጋር ሰራዊትን ዘመናዊ ኣፅዋራት ዝተዓጠቐ ሓይሊ መካናይዝድን እዚ ሰሜን 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ብጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ፣ ምልሻታት ኣድያቦን ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ምስተቐጥቀጠ ብዙሕ ኣይፀንሐን:: ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ተጎልቢቡ ምውት፣ ቁሱልን ምሩኽን ኮነ:: ገለ ክፋሉ ድማ ጭርኡ ደጒሉ ብምህዳም ዶብ ሰጊሩ ንኤርትራ ኣትዩ ናብ ሰራዊት ሻዕብያ ተፀምበረ:: ሰራዊት ኢትዮጵያ ዳግመ ምትዕርራይ ገይሩ ምስ ዕሱብ ሰራዊት ሻብያ ብምውዳድ 29 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ናብ መሬት ኣድያቦ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ኣትዩም ውግእ ጀመሩ::

ኣብ ሓቀኛ ዕላማ ተሰሊፎም ሓቦን ፅንዓትን ዝሰነቑ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ፣ ምልሻታት ኣድያቦ፣ ምልሻታት ከተማ ሽራሮን ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ድማ ምእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ መስዋእቲ ኸፊሎም ክምክቱ ወሰኑ:: ይኹን እምበር ሓይልታት ልፍንቲ ሽሾ ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ፋኖ፣ ዕጡቓት ኣምሓራ፣ ማእለያ ዘይነበሮ ኣጋር ሰራዊት ሻዕብያን ሓይሊ መካናይዝድን ጥምረት ፈጢሮም ብኹሉ ኣንፈት ሰራዊቶም ብምኽታት ውግእ ጀመሩ:: 30 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ተፀዕኖ ፈጢሮም ናብ መሬት ኣድያቦ ምእታው ምስጀመሩ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ንድሕሪት ኣንሳሒቦም ብድብያ እናተዋግኡ ክምክቱ ከምዝተገደዱ ኣብ ካልኣይ ክፋል ምቕራብና ይዝከር:: ንሎሚ ድማ ምንቅስቓስ ፀላእትን መኸተ ጀጋኑናን እንታይ ከምዝመስል ዝድህስስ መቐፀልታ ውዕሎ ተጋድሎ ጀጋኑና ክነስዕብ::

ንምእማኑ ዘፀግም ማእለያ ዘይብሉ በዝሒ ሰራዊትን ዘመናዊ ኣፅዋርን ዝተዓጠቑ ልፍንታውያን ወረርቲ ንከተማ ሽራሮ ሓደ ሕዳር 2013 ዓ/ም ከባቢ ሰዓት ሸውዓተ ናይ ቀትሪ ተቖፃፀርዎ:: ሂወቱ ንምድሓን ኣቐዲሙ ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዝተመዛበለ ህዝቢ እውን ቀቅድሚ ፀላኢ እናተጓዓዘ ብናይ ፀላኢ ኸበድትን ፎኩስትን ኣፅዋራት እናተደብደበ ተጓዓዘ:: ህዝቢ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦን ከተማ ሽራሮን እውን ገሊኡ ንበይኑ ገሊኡ ድማ ምስቲ ካብ ምዕራብ ትግራይ ዝተመዛበለ ህዝቢ እናተሓወሰ ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ክጓዓዝ ተገደደ:: ፀላእትና ፆታ፣ ዕድመ ይኹን ሃይማኖት ከይበሉ ንህዝቢ ትግራይ ከፅንቱ ዝኸፈትዎ ኲናት ምዃኑ ዝተረደአ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ይኹን ህዝቢ ኣድያቦ ሂወቱ ከድሕን ለይትን ቀትርን እናወደቐን እናተልዓለን ናብ ዝመሰሎ ካብ ምህዳም ወፃኢ ኣማራፂ ኣይነበሮን:: ካብዚ ዝብገስ ድማ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ውልድን ወላድን ካብ ሞት ንምድሓን በብዝመሰሎም ተጓዒዞም ፋሕ ጭንግራሕ ኢሎም ተበታተኑ:: ህዝብና በቶም ናተይ ዝብሎም ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያን ኣራዊት ሰራዊት ሻዕብያን ንምግላፁ ዘፀግም ግፍዕን መከራን ኣብ ልዕሊኡ ወረደ:: ብዙሓት ንፁሃት ወገናት በቲ ኲናት ግዳይ ሞትን ኣካላዊ ጉድኣትን ኮይኖም:: በዚ ኣቢሎም ፀላእቲ 2 ሕዳር 2013 ዓ/ም ብኹሉ ኣንፈት ንከተማ ሽራሮ ሓዊሱ ናብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ምሉእ ብምሉእ ከምዝኣተዉ ምክትል ዋና ኣመሓዳሪን ሓላፊ ዘፈር ፀጥታን ምምሕዳርን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ተጋዳላይ መብራህቶም ገዛኢ የዘንቱ::

ተጋዳላይ መብራህቶም እንትቕፅል፤ ፀላኢ ብኹሉ ኣንፈት ፅዕንቶ ብምፍጣሩ ኩሉ ሓይሊ መኸተ ብፀላኢ ተኸቢቡ እናሃለወ ነቲ ኩነታት ክግምግም ተገደደ:: ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ በብደረጅኡ ዝነበረ ኣመራርሓ ኣብ ዓዲ ሃገራይ ተኣኪቡ ቀልጢፉ ነቲ ኩነታት ድሕሪ ምግምጋሙ ንፀላኢ ማዓዝ፣ ኣበይ ብኸመይ? ክከላኸሉን ከጥቅዑን ከምዘለዎም ቀልጢፎም ወሰኑ:: ላዕለዎት ወታደራዊ መራሕቲ ትግራይ ብዘነፀርዎ ኣንፈት መሰረት ኣብ ዓዲ ሃገራይ ከባቢ ማይ ሑፃ ሓዱሽ ምትዕርራይ ተገብረ::

ልፍንታውያን ወረርቲ ብዘይዕረፍቲ ለይትን ቀትርን ኣጋር ሰራዊቶም እናምርሑ ብኸቢድ ብረት እናደብደቡ ብኩሉ ኣንፈት ምንቅስቓስ ጀመሩ:: ገለ ክፋል ሓይሊ ፀላኢ ሰራዊት ሻዕብያ ብቢያራ፣ ባድመ ገይሩ ሽተለ ብዝበሃል ከባቢ ቆሪፁ ብኣንፈት ዓዲ ኣውዓላ መፀ:: ገሊኡ ድማ ብኣንፈት ሽራሮ ኣቢሉ ንጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ፣ ምልሻታት ኣድያቦን ንኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ከቢቡ ብቐሊሉ ንምሓዝ ኣስፈሑ ተንቀሳቐሰ::

ኩሉ ሓይሊ ምክልኻል ትግራይ ብበዝሒ ሰራዊትን ኣፅዋርን ፀላእቲ ከይተደናገፀ ጥምየት፣ ፃምእ፣ ድኻምን ካልኦት ፀገማትን ተፃዊሩ ኣብ ማይ ሑፃ 4 ሕዳር 2013 ዓ/ም ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ተኸላኸለ:: እንተኾነ ግን ሓይሊ ወገን ምስ ሓይሊ ፀላኢ ፈፂሙ ዝመጣጠን ኣይነበረን:: ፀላኢ በዝሒ ዘለዎ ሰራዊትን ማእለያ ዘይብሉ ዘመናዊ ኣፅዋርን ኣሰሊፉ ከጥቕዕ ፈተነ:: ይኹን እምበር ንድፋዕ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማን ካልኦት ኣባላት ምልሻ ኣድያቦን ከምኡ እውን ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ዝሓዝዎ ዕርዲ ከልቅቕ ኣይከኣለን:: ፀላኢ በዝሒ ዘለዎ ኣጋር ሰራዊትን መካናይዝድን ጥራሕ ተጠቒሙ ከምዘይሰዕር ምስተረደአ ከምሚግ፣ ሄሊኮፕተርን ድሮንን ዝበላ ነፈርቲ ውግእ ተሓጊዙ ጀጋኑና ከምበርክኽ ብኹሉ ዓቕሙ ተረባረበ:: ግን ኣይኮነሉን:: ጀጋኑ ትግራይ ብዝተዋደደ ዝገበርዎ ምክልኻል ፀላኢ ኣብዚ ውግእ ከምቆፀሊ ረገፈ:: ግን ድማ ንምእማኑ ዘፀግም ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት እናተጎልበበ እውን ፅዕንቶ ክፈጥር ጀመረ::

ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ ዝርከብዎም ጀጋኑ ምልሻታት ታሕታይ ኣድያቦን ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ብወገኖም ንነዊሕ ሰዓታት ከቢድ ምክልኻል ገበሩ:: ፀላኢ ብምድርን ሰማይን ፅዕንቶ ምስፈጠረ ግና ድሕሪ ፍርቂ መዓልቲ ናብ ዝጥዕሞም ከባቢ ኣንሰሓቡ:: ኣብ ሓፂር ሰዓታት ሓዱሽ ኣወዳድባ ገይሮም 5 ሕዳር 2013 ዓ/ም ንኸባቢ ዛግርን ዓዲ ገዞሞን ሕልፍ ኢሎም ንዓዲ ነብርኢድ ኣብ ዘውፅእ ከባቢ ዓረዱ:: ኣብዚ ዕለት እዚ ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ብግምት ተፀገዖም:: ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማን ምልሻታት ታሕታይ ኣድያቦን ኣብ ወሳኒ መሬት ዓዶም ኣድብዮም ብምፅናሕ ሓመድ ገበርዎ:: ቑፅሩ ዘይናዓቕ ሰራዊት ሻዕብያ ምውትን ቁሱልን ኮነ:: ታንኪታቱ በቶም ጀጋኑ ተቓፂለን ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ክኾና ገበርወን:: እንተኾነ ግና ፀላኢ ካብቲ ዘሰለፎ ሽሾ ኣጋር ሰራዊቱ ብተወሳኺ ከበድቲ ኣፅዋራትን ነፈርቲ ውግእን ተጠቒሙ መጥቃዕቲ ምስጀመረ ጀጋኑና ሕዚ’ውን ናብ ዝጥዕሞም ኣንሳሓቡ::

ልፍንታውያን ወረርቲ ነቲ ዝተገብረ ምንስሓብ ተጠቒሞም 6 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ብምእታው ክሳብ ዓዲ ነብርኢድን ዓዲ ዳዕሮን ተቖፃፀርዎ:: ብድሕሪ እዚ ምልሻታት ታሕታይ ኣድያቦ ብዝተወደበን ዘይተወደበን መንገዲ ኣብ በረኻታት ዓዶም ዓሪዶም ስልቲ ደባይ ውግእ እናተጠቐሙ ምስ ዝመፆም ሓይሊ ፀላኢ ለይትን ቀትርን እናተዋግኡ ቀፀሉ:: ናይተን ብተከዘን ገምሃሎን ኣባላት ምልሻ ዝሓዛ ክልተ ሓይሊ ደሃይ ክሳብ ዝርከብ እቲ ዝበዝሕ

ብስጋን ብዕላማን ዝተኣሳሰሩ ጀጋኑ ተጋደልቲ ብሄረሰብ ኩናማ

ምልሻ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ምስ ካልኦት ኣባላት ምልሻ ብምትእስሳር ማእኸሎም ዝባን ገደና ገይሮም ከመይ ከምዝከላኸሉ ብላዕለዎት ኣመራርሓ ኦሬንቴሽን ከምዝተወሃቦም ተጋዳላይ መብራህቶም የዘንቱ::

ኣባል ብሄረሰብ ኩናማ ተጋዳላይ ማሞ ፍርንጊ ብወገኑ ኣብዚ ታሪኻዊ ፍፃመ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል:: ብዝተፈላለየ ኣንፈት ተበቲኖም ለይትን ቀትርን ትውግእ ዝቐነዩ 36 ሓንቲ ሓይሊ ዝኾኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ ከካብ ዝነበርዎ ብኣጋጣሚ ተራኸቡ:: ኣብ ዝባን ገደና ምስ ዝነበሩ ካልኦት ኣባላት ምልሻ ታሕታይ ኣድያቦ ብምዃን ዘተዩ:: ዕላማ እቲ ዘተ ብዕድመን ሕማምን ምኽንያት ብረቶም (ዕጥቆም) ሒዞም ክይወፁ ዝተረፉ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ብምንባሮም ብዛዕበኦምን ብዛዕባ ዝሓዝዎ ብረትን ምንባሩ የረድእ:: እዞም ኣብ ዓዲ ዝተረፉ ኣባላት እንተተኻኢሉ ምስ ብረቶም ክወፁ እንተዘይኮይኑ ድማ ነተን ብረት ከረክብወን ብዝብል ዘትዮም ኣብ ምርድዳእ በፅሑ:: ነዚ ድማ ናብ ውሽጢ ፀላኢ ሽሊኾም ኣትዮም ዘፈፅሙ ኣባላት ተሓረዩ:: ተጋዳላይ ማሞ ፍርንጊ ንባዕሉ ሓዊሱ ንተጋዳላይ ኣምቦል ከንቲባ፣ ሰመረ በኪ፣ ሃፍቶም ነጋሽ፣ ከላሽን ቧምቧ፣ ኣብርሃለይ ሳህለ ዝተብሃሉ ሽዱሽተ ጀጋኑ ነቲ ተልእኾ ክፍፅሙ ሓላፍነት ተውሂቦም:: እዞም ጀጋኑ ፀላኢ ናብ ዝሓዞ ከባቢ ኣደሚቲ፣ ገዛ ዱራ፣ ገዛ መቖርን መዳበን ኣትዮም ነቶም ኣባላትን ነተን ብረትን ሒዞም ክወፁ ተነገሮም::

እዞም ጀጋኑ ናብቲ ብፀላኢ ዝተትሓዘ ከባቢ ሽሊኾም ኣተዉ:: ቀስ ብቐስ ኩነታት ፀላኢ ብዝረቐቐ መንገዲ እናፅንዑ ብለይቲ ምስቶም ኣብ ዓዲ ዝፀንሑ ኣባላት ምልሻን ካልኦት ኣባላት ስርዒትን እናተራኸቡ ቀነዩ:: ውሑዳት ፀላኢ ብዝፈጠሮ ግዝያዊ ልዕልነት ተስፋ ቆሪፆም ስለዝነበሩ ድሕርሕር ጀመሩ:: ዝበዝሑ ግና ብረቶም ኣብ ፅኑዕ ሓቢኦም ፀንሑ:: ተልእኾ ሒዞም ዝኣተዉ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ ኩሉ ዝከኣሎም ገይሮም ግቡኦም ፈፀሙ:: ብድሕሪ እዚ 2 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ናብ ኣሃዱኦም ንዝባን ገደና ክብገሱ ወሲኖም ቦታን ሰዓትን ነፂሮም ተቛፀሩ:: እንተኾነ ግና ሰራዊት ሻዕብያ ናብቲ መጀመርታ ዝነብርሉ ከባቢ ተንቀሳቒሱ ምስኣሃድኦም ውግእ ከምዝጀመረ ሓበሬታ ሰምዑ:: ኩነታት ናይቲ ውግእ ኣፅኒዖም ኣሃዱኦም ናበይ ከምዝበለት ሓበሬታ ምስረኸቡ ንምኻድ ወሲኖም ከይፈተዉ ክሓድሩ ተገደዱ:: ንብፅባሒቱ እውን እቲ ውግእ ቀፀለ:: ኣብ ዘለውዎ ከይፀንሑ ፀላኢ ሽሊኾም ከምዝኣተዉ ብባንዳታት ሓበሬታ በፅሖ:: ክይወፁ ድማ ኩነታት (ደሃይ) ኣሃዱኦም ኣይፈልጡን:: ንግዚኡ ኣብ ዘለውዎ ክፀንሑ መረፁ:: ካብ ፀላእን ባንዳታትን እናተሓብኡ ድሕሪ ምፅነሖም ኣሃዱኦም ነቲ ዝመፀ ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ፀፊዓ ከምዝመለሰቶን እታ ኣሃዱ ድማ ናብ ከባቢ ከላውሎ ከምዘበለትን ሓበሬታ ረኸቡ::

7 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም እቶም ተልእኾ ዝተውሃቦም 6 ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ 13 ኣባላት ካብ ውሽጢ ፀላኢ፣ ሓደ ጉጅለ ዝርከቦም 4 ኣባላት ምልሻ ኣብ መንገዲ ዝረኸብዎም ወሲኾም 23 ኮይኖም ብለይቲ ተጠርኒፎም ከምዝወፁ ተጋላይ ማሞ ፍርንጊ ንድሕሪት ተመሊሱ የዘንቱ::

ካብዚ ዛንታ ክይወፃና ካሊእ ጅግና ዝሃበና ሓበሬታ ክነስዕብ:: ተጋዳላይ ሃፍቶም ነጋሽ ይበሃል:: እዚ ጅግና ተጋዳላይ ምስቶም 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ንሓለዋ ብዝብል ናብ ከባቢ ተከዘ ዘምረሐት ሓንቲ ሓይሊ ዝተመደበ ኣባል ምልሻ ብሄረሰብ ኩናማ እዩ:: በዝሒ ኣባላት እታ ሓይሊ 48 ምልሻ ኮይኖም ካብዚኦም እቶም ዝበዝሑ ተዛረብቲ ትግርኛ እዮም:: ንድልድል ሩባ ተከዘ እናሓለዉ እንተለዉ ሰራዊት ሻዕብያ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ብኸበድቲ ኣፅዋራት ክድብድቦም ጀመረ:: እቶም ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ግና ድምብርፅ ኣይበሉን:: ነቲ ደብዳብ ተፃዊሮም ብኣንፈት ምዕራብ ትግራይ ብዓዲ ገሹ ገይሩ ንዝመፅእ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክምክቱ ወሰኑ:: ምስዚ ጎድና ጎድኒ ድማ ካብ ምዕራብ ትግራይ ንዝተመዛበለ ህዝቢ እናረጋግኡ ክሓልፍ ኣብ ምግባር ተፀመዱ:: ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃለዉ ሰራዊት ሻዕብያ ብኸተማ ሽራሮ፣ ዕርዲ ማትዮስ ገይሩ ብድሕሪት ኣተዎም:: ሓይሎም ምስ ሓይሊ ፀላኢ ዝመጣጠን ዋላ እኳ እንተዘይነበረ

ናብ ገፅ 16 ይዘውር

## ባህልን ቱሪዝምን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ማግኤታዊ ስሕበት ዘለዎ ከባቢ

መዕረፊ በፃሕቲ ዓዲ ሎጅ ገረዓልታ

እምባ ከለም ካብ ከተማ ሓውዜን ንኣንፈት ደቡብ ካብታ ከተማ ውፅእ ኢልካ ዝርከብ ብርኽ ዝበለ ንብዙሕ ከባቢ ዘርኢ ተብሃጊ ስፍራ እዩ። ስያመ እቲ ከባቢ ዝወፀሉ እውን ቀደም ኣከለም ዝበሃሉ መስፍን ይነብርሉ ከምዝነበሩን ድሕሪ ሕልፈቶም እምባከለም ከምዝተብሃለን ነበርቲ እቲ ከባቢ ይሕብሩ። እቲ ስፍራ ንጎቦታት ገረዓልታ ብቐረባ ርሕቐት ክትጉብኒ ፅቡቐ ዕዱል ዝህብ እዩ። ነዚ ምቹውነት ዝተዓዘበ “ስልቭዮ” ዝተብሃለ ጣልያናዊ በዓል ሃፍቲ ንብዙሓት ከባብታት ትግራይ ብምፍታሽ ጎቦታት ገረዓልታ ዝያዳ ስለዝሰሓብዎ ሎጅ ገረዓልታ ኣብ 1997 ዓ/ም ህንፀት ጀሚሩ ኣብ 1999 ዓ/ም ስሩዕ ስራሕ ክስራሕ ክኢሉ እዩ። እቲ ሎጅ እንትሰርሕ ንባዕሉን ንሕብረተሰብ እቲ ከባብን ተረባሒ ንምግባርሓሲቡ ዝሰርሖ እዩ። ሎጅ ገረዓልታ ፀጥትኡ ውሑስ ንምግባር 11 ዋርድያታትን ልዕሊ 50 ብሞያ ኣተሓሕዛ ጎብነይቲ ዝተመረቑ ሰራሕተኛታትን ተጋሩ ቆፂሩ ግልጋሎት ኣብ ምሃብ ከምዝርከብ ኣብ ስራሕቲ ሓለዋ ዝተዋፈሩ ኣይተ ኣለም ወልደንጉስ ይገልፁ።

ኣባል ማሕበር መጎብነይቲ ሎጅ ገረዓልታ መንእሰይ ገብረሂወት ረዳኢ፤ ሎጅ ገረዓልታ ዘለዎ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ንከባብታት ገረዓልታ ጥራሕ ዘይኮነስ ብኣርባዕተ ኣንፈት ዘለዉ ርሑቐ ከባብታት ተምቤን፣ ክልተ ኣውላዕሎ፣ ከባብታት እምባስነይቲን ኣዘባን ኣቕሪቡ ዘርኢ ማግኔታዊ ስሕበት ዘለዎ ስፍራ ከምዝኾነ ይገልፅ። እቲ ሎጅ ቅድሚ ፅንተታዊ ወራር 2013 ዓ/ም መዓልታዊ ሓሙሽተ በፃሕቲ ዓዲ (ቱሪስት) የዕርፍሉ ነይሮም። ኩለ መዳይ ትሕዝቶን ኣሰራርሓን እቲ ሎጅ ንበፃሕቲ ዓዲ ብዝጥዕም መንገዲ ተሓሲቡ ስለዝተሰርሐ ኩሉ ዘድሊ እታዎትን ቀረብን ዘማልአ እዩ። ሎጅ ገረዓልታ ጥበብ፣ ባህልን ታሪኽን ትግራይ ንኣጋይሽ ኣብ ምፍላጥ ልዑል ግደ ዝፃወት እዩ። እዚ ዓውደ ቱሪዝም ብዝግባእ እንተተጠቒምናሉ ብዙሕ ሽሻይ ዝሕለበሉ ትኪ ኣልቦ ፋብሪካ እዩ። ኮይኑ ግና ንቱሪዝም ብእንህቦ ትሑት ትኹረት ልዑል ፀጋ ሒዝና ትሑት እቶት ንረኽበሉ ከምዘለና መንእሰይ ገብረሂወት ይሕብር።

እዚ ሎጅ፤ ኣብ 2013 ዓ/ም ብወታሃደራት ወረርቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ቀወምቲ ንብረቱ ተዘሪፉን ዓንዩን እዩ። ይኹን እምበር በዓል ሃፍቲ ሎጅ ገረዓልታ ተስፋ እንተይቆረፀ ቅልጡፍ ሕድሳት ብምግባር ናብ ስራሕ ክኣትዉ ገይርዎ ኣሎ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ቱሪዝም ትግራይ ዘብፀሖ ዕንወት ከይኣክል ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተጀመረ ፍሰት በፃሕቲ ዓዲ ንምትዕንቓፍ ኣብ ትግራይ ድሮን ብምድብዳብ ጉዕዞኦም ኣብ ምቁራፅ ይቕፅለሉ ኣሎ። በፃሕቲ ዓዲ ግና ኣብ ትግራይ ዘሎ ሰላም ብምትእምማን ዋላ በረራ ኣየር ጠጠው ኣቢሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብሓላፍነት መጎብነይቲ ካብ ሰመራ ብመኪና በፃሕቲ ዓዲ ኣብ መስሕብ ቱሪዝም ገረዓልታ ሃዊዖም እዮም። እቶም በፃሕቲ ዓዲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ኩነታት ካብቶም ጎብንዮም ዝተመለሱ በፃሕቲ ዓዲ ዘተኣማምን ሰላም ከምዘሎ ሓበሬታ ስለዝረኸቡ እዮም። ከምእምነቶም ድማ ዝተረጋግፀ ስራሕቲ ህወፃ ዘካይድሉ ኩነታት ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ እቲ ዘሎ እዋናዊ ሓቂ ንማሕበረሰብ ዓለም እዋናዊ መግለፂ እንተዘውፅእ እቶም ፀጥታ ሰጊኦም ዜጋታቶም ናብ ትግራይ ከይኸዱ ዝኽልክሉ ዘለዉ ሃገራት እኹል ሓበሬታ ብምርካብ ዜጋታቶም ንክህውፁ ኣብ ምፍቃድ ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎ መንእሰይ ገብረሂወት የረድእ።

ኣብ ወረዳ ሓውዜን ካብ ዝርከባ ሎጃት፤ ሎጅ ሽምበረይቲ ብካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዓዲግራትን ኣይርሽ ፈንድን ዝተሰርሐት፣ ሎጅ ቆርቆር ብ“ሚስተር ሎጂ”፣ ሎጅ ገረዓልታ ብስልቭዮን፣ ኢትዮ ሳቢክ ብሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ዝተሰርሓ እየን። ኣብዚ ፍልይ ዝበለ ስራሕ ሎጅ ሽምበረይቲ 374 ነበርቲ እቲ ከባቢ ተጠቀምቲ ንክኾኑ ንምግባር ዝተሰርሐት ምኧና እያ። እዘን ሎጃት ቅድሚ ወራር ፅንተት ትግራይ ኣብ ስራሕ ዝነበራ እንትኾና፤ሎጅ ጉሕ ድሕሪ ፅንተታዊ ኲናት ብመንግስቲ ፌደራል ዝህነፅ ዘሎን ኣብ ከይዲ ምዝዛም ዝርከብን ከምዝኾነ መተሓባበሪ ባህልን ቱሪዝምን ወረዳ ሓውዜን መምህር መንበሩ ገብረመድህን ይሕብሩ። እዞም ሎጃት ንመንፈሳውን ቁሳውን መስሕባት ቱሪዝም ገረዓልታን ከባቢኡን ዝጉብንዩ በፃሕቲ ዓዲ መዕረፊ ተሓሲቦም ዝተሰርሑ እዮም። ይኹን እምበር በቲ ፅንተታዊ ኲናት ስለዝዓነዉ ብዘይካ ሎጅ ገረዓልታ ስለዘይተፀገኑ ናብ ስራሕ ኣይኣተዉን። ዓቕሚ እቶም ሎጃት እንትርአ ቅድሚ 2013 ዓ/ም ኣብ ዓመት ብማእኸላይ 12 ሽሕ በፃሕቲ ዓዲ ዘተኣናግዱ ዝነበሩ ኮይኖም እዋን ፃንሒቶም እንትርአ ብማእኸላይ ሓደ መዓልትን ፈረቓን እዩ ነይሩ። እቶም በፃሕቲ ዓዲ ኣብቶም ሎጃት ዝተማልአ ቀረብ ይረኽቡ ብምንባሮም ኣብ ፃንሒቶም ሕጉሳት ከምዝነበሩ እዩ ተገምጊሙ። ካብዞም በፃሕቲ ዓዲ ዝርባሕ ክፋል ማሕበረሰብ እንትርአ ድማ ካብ ፀረግቲ ጫማ ክሳብ ዝለዓለ ግልጋሎት ዝህቡ ኣካላት ዘሎ ወፃኢ ኩሉ ኣብቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ረብሓ ከምዝወዓለ ስለዝሕሰብ ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ነጥቢ ሓደ ሚልዮን ብር ኣታዊ ይኸውን ከምዝነበረ መምህር መንበሩ ይገልፁ።

ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ፍሰት በፃሕቲ ዓዲ እንትርአ ቅድም ኢሉ ኣብ ክብረ በዓል እቶም መስሕብ ቱሪዝም እዩ ጎሊሁ ዝርአ ነይሩ። ሎሚ ግና ማሕበራት ሓኾርቲ በቢዞብኡን ብብርኪ ክልልን ምህላው፣ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ክለብ ዓድኻ ፍለጥ፣ ካብ ኣብያተ ክርስትያን ቤት ትምህርቲ ሰንበትን ዝተጠናኸረ ኣከያይዳ ስለዘሎ ኣብዚ ሕዚ እዋን እናወሰኸ ዝኸደሉ ኩነታት ኣሎ:: ብመሰረት እዚ፤ ልዕሊ 20 ሽሕ በፃሕቲ ዓዲ ብዓመት ከምዝግብንዩዎምን ከምዓቕሞም እቶም ሎጃት ከምዝጥቀሙን መምህር መንበሩ የብርሁ። ከምቲ ዝፍለጥ፤ ብምኽንያት እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ኣብ ኩሎም ዘፈራት ዕንወት እንትበፅሕ ኣካል ዘፈር ቱሪዝም ዝኾኑ ሎጃት እውን ከቢድ ዕንወትን ክሳራን በፂሕዎም እዩ:: ንኣብነት፣ መዕረፊ በፃሕቲ ዓዲ ክኾኑ ዝተሃነፁ ሎጃት መዕረፊ ወታሃደራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ርእሲ ምኧኖም ቀወምቲ ንብረት እቶም ሎጃት ተወሲዶም ባህላዊ ትሕዝቶኦም ክገልፁ ዝተሰርሑ ጣውላታት እናተሰበሩ መብሰሊ ምግቢ ብምግባር ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ክኾኑ ተገይሮም እዮም። ንኣብነት፣ ኣርባዕቲኦም ሎጃት 96 ምኢታዊ ትሕዝቶኦም ብምዕናው እቶም ሰብ ሃፍቲ ህዝቢ ክጥቀመሎምን ፍልፍል እቶት ክኾንዎምን ሓሲቦም ዝሰርሕዎም ሎጃት ክሳብ ሕዚ ዓንዮም ይርከቡ። ብምኽንያት እዚ ካብ 2013 ዓ/ም ክሳብ 2015 ዓ/ም ዘሎ ዘፈር ቱሪዝም እቲ ከባቢ ናብ ባዶ ወሪዱ ነይሩ። ድሕሪ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ከምብሓዱሽ ካብ ባዶ እንትብገስ፤ ኣብ 2016 ዓ/ም 51 ሃወፅቲ ኣብ ዓመት ዝመፁ ዝነበሩ ኣብ 2017 ዓ/ም ናብ 800 ሃወፅቲ ክዓቢ ክኢሉ እዩ። ኣብ 2018 ዓ/ም ድማ ናብ ልዕሊ 1000 ንምብፃሕ ኣብቲ ዘፈር ዝሳተፉ ወገናት ኩሎም ተለዓዒሎም እናሰርሑ ይርከቡ። ከምሓበሬታ ከይዲ ስራሕ ባህልን ቱሪዝምን ወረዳ ሓውዜን እቲ ዓውዲ ንምጥንኻር ምስመዳርግቲ ኣካላት ምምሕዳር መሬት እታ ወረዳ፣ ኢንቨስትመንት ዞባን ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ብምዝርራብ ሓዱሽ ፍቓድ ስራሕቲ ሎጅ ተዋሂቦም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። እንተኾነ ግና መንግስቲ ፌደራል ነዚ ጉዕዞ ንምትዕንቓፍ ድሮን ኣብ ትግራይ ብምድብዳብ ጉዕዞ በፃሕቲ ዓዲ ጠጠው ንምባል መሓንቐ ይኸውን ከምዘሎ መምህር መንበሩ የረድኡ።

ብመሰረቱ፤ እዚ ዓውዲ ንብዙሓት ወገናት ዕዱል ስራሕ ንምፍጣር ወሳኒ ግደ እናበርከተ ይርከብ:: ንኣብነት ኣብ ወረዳ ሓውዜን ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ዝሳተፍ ሓይሊ ሰብ እንትርአ 42 ሕጋውያን መጎብነይቲ ኣለዉ። ኣብ ኣቡነ ይመኣንታን ማርያም ቆርቆርን ጥራሕ ልዕሊ 300 ወገናት ተቐበልቲ በፃሕቲ ዓድን ሓለውቲ ፀጥታን ብማሕበር ዝተወደቡ ኣብ ስራሕቲ ስፈን ሽኽላን ዝተዋፈራ ማሕበራት፣ ኣብ ክራይ መኪና ዝተዋፈሩ ወገናት ብዙሓት እዮም። ፍርያት መስኖ እታ ወረዳ ከዓ ናብ ሎጅ ገረዓልታ ክተኣሳሰሩ ብምግባር ምሉእ ኣቕርቦትን ፀጥትኡን ዝተሓለወ ሎጅ ብምፍጣር በፃሕቲ ዓዲ ኣብቲ ከባቢ ዘሕልፍዎ ግዜ ክናዋሕ ኣብ ምግባር ልዑል ስራሕ ኣብ ምስራሕ ከምዝርከብ መምህር መንበሩ ይገልፁ።

ኣብዚ ሕድሕድ ሎጅ መዓልታዊ እተኽፍሎ ዝነበረት ሽርፊ ወፃኢ እውን ምርኣይ ኣድላዪ እዩ። ንሱ እውን ኣብ ትግራይ ቅድሚ 2013 ዓ/ም ኣርባዕተ ኣብ ውዕውዕ ስራሕ ዝነበራ ሎጃት ገረዓልታ ካብ 100 ክሳብ 150 ዶላር፣ ሎጅ ቆርቆር ክሳብ 450 ዶላር የኽፍሉ ነይሮም። ኣብዚ እቶም ሰብ ሃፍቲ ብዝገበርዎ ምፍላጥ ዋሕዚ በፃሕቲ ዓዲ ክብርኽ ይገብሩ ከምዝነበሩ ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ምርግጋፅ ብቕዓትን ፅሬት ሆቴልን ኣይተ የማነ ገድሉ ይገልፁ። እዞም ሎጃት ሃወፅቲ ወፃኢ ዓዲ ጥራሕ ዘይኮኑ ዝጥቀምሎምስ፤ ዓበይቲ ስነ ስርዓት መርዓታት እውን ይካየደሎም ነይሩ እዩ። በዚ እውን ኣብ ቱሪዝም ፅቡቐ ምልዕዓልን ንቕሓትን ተፈጢሩ ከምዝነበረ ኣይተ የማነ የረድኡ። ነዞም ኣብ ስራሕ ዝነበሩ ሎጃት ስዒቦም ካልኦት ኣርባዕተ ሎጃት ኣብ ኣብ ከይዲ ህንፀት ነይሮም እዮም። እዚኣቶም ድማ ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ተወዲቦም ዝሃነፅዎ ኢትዮ- ሳቢክ፣ ኣብ ከባቢ ዓድዋ እንዳየሱስን ኣብ ወረዳ ኢሮብ ዝርከብ ኢኮ-ሎጅ ደውሃንን ካብቶም ዝዓነዉ ተጠቀስቲ እዮም። ኣብዚ ዓውዲ ካልኦት ሽዱሽተ ማሕበራዊ ኮሚኒቲ ሎጃት ብዓዲ ግራት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያንን ኣይርሽ ፈንድን ዝተሰርሓን ብሰለስተ ኣካላት ተሓባቢሮም ዘንቀሳቕስወንን እውን ዕንወት ዘስተኣናገዳ እየን። እዘን ማሕበራዊ ኮሚኒቲ ሎጃት ዘንቀሳቕሱ ኣካላት ብፅሒት ኣጠቓቕማ ዝተረኽበ ኣታዊ እንትርአ እውን ቱር ተስፋ ዝበሃል ኣብ ምፍላጥ እዘን ሎጃት ዝዓምም 25 ምኢታዊ፣ ከባብያዊ ኣጎብነይቲ 20 ምኢታዊ ዝጥቀሙ እንትኾኑ ዝተረፈ 55 ምኢታዊ ንዝተወደቡ ማሕበረሰብ ከምዝኾነ ኣይተ የማነ የረድኡ።

ቅድሚ 2013 ዓ/ም ፍሰት ቱሪስት ትግራይ ብማእኸላይ ኣብ ዓመት 90 ሽሕ ወፃእተኛታት ዝጉብንዩ ዝነበሩ ኮይኖም፤ ኣብ ትግራይ ሽዱሽተ መዓልቲ ፃንሒት ነይርዎም። ሓደ በፃሒ ዓዲ ኣብ መዓልቲ ዘውፅኦ ወፃኢ ብማእኸላይ 230 ዶላር ስለዝነበረ ኣብ ዓመት 124 ሽሕን 200 ዶላር ናብ እቶት ትግራይ ይውስኽ ነይሩ። ቅድሚ ፅንተታዊ ወራር ዝነበረ 90 ሽሕ ፍሰት በፃሕቲ ዓዲ ካብ 2013 ዓ/ም ክሳብ 2015 ዓ/ም ናብ ባዶ ብምውራድ ተመሊሱ ብዓመት ናብ 10 ሽሕ እኳ እንተበፅሐ ብዘሎ ተኻሻሓይ ፖለቲካ ኩነታት እቲ ቁፅሪ ይወርድ ይድይብ እዩ ዘሎ። ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ 14 ዓበይቲ ሎጃት ማእኸሎም ገረዓልታን ይሓን ኮይኖም ዝነበረ ፍሰት በፃሕቲ ዓዲ ብምዕዛብ ሰብ ሃፍቲ ትግራይ ዘልዕልዎም ዝነበሩ ሕቶታት ምስራሕ ሎጃት ተራእዮም ፍቓድ ይወሃቦም ከምዝነበረ ኣይተ የማነ ይሕብሩ። እዚ ከምዘሎ ኾይኑ፤ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ምስሚኒስተር ባህልን ቱሪዝምን ርክብ ብምፍጣር ሎጃት ትግራይ ስለዝዓነዉ ዝነበሮም ግብሪ ክስረዝ ገይሩ እዩ።

ብድምር ዘፈር ኢንዳስትሪ ቱሪዝም ክንድቲ ዝድለዘይተዓመመሉ ዓውዲ እዩ። ከምሕብረተሰብ ጥቕሙ ንምርዳእ ብዙሕ ስራሕ የድሊ:: ኢንዳስትሪ ቱሪዝም ብሕብረተሰብ ተኣሚኑሉ እንትስራሕ ግና ማእኸል ኩሎም ስራሕትናን ማእኸል መንገዲ ዕብየትናን ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን። ነዚ ዓውዲ ቀዲሞም ብምርድኦም ይመስል ነዚ ገዛኢ ቦታ ገረዓልታ ዝጎብንዩ በፃሕቲ ዓዲ መዕረፊ ኣብ ምስራሕ ሚስተር ሎጅን ስልቭዮን ዝበሉ ወፃእተኛታት ተዋፊረምሉ ዝርከቡ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን:: ሰላም ብምስፋን ምዝንጋዕ ዝጠልብ ሕብረተሰብ ንምፍጣር ክስራሕ ኣለዎ። ንምዝንጋዕ ከዓ ከምሎጅ ገረዓልታ ምቹው ኣየር ዝልግስ ገዛኢ ቦታ ስለዘድሊ ኣቕርቦት እንትዳሎ ጎቦታት ትግራይ ማእኸል መዕረፊ ኣጋይሽ ፍልፍል ብምግባር እቶትን ረብሓ ዲፕሎማስን ክብ ክብል ምግባር ይከኣል እዩ። ብምኧኑ ንዓውዲ ቱሪዝም ብፍሉይ ትኹረት ምስራሕ ከምዘድሊ ክንርዳእ ይግበኣና።

# ንደሮና ዝተከአ ልምዓት መስኖ

ኣብ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ጣብያ ዋራባየ ቁሸት ህጅራ ፍሉይ ስሙ "መርሳ" እናተብሃለ ዝፅዋዕ ከባቢ፤ ብርሑቕ ዝረአ ፍልይ ዝበለ ኣወራ ነይሩዎ። ሓረስቶት እቲ ከባቢ ናይ ሕርሻ ቦታኦም ማእኸል መልዓሊ ደሮና ኮይኑ ንዓመታት ስለዝዘለቐ መፀውዒ እቲ ከባቢ "ኣወራ መርሳ" ዝብል ስያመ ተዋሂብዎ። ሓረስቶት ነቲ ከባቢ ክረምቲ ተፀብዮም ዝዘርእዎ ዘርኢ ኣብ መወዳእታ ነሓሰ ፀሓይ ስለዘርክቦ ከይፈረየ ይተርፍ ነይሩ።ካብዚ ዝብገስ ድማ ብርክት ዝበሉ ነበርቲ ብሕሱም ፀገም ናብ ስዑዲ ዓረብ ይስደቱ ነይሮም። ኮይኑ ግና ድሕሪ ብዙሕ ከርተት ናብራ ስደት ከቢድን መሲሕኻ ዘይትድረረሉን ሂወት ምዃኑ ብምርዳእ፤ ናብ ዓዶም ተመሊሶም ኣወራ መርሳ (መልዐሊ ኣባ ኮበራ መርሳ) ዝብል ማሕበር ኣጣይሾም። መልዓሊ ኣባ ኮበራ ኮይኑ ዝነብር ዝነበረ መሬት መርሳ ሎሚ ይኣኽለካ ደሮና (ኣባ ኮቦራ) ብምባል ኣብ 2010 ዓ/ም ማእኸል ልምዓት መስኖ ክገብርዎ ወሲኖም። ኣባላት እታ ማሕበር ኣብ 25 ሄክታር ዝተወደቡ 60 መራሕቲ ስድራ ሓረስቶት እዮም።

ሎሚ እቲ ኣባ ኮበራ ሳላ ልምዓት መስኖ ዘልዕሎ ሓመድ ስኢኑ ኣሎ። ካብ ፋሕሻው መሬት ናብ ብልምዓት ዝተኸደነ ተቐይሩ ከምቀደም ኣማዕዲኻ ዝርአ ደሮና ተሪፉ ማእኸል ፍርያት ኮይኑ ኣሎ። ልምዓት መስኖ ቀያሪ መነባብሮ ምዃኑ ድማ ኣባላት እታ ማሕበር ይገልፁ። ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝዘርእዎ ኣብ መወዳእታ ነሓሰ ዝናብ እናቋረፆ ፍረ ከይሃበ ብምትራፉ ብጥምየት ክፀገሙ ዝፀንሑ ሓረስቶት መርሳ፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብልምዓት መስኖ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ እናፍረዩ መነባብርኦም ይልውጡ ከምዘለዉ ኣባላት እታ ማሕበር የረድኡ። እቶም ኣባላት ረብሓ መስኖ ስለዝተረደኦም ምስኣባላቶም ሰሚሮም ናይ ሕርሻ ቦታኦም ከምሽጉርቲ፣ ኣሕምልቲ፣ ጣፍ፣ ዓተርን ዕፉንን ዝበሉ ዝራእቲ እናዘርኡ እዮም ዝጥቀሙ።

ሓረስታይ ኣሕመድ መሓመድ ነባሪ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ጣብያ ዋራባየ ቁሸት ህጅራ እዮም። እቶም ሓረስታይ፤ ዝኣኸለ ሽጉርቲ ኣልዒሎም ንኻሊእ ምህርቲ ሓጋይ ዕፉን ንምዝራእ ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታኦም ቅድመ ምድላው እናገበሩ ኢና ረኺብናዮም። ሓረስታይ ኣሕመድ፤ ኣቦ መምበር ማሕበር ኣወራ መርሳ እንትኾኑ ቅድሚ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ምጅማሮምን ድሕሪኡን ዘሎ ኩነታት መነባብርኦም እንታይ ከምዝመስል ብምንፅፃር ከምዝስዕብ ይገልፅዎ። ቅድሚ ምጅማር ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ናብራ ምኽኣል ኣብይዎም ናብ ስዑዲ ዓረብ እናተሰደቱ ዋላ እኳ ልዕሊ ሸውዓተ ግዜ እንተተመላለሱ ኣብ መነባብርኦም ለውጢ ክመፅእ ኣይከኣለን። እቲ ናብ ስደት ምኻድ ካብ ከርተት ሓሊፉ ኣብ መነባብርኦም ለውጢ ከምፅአሎም ብዘይምኽኣሉ ድማ ቅድሚ 10 ዓመት ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ጀሚሮም።ከምዚ ዝበለ ስራሕ ምስጀመሩ ዝሓሸ ናብራ ይመርሑ ከምዘለዉ ኣዋጊዖምና። ካብ ሸውዓተ ዓመት ኣብ ስደት ዝኣከብዎ ሃፍቲ የለን። ኣብ ሰለስተ ወርሒ ግና ብፍርያት መስኖ ዝረኽብዎ ሃፍቲ ከምዘሎ እዮም ዝሕብሩ። ኣብ ስራሕቲ መስኖ ብምውፋሮም ድማ ብሳዕሪ ተኸዲኑ ዝነበረ ገዝኦም ብቆርቆሮ ሰሪሖምዎ ኣለዉ። ካብዚ ብተወሳኺ ጤለ በጊዕ፣ ክልተ ፅምዲ ኣብዑር ብምጥራይ፣ ልዕሊ 15 መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ቆፂሮም ኣለዉ። ከምኡ እውን ወናኒ ባጃጅ ኮይኖም ደቆም ብኣግባቡ የምህሩ ከምዘለዉን እውን ይዛረቡ። ብድምር ድማ ኣብ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ከምዝረኽቡ ይገልፁ።

እቲ ለውጢ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ኮይኑ ዝለዓለ ቆላሕታ ብምሃብ ብህፁፅ ክፍታሕ ዝግባእ ፀገም ኣሎ። እቲ ሓደ ጉዳይ ዕዳጋ ዝምልከት ኮይኑ ኢንቨስተራት እቲ ከባቢ ክንዲ ካብ ሓረስቶት ዝዘርእዎ ዝተፈለየ ምህርቲ መስኖ ዘፍርዩ ተመሳሳሊ ዓይነት ዘርኢ እናዘርኡ፤ ካልኣይ እቶም ኢንቨስተራት ኣብ ክንዲ ናብ ርሑቕ ከባቢ ከይዶም ዕዳጋ ዝጥቀሙ ምስሓረስቶት እቲ ከባቢ እናተሻመዩ ምትእስሳር ዕዳጋ ይዓፅውዎም ከምዘለዉ እዩ። እቲ ካሊእ ፀገም ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ ዝምልከት ኮይኑ ብሰብ ሞያ ዝተመረፀ ስለዘይኮነ ምስቲ ከባቢ ዘይስማዕማዕ ዘርኢ።ብኽባር ገዚኦም ዝዘርኡ ምዃኖም እዩ። ብኽባር ተገዚኡ ብዘይፍረ ስለዝተርፍ ይኸስሩ ኣለዉ።ካብዚ ሓሊፉ እቲ ቀንዲ ፈታኒ ኮይንዎም ዘሎ ጉዳይ ክፍሊት መብራህቲ (ኤሌክትሪክ) ዝምልከት እዩ።ንሱ እውን ብወርሒ ዝተሓተ 90 ሽሕ ብር ዝበዝሐ 300 ሽሕ ብር ክኸፍሉ ብዝተኣዘዝዎ እናኸፈሉ ፀኒሖም እዮም። ኮይኑ ግና 605 ሽሕ ብር ክፈሉ ምስተብሃሉ ናብ ክልል ግልጋሎት መብራህቲ (ኤሌክትሪክ) ከይዶም ብምጥራዕ ነቲ ልዕሊ ዓቕሚ ንክኸፍሉ ተገይሩ ዝነበረ 205 ሽሕ ብር ንክኸፍሉ ዝተገበረሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ እቲ ብዘይኣግባብ ክኸፍልዎ ዝተሓሰበ 400 ሽሕ ብር ዘድሐንዎ እኳ እንተኾኑ ስረሖም ገዲፎም ኣብ ጥርዓን ዘጥፍእዎ ግዜ ብዙሕ እዩ።ብሓፈሻ ዙርያ መለሸ ፀገማት ኤሌክትሪክ ንስራሕቲ መስኖ ዕንቅፋት ከምዝኾኖም እዮም ዝገልፁ።

ካሊእ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ኣመልኪትና ዘዘራረብናዮም ኣባል ካልኣይቲ ማሕበር እቲ ከባቢ ፍረ ቃልሲ ኣይተ መሓመድ ጣሂር እዮም። እዞም ሓረስታይ ኣመራርሓ 63 መራሕቲ ስድራ ከምዝኾኑን ቅድሚ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ምውፋሮም ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዘሪኦም ክልተ ኩንታል ጥራሕ ይረኽቡ ከምዝነበሩን ኣዋጊዖሙና። ልምዓት መስኖ ምስጀመሩ ግን ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ብምፍራይ ማእኸላይ ናብራ ናብ ዘለዎም ክፋላት ሕብረተሰብ ደይቦም ኣለዉ። ዘጥረዩዎ ሃፍቲ ብውሱን እንትረአ፤ ንሕርሻ ቦታኦም ፅምዲ ብዕራይ፣ ላሕሚ፣ ጤለ በጊዕን እንትህልውኦም ኣብ መማእኸሊ ጣብያ ዋራባየ ዝኾነት ንእሽተይ ከተማ መንበሪ ገዛ ብቆርቆሮ ሰሪሖም እዮም። እቶም ሓረስታይ ካብ ንመንግስቲ ምፅባይ ተናጊፎም ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ብዘበናዊ ኣሰራርሓ ዝጠልቦ ኩሉ ንምምላእ ኣብ ባንኪ ከምዝዓቑሩ ይገልፁ።

ብመሰረቱ ኣብ ማሕበር መስኖ ፍረ ቃልሲ ዘሎ ኣጠቓቕማ ማይ ብኮሚቴ ማይ እናተመርሐ ብክላስተር ተፀኒዑ እዩ ዝካየድ።እቲ መስኖ ብፍትሓውነት፣ ሕግን ስርዓትን ተኸቲሉ ስራሕቱ የሳልጥ። ኣብ መንጎ ኣባላት ማዕረ ተጠቃምነት ኣሎ። መንግስቲ ፀገም ሕብረተሰብ ኣስተውዒሉ ትካል ልምዓት መስኖ ሰሪሑ ነቲ ሕብረተሰብ ኣረኪቡ እዩ። ሕዚ ሕብረተሰብ ባዕሉ የመሓድሮን ይጥቀመሉን ኣሎ።በቢወርሑ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ማሕበሮም ኣመልኪቶም ገምጋም ምክያድ ግድን እዩ። ተጠቀምቲ እቲ ትካል መስኖ ማይ ፍሉይ ሓለዋ ስለዘድልዮ ሞተር ከይትበላሾ ዝቆፃፀሩን ንብረት ዝሕሉን ቀወምቲ ዋርድያታት ተቖፂሮም ስጡም ሓለዋ ይገብሩ ኣለዉ።

ኣብዚ ልዕሊ ዓቕሚ እቶም ሓረስቶት ዝኾኑ ፀገማት ኣለዉ:: ንኣብነት፤ እኹል ቀረብ መድሓኒት የለን:: እቶም ሓረስቶት ብሰብ ሞያ ዘይተረጋገፀ መድሓኒት ዓዲጎም ዝጥቀምሉ ኩነታት ስለዘሎ ዝራእቶም በቲ ሕማቕ መድሓኒት ፍርያት ከይሃበ ዝጠፍኣሉ ኩነታት የጋጥሞም ከምዘሎ ብኣንደበቶም ይገልፁ:: ብርግፅ ሰብ ሞያ ሕርሻ ካብ 2010 ዓ/ም ክሳብ 2012 ዓ/ም ኣብ ዝነበረ እዋን ንሓረስታይ ብስርዓት ይመርሕዎን ይድግፍዎን ነይሮም። ድሕሪ ፅንተታዊ ኲናት ትግራይ ግና ሓረስቶት ተገዲሶም ባዕሎም እንተሰርሑ ብሰብ ሞያ ዝወሃብ ደገፍን ክትትልን ከምዘየለ ይዛረቡ። ፡ ካሊእ ፀገም ምውዳቕ ዝኣረጉ ፓሎታት ስዒቡ መብራህቲ እናተቖራረፀ ኣብ ዝራእቲ ከቢድ ሳዕቤን የጋጥም ከምዘሎ እዩ። ነዚ ፀገም ንምፍታሕ መንግስቲ ቀረብ ሶላር ከተኣታቱ ከምዘለዎ ኣይተ መሓመድ ይሕብሩ።

ካብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ብከፊል

ሓረስቶት ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቅድሚ 2000 ዓ/ም ኣብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ዝነበሮም ግንዛበ ትሑት እዩ:: እዚ ዝፈጠሮ ድማ ንልምዓት መስኖ ዝተዘርግሑ ቱቦታት ዝቑረፅሉን ዝበላሸውሉን ኩነታት ነይሩ:: ነዚ ጉዳይ ዝለዓለ ትኹረት ሂብኻ ብምስርሑ "ብመስኖ ኣልሚ0 ክልወጥ እየ" ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ነብሲ ወከፍ ሓረስታይ ከምዝሰረፀ መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ህንፀት ልምዓት መስኖ እታ ወረዳ ኣይተ ተገኘ ሲሳይ የረድኡ። ብመሰረት እዚ፤ ኣብ 2012 ዓ/ም እንትርአ ብብርኪ ወረዳ ካብ ዘሎ 30 ሽሕ ሄክታር ተሓራሲ መሬት እቲ 3,000 ሄክታር ብመስኖ ክለምዕ ክኢሉ እዩ።ሓረስታይ እታ ወረዳ ንመንግስቲ ምፅባይ ገዲፉ ባዕሉ ብውልቀን ብውዳበን ትካላት መስኖ ማይ ምህናፅ ጀሚሩ ነይሩ።ኣብቲ እዋን ዝነበራ በዝሒ ትካላት ማይ ሓሙሽተ ባህላዊ ዒላታትን 50 ዘመናዊ ዒላታትን ብድምር 55 ትካላት መስኖ ማይ ኮይነን በዚ ፖተንሻል 5,000 መራሕቲ ስድራ ተረባሕቲ ከምዝነበሩ እቶም መተሓባበሪ የረድኡ።

ይኹን እምበር ኣብ 2013 ዓ/ም ብልፍንታውያን ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ካብዘን 55 ትካላት መስኖ ማይ እተን ክልተ ብወረርቲ ሓይልታት ዓንየን እየን። እታ ሓንቲ ትራንስፎርመር ብወረርቲ ሓይልታት እንትትቃፀል እታ ካልኣይቲ ዝተዘርግሐ ሲስተም እታ ትካል ወታደራት ሰፈረምሉ ምሉእ ብምሉእ ክዓኑ ክኢሉ እዩ። ካብ 2014 ዓ/ም ክሳብ 2015 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈጠረ ዕፅዋን ክባን ናብ ዳግመ ህንፀት ብምእታው ቢሮ ማይን ኢነርጅን እዘን ዝዓነዋ ክልተ ትካላት መስኖ ማይ ብምፅጋንን ካልኦት ኣብ ከይዲ ዝነበራ 10 ትካላት ብምዝዛምን 1,140 መራሕቲ ስድራ ዝጥቀምሉ 300 ሄክታር ሓዱሽ ፖተንሻል መሬት ብመስኖ ክለምዕ ክኢሉ እዩ። ብተመሳሳሊ ካብ 2016 ዓ/ም ክሳብ 2017 ዓ/ም 18 ተወሰኽቲ ትካላት መስኖ ኣብታ ወረዳ ንምስራሕ ዕዱል ስለዝተረኸበ ናብ ህንፀት ኣትየን እየን። ካብዚኣን እተን 14 ኣብ 2017 ዓ/ም ህንፀተን ተዛዚሙ ኣብቲ ዓመት ናብ ልምዓት ተሰጋጊረን እየን። በዘን 14 ትካላት መስኖ ማይ 350 ሄክታር መሬት ብምልማዕ 1,219 መራሕቲ ስድራ ተረባሕቲ ኮይኖም ኣለዉ። እተን ዝተረፋ ኣርባዕተ ኣብ ከይዲ ምዝዛም ዝርከባ ኮይነን ኣብ 2018 ዓ/ም ካልኣይ መንፈቕ ዓመት ግልጋሎት ክህባ ትፅቢት ይግበረለን። ናብ ስራሕ እንትኣትዋ ድማ ተወሰኽቲ 600 መራሕቲ ስድራ ተረባሕቲ ክኾኑ እዮም።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ፤ ሓረስቶት ኣብ ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ዘልዕልዎም ሕቶታት ኣለዉ:: ንሳቶም እውን ዘይፍትሓዊ ክፍሊት ምህላው፣ ኮንኲሪት ፓሎ ስለዘይተሰርሐሉ ዝኣረጉ ፓሎታት እንትወድቑ ንሰሙናት ሓይሊ ብምቁራፅ ዝራእቲ ዝሓርሩ ምዃኖም እዩ። ስለዝኾነ ብሓይሊ ፀሓይ ዝሰርሓ ሶላራት ተጠቒሞም ንከልምዑን እቲ ፀገም ብዘላቕነት ንክፍታሕን ከምኣንፈት ተታሒዙ ከምዘሎ ኣይተ ተገኘ ይገልፁ።ብፍላይ ምስቲ ምኽባር ዋጋ ኤሌክትሪክ ተተሓሒዙ እሞ ድማ ምውዳቕ ፓሎታት ፀገም ስለዝኾነ ድሌት ሓረስቶት ኣብ ሶላር ዝያዳ ወሲኹ ኣሎ። ብምዃኑ እውን "ኩነታት ይስተኻኸለልና፤ ሶላር ክንጥቀም ይቕረበልና" ይብሉ ከምዘለዉ ኣይተ ተገኘ የረድኡ።ደሚርካ እንትርአ ኣብ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ኣብ 2018 ዓ/ም 79 ዝሰርሓ ትካላት መስኖ ማይ ኣለዋ። እዘን ትካላት ዝሸፍንኦ ፖተንሻል ድማ 3,650 ሄክታር መሬት ኮይኑ ን7,359 መራሕቲ ስድራ ተጠቀምቲ ዝገብር እዩ።

ብኣጠቓላሊ ሓረስታይ ተፀባይ ዝናብ ክረምቲ ዘይኮነስ ኣብ ልምዓት መስኖ ተዋፊሩ መነባብሮኡ ክልውጥ ኣለዎ:: እቲ በብብርኩ ዘሎ በዓል ሞያን ኣመራርሓን እውን ነዚ ዝለዓለ ትኹረት ሂቡ ክድግፍን ክመርሕን ኣለዎ:: ምኽንያቱ ኣብ ልምዓት መስኖ ማይ ዓብይ ርብርብ እንተተገይሩ ኣብ ኩሉ ከባቢ ዘሎ ዕቑር ሃፍቲ ማይ ኣብ ረብሓ ብምውዓል መነባብሮ ህዝብና ንምምሕያሽ ኣዝዩ ወሳኒ ግደ ስለዘለዎ:: ኣብዚ ጉዳይ ናብ ርሑቕ ከይኸድና እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ተመክሮ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ወረዳ ራያ ዓዘቦ እኹል መርኣይ እዩ:: ስለዚ ነቲ መነባብሮ ሓረስቶት ብሓፈሻ ድማ መነባብሮ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምምሕያሽ ወሳኒ ግደ ዘለዎ ልምዓት መስኖ ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብን ብቴክኖሎጂ ክድገፍ ብምግባርን ብዝበለፀ ክጠናኸር ይግባእ::

## ጦፈኛ

# ፀጋታት 11 ለካቲት

ሓደ ሓደ ጊዜ መዓልትኻን መንገድኻን ኮነ ኢሎም ዝተዋደዱ ክሳብ ዝመስሉ ብቀጥታ ናብቲ ዝምልከተካ ቆፀሮ ዝሓዝካሉ ጉዳይ ሰተት ኣቢሎም እዮም ዘእትውኻ:: እዋኑ 2018 ዓ/ም ባሕቲ ለካቲት እዩ:: ንጉሆ ሰዓት 3:00 ቡን ክሰቲ ኢለ ካብ ገዛይ ኣብ ማእኸል ከተማ መቐለ ናብ ዝርከብ ሓደ እንዳ ቡን ኣተኹ:: ኣብቲ ቦታ ሓደ ብቐረባ ዝፈልጦ ዓርከይ ምስንሱ ዝፈልጦም ካሊእ መናእሰይ ኮፍ ኢሎም ሓያል ክትዕ ሒዞም ረኺብኩምዎም:: ማእኸል ክትዖም ክፈልጥ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን:: ኮፍ ምስበልኩ እቲ ሓደ ዘይፈልጦ መንእሰይ "ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ዘረጋገፆ ፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ ረብሓ እንታይ ኣሎ? ኣነ ሓንቲ ኣይረኣኹን" እንትብል ሰማዕኹዎ:: እቲ ኣነ ዝፈልጦ ዓርከይ ቅፅል ኣቢሉ በል ሓዝ ክቖፅረልካ ኢሉ ከምዝስዕብ በብሓደ ከቑፅሮ ጀመረ::

"ሓደ ኣብዚ 51 ዓመት ውሽጢ ኣንፃር ህልውናን መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይን ንዝመፅዎ ፀላእቲ ክልተ ጊዜ መኪቱ (ዕጥቃዊ ቓልሲ) ኣካይዱ ንህዝቡ መሪሑ ዝተዓወተ ብሕታዊ ውድብ ህወሓት ጥራሕ እዩ:: ብምቕፃል ህዝቢ ትግራይ ሳላ ቃልሱን መስዋእቱን ብቛንቛኡ ክመሃርን ክዳነን ከምኡ እውን ብዝመረፆ መንግስቲ ክምራሕን ዘኽኣላ ውድብ ህወሓት ምዃኑ ኣይትስሕቶን:: ከምዝፍለጥ ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ጨቋኒ ስርዓት ደርግ ኣብ ትግራይ ዝነበራ ብኣፃብዕቲ ዝቑፀራ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ደቂ ርኹባት ጥራሕ ዝመሃሩለን ዝነበራ እየን:: ሳላ ከቢድ ቃልስን ሓቀኛን ፍትሓውን ዕላማ ውድብ ህወሓት ግን ሎሚ ኣብ ሕድሕድ ወረዳ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተኣታተወሉ ኩነታት እዩ ዘሎ:: ከም መንገድን ትካላት ጥዕናን ዝበሉ እውን... ኢሉ እቲ ዝፈልጦ ዓርከይ ክቕፅል እንትብል ኣነ ኣብ ማእኸል ኣትየ "ክሕግዝካ ዶ?" በልኩዎ:: ንሱ እውን ከይተጎዋጎወ "ቀፅል" በለኒ::

ኣነ ኸዓ ነቲ ብፅልኣት ህወሓት ዓይኒ ሕልናኡ ዝዓወረ መንእሰይ ብኣግራሞት ዓይኒ ዓይኑ እናረኣኹ "ዕድሜኻ ክንደይ ይኸውን?" ብዝብል ሕቶ ጀመርኩ:: ናብ ከባቢ 30 ከምዝፅጋዕ ምስነገረኒ "ኣቦኻን ኣዴኻን ኣለዉዶ?" በልክዎ:: - እወ ኢሉ መለሰለይ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ድዮም ናይ ግሊ?:: ንሱ ድማ ሀ- ዘይፈልጡ ዶ ኣብ መንግስቲ ክቑፀሩ ኢልካዮም?" በለኒ:: ቀፂለ "ንስኻ ኸ ተማሂርካ ዶ? ትኸውን" በልኩዎ:: ንሱ እውን ትቕብል ኣቢሉ "እወ ተማሂረ ሰብ ስለዘይብለይ እምበር ካብቶም ብኮምፒተር ሳይንስ ዝተመረቑ ናይ ቃላሚኖ ተምሃሮ እኮ ሓደ እየ" ምስበለኒ ብድሕሪኡ ኣነ ርእሰይ ኣድኒነ ንደቓይቕ ስቕ በልኩ:: ቅንዕ ኢለ ናብኡ እናጠመትኩ ሕቶይ ምስወዳእኹ "ንዓኻ ንምርዳእ ክዛረቦ ሓሲበዮ ዝነበርኩ ኩሉ መርተዖታትን ረብሓታትን ቃልሲ ህወሓት እኮ ባዕልኻ መልሲ ሂብካ ፋሕ ኣቢልካለይ በልኩዎ ብውሽጠይ እናጓሃኹ:: ቁሩብ ከይተሰከፈ "እንታይ ማለት?" ኢሉ ተወሳኺ ሕቶ ኣስዐበለይ:: "ቀላሚኖ ተማሂረ ተመሪቐ እናበልካኒ እሞ ካሊእ እንታይ ክዛረብ" ብምባል ቡነይ ሰትየ ናብ ስርሐይ እንተኸድ ምስ ባዕለይ ሞጎት ጀመርኩ::

ይገርም እዩ፤ ህዝቢ ትግራይ ናብቲ ቅድሚ ክፍለ ዘበናት ዝነበሮ ምዕባለን ብራኸን ከውፅኡዎ ተስፋ ብምግባር ዓለምና ዘበፀሐቶ ናይ ኮምፒተር ሳይንስን ቴክኖሎጂን ተማሂሮም ጥንሲ ምዕባለ ትግራይ ከዋልዱ ዝኽእሉ ብርክት ዝበሉ መናእሰይ እተፍሪ ዘላ ዓባይ ትካል ቀላሚኖ እያ:: ቀላሚኖ ድማ ካብቶም ብውፅኢት ቃልሲ 11 ለካቲት ዝተረኸቡ ፀጋታት ትግራይ ሓንቲ እያ:: ይኹን እምበር ኣብ ህልው ፖለቲካውን ብሄራውን ሓድነትና ሓደጋ ክፈጥር ዝኽእል መሰረታዊ ኣፈላላይ ዘይብልና እናሃለና ነቲ ዘሎ ዓለማውን ሃገራውን ፀገም ዝወለደ ጊዜያዊ ኩነታት ብውነ ዘይርዳእ ሕሊንኡ ዘዐወረ ሰብ ዘሎ ምዃኑ ካብዚ ብኣጋጣሚ ዝረኸብክዎ መንእሰይ ተዓዚበ:: ካብዚ ዝብገስ ነቲ ፅባሕ እንደልዮ እምበር እቲ ክሳብ ሕዚ ረኺብናዮ ዘለና ብርኪ ምዕባለ ምርኣይ ዝኣበዮም ከምዘለዉ ብቐሊሉ ኢኻ ትዕዘብ::

ኣብዚ እዋን እዚ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድብና ህወሓትን ንምፍልላዩ ብውሽጥን ደገን ዝተፈላለዩ ሽርሕታት ተጠቒሞም ተፃብኦታት ክፈጥሩ ዝፅዕሩ ፀላእቲ ከምዘለዉ ይፍለጥ:: ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ግን ዋላ እኳ ሰላምና ንምዝራግ ዝተዋደዱ ፀላእቲ ውሽጥን ደገን እንተሃለዉ ማይን ፀባን ኮይኖም ከከም ኣመፃፅፅኣኦም እናመከትዎ እዮም ዝርከቡ:: ብፍላይ ነዚ ወገሐ ፀብሐ ሐዚ እውን ክጎብጠና ዝህንጦ ዘሎ ስርዓት ብልፅግና ብሓድነት በዲሆም ሳላ ዝመከቱ ድምፂ ኩናት ጠጠው ኣቢሎም ናብ ጠረጴዛ ክመፅእ ገይሮምዎ እዮም:: ከም ውፅኢቱ እውን ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ክሳብ ሕዚ ጠስምን ድልኽን ኮይኖም ሳላዝተቓለሱ ዱሙቕ ናይ ቓልስን ዓወትን ዓመታት ኣሕሊፎም መበል 51 ዓመት ልደት ህወሓት ንምኽባር ኣብ ምሽብሻብ ንርከብ:: ሐዚ እውን ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተመዛበለ ህዝብናን ዝተወረረ መሬትናን ብሰላማዊ መንገዲ ናብ ንቡር ንምምላስ ካብ በለካ ለኸዐካ ወረ ፀላእትን ጉጅለ ክሕደትን ተቖጢብና ሕድሪ ሰማእታትናን 11 ለካቲትን ዓቂብና ቃልስና ክነሐይል ይግባእ::

**ኣታኽልቲ ኣማረ**
**ካብ መቐለ**

---

**መትከላዊ ... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ**

ክንዲ ዝከኣል ፊት ንፊት ገጢሞም ናህሪ ጉዕዞ ፀላኢ ክተኣጓጎል ብምግባር ክከላኸሉ ፈተኑ::

ሓይሊ ሚዛን ፀላኢ ምስዓብለለ ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ እናተኸላኸሉ ናብ ከባቢ ሽመልባ ኣንሳሓቡ:: ኮይኑ ግና ሰራዊት ኢትዮጵያን ሻዕብያን ተዋዲዶም ደድሕሪኦም ክስዕቡ ጀመሩ:: እቲ ኩነታት እናኸበደ ምስ ከደ ናብ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ተሓዊሶም ክከላኸሉ ከምዝጀመሩ ተጋዳላይ ሃፍቶም ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ነቲ ዝነበረ ኩነታት የዘንቱ:: ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ እቲ ወረዳ ካብ ሰፊሕ መሬት ኣድያቦ ጀሚሮም ናብ ከባቢ ዛና ክሳብ ዝሰግሩ ለይትን ቀትርን ምስ ሸሾ ሰራዊት ሓይልታት ልፍንቲ ተዋግኡ:: ኣብ 2013 ዓ/ም ሸሞንተ ወርሒ ብዙሓት ውግኣት ኣካይዶም እዮም:: ካብቶም ብዙሓት ድማ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ፣ ጥሪ፣ ለካቲት 2013 ዓ/ም ዓበይቲ ዓወታት ዝተመዝገበሎም ከበድቲ ውግኣት ምንባሮም ተጋዳላይ ሃፍቶም ይዝክር::

ከምበዓል ሻለቃ ገብረዋህድ ገረዝጊሄር ዝበሉ መርኣያ ፅንዓት ዝኾኑ ጀጋኑ መራሕቲ ብምንባሮም ኩሉ ኣባል ምልሻ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ንምእማኑ ዘፀግም ሓቦን ትብዓትን ሰኒቑ ለይትን ቀትርን ተዋጊኡ ኩናማ እንትርአ ድማ ከምበዓል ጅግና ተጋዳላይ ዓንዶም ጋያ፣ ኣንገሶም ተስፋይ ዝበሉ ኣቦ ብሬናት ከምበዓል ጎይቶኦም ጋና፣ ብንያም ነጋስን ካልኦትን ናብ ሰራዊት ትግራይ ምስተሓወሱ ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ተዋጊኦም ታሪኽ ሰሪሖም ብኽብሪ ዝተሰውኡ ምዃኖም ኣንደበት እቶም ጀጋኑ ይምስክር:: ተጋዳላይ ሃፍቶም እውን እንተኾነ ካብ ተራ ተዋጋኣይ ክሳብ ኣዛዚ ሓይሊ በፅሐ:: ሓላፍነት ምስተወሃቦ እውን ሓይሉ ሒዙ ኣብ ብዙሓት ዓውደ ውግኣት እናመርሐ ኣዋጊኡን ተዋጊኡን ዓበይቲ ዓወታት ዝሓፈሰ ጅግና ምንባሩ ባዕሉ ይኹን ምስኡ ዝወዓሉ ጀጋኑ ብፆቱ ይምስክሩ::

ዕሸል መንእሰይ ተጋዳላይ ኣምቦል ከንቲባ ተወላዲ ብሄረሰብ ኩናማ ኮይኑ፤ ቅድሚ 2013 ዓ/ም ምስ ከምኡ ዝበሉ ኣባላት ምልሻ ተወዲቡ ብመልክዕ ፀረ ሸፍታ ይንቀሳቐስ ምንባሩ ይዛረብ:: ልፍንታውያን ወረርቲ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ኲናት ምስኸፈቱ ድማ ህዝቡን መሬቱን ንዘይምድፋር ንበረኻ ወፅዩ ክቃለስ ግዜ ኣይወሰደሉን:: ተጋዳላይ ኣምቦል ካብቶም ጀጋኑ ተቓለስቲ ብሄረሰብ ኩናማ ሓደ ምዃኑ ኣብ ጎድኑ ዝዋዓሉ ብዙሓት ብፆቱ ይምስክሩ:: ኣብ ውሽጢ ሓይልን ጋንታን ተመዲቡ ኣቦ ብሬን ኮይኑ ለይትን ቀትርን ዝተዋገኣሎም እዋናት መቑፀሪ የብሎምን:: ካብዚ ዝብገስ ኣብ 2013 ዓ/ም ሸሞንተ ወርሒ ውሽጢ ሰለስተ ጊዜ ተወቒዑ ዝቖሰለሉ ኩነታት ነይሩ:: እተን ዝቖሰለለን እዋናት እውን ብኣግባቡ ኣይተሓከመለንን:: ልፍንታውያን ወረርቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀምዎ ግፍዕን በደልን ኣብ ሕሊንኡ ምስተመለሰ ሕክምንኡ ከይወደአ ሕነ ውፁዕ ህዝቡ ንምፍዳይ ቀልጢፉ ናብ ኣሃዱኡ ተመሊሱ ብሬኑ ሒዙ ክዋጋእ መሪፁ::

ከምትዕዝብተይ ተጋዳላይ ኣምቦል ካብ ተዛረብ ክትብሎ ተዋጋእ ክትብሎ ዝቐልል ይመስለኒ:: ምኽንያቱ ብዛዕባ ውዕልኡን ውዕሎ ጀጋኑ ብፆቱን ከዕልለኒ እንትሓቶ፤ ንኹሎም መስተንክራዊ ስርሒትን ጅግንነትን ዝተፈፀመሎም ውግኣት ሓሊፉ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2013 ዓ/ም ዝነበረ ኩነታት ኣዘንተወለይ:: 23 መጋቢት 2013 ዓ/ም ኣብ ከባቢ ዜሮ ዜሮ ሓንቲ ሓይሊ ምስ ሓንቲ ቦጦሎኒ ፀላኢ ምሉእ መዓልቲ ትውግእ ወዓለት:: ኣብዚ ውግእ ተጋዳላይ ኣምቦል ምስታ ሓይሊ ብሬኑ ሒዙ ንፀላእቱ ከምቆፅሊ ኣርገፎም::

ሓንቲ ድሽካ ፀላኢ ግን ወሳኒ ቦታ ሒዛ ነቶም ጀጋኑ ምሕላፍ ከልአቶም:: ነዚ ዝተዓዘበ መራሒ ሓይሊ ተጋዳላይ ሰመረ በኪ ሓደ ነገር ሓሰበ:: ተጋዳላይ ኣምቦል ብሬኑ ሒዙ 100 ሜትሮ ናብ ፀላኢ ተፀጊዑ ነታ ድሽካ ንክወቕዓ ተነገሮ:: ኣምቦል ዝተብሃሎ ክፍፅም 100 ሜትሮ እናተፍሓኸ ኣተወ:: ብቐረባ ርሕቐት ድማ ነቲ ድሽካ ዝትኩስ ዝነበረ ፀላኢ ክወቅዕ ጀመረ:: ተኳሲ ድሽካ ብፍርሒ ቀልጢፉ ካብ ዝነበሮ ተልዓለ:: ሽዑ ኣባላት እታ ሓይሊ ብውሱን መልክዑ ኣትዮም ከጥቅዑ ጀመሩ:: ኣብዚ እዋን እዚ ተጋዳላይ ኣምቦል ከባቢ ሰዓት 11 ኣጋምሸት ቆሲሉ ወፀ:: ኣብዚ ውግእ እዚ ኣባል ብሄረሰብ ኩናማ ዝኾነ ተጋዳላይ ዓምዶም ጋያ ብሬኑ ሒዙ ኣብ ጎድኒ ኣምቦል ኮይኑ ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ይዋጋእ ነበረ:: እታ ቦታ ቀይራ ንተጋዳላይና ምሕላፍ ዝኸለአት ድሽካ ንምውቃዕ ጅግና ተጋዳላይ ዓምዶም ጋያ ብሬኑ ሒዙ ቦታ እናቐያየረ ይኳሻሕ ነበረ:: ብኸምዚ እንትዋጋእ ነቲ ተኳሲ ድሽካን ኣባላቱን በብሓደ ንኹሎም ረፍሪፎም የማን ፀጋም ብፎኮስቲ ብረት ዝተደገፈ ሓያል ኲናት እናሃለወ ተጋዳላይ ዓምዶም ጋያ ነታ ድሽካ ፀላኢ ከምፅእ እናዘለለ ምጉያይ ጀመረ:: ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃለወ ተጋዳላይ ዓምዶም ካብ ፀላኢ ብዝተተኮሰሉ ጥይት ተወቒዑ ብኽብሪ ተሰወአ:: ወላዲ ስውእ ተጋዳላይ ዓምዶም ነባር ተጋዳላይ ጋያ ኣደላ እዩ ዝበሃል:: ተጋዳላይ ጋያ ብ1990 ዓ/ም ምስ ወራሪ ሻዕብያ ኣብ ዝነበረ ኲናት ሉኣላውነት ዓዱ ንምኽባር ምስ ፀላኢ ፊት ንፊት ገጢሙ ዝተሰወአ ጅግና እዩ:: ጅግና፣ ጅግና እዩ ዝወልድ:: ተጋዳላይ ዓምዶም እውን ምእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይን መሬት ትግራይን ክብል ኣብ ብዙሓት ውግኣት ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ተዋጊኡ ታሪኽ ሰሪሑ ኣሰር ጅግና ወላዲኡን ጀጋኑ ብፆቱን ተኸቲሉ ብኽብሪ ከምዝሓለፈ ተጋዳላይ ኣምቦል ከንቲባ የዘንቱ:: ዛንታ መትከላዊ ፅንዓት ብሄረሰብ ኩናማ ኣይተዛዘመን ክቕፅል እዩ::



ባህልን ቋንቋን እትዕቅብ ጋዜጣ ወይን!

## መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
## ካብ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ 70 እንደርታ

ኣብ ውሽጥን ወፃእን እትርከብ ተቓላሳይ ህዝብና እንኳዕ ንመበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮበልዩ ምስረታ ጋዜጣ ወይን፣ ንመበል 51 ዓመት ልደት ውድብ ህወሓትን ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን 11 ለካቲት 2018 ዓ.ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ብምባል ሰናይ ትምኒቱ ዝገልፅ ዘሎ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ 70 እንደርታ እዩ።
ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ 70 እንደርታ ኣብዚ መድረኽ ገጢሙና ንዘሎ ፈተና ብብቕዓትን ፅንዓትን መኪትና ኣብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ወረዳና ጠንኪርና ብምርብራብ ብዓወት ከምእንዘልቕ ብምትእምማን እዩ። ወረዳና፣ ቅድሚ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ጀኖሳይዳዊ ወራር ኣብ ክልልና ካብ ዝርከባ ወረዳታት ልዑል ልምዓት፣ ዕብየትን ለውጥን ዝነበራ ወረዳ ሓንቲ እያ፡፡
ህዝቢ ወረዳ 70 እንደርታ፣ ኣብ እዋን መኸተ ልዑል ኣስተዋፅኦ ብምግባር ከምህዝቢ ደቁ መሪቑ ኣሰሊፉ ናብ ሰራዊት ትግራይ ዝሰደደ፣ ገንዘቡ፣ ጉልበቱን ንብረቱን ዘወፈየ ኮታስ ኩሉ ዝከኣሎ ብወነን ሕራነን እናመከተ ነተ ሕዚ ተረኺቡ ዘሎ ውሱን ሃዋህው ሰላም ንምምፃእ ልዑል እጃሙ ፈፂሙ እዩ፡፡
ነቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፖለቲካዊ ብድሆ ብዝለዓለ ሕራነ መኪትና ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዝነበረ ናይ ህዝብና ፀገም ንምቕራፍ ልዑል ምንቅስቓስ ክንገብር ኢና። እቲ ለባምን፣ ደላይ ሰላምን ልምዓትን ዝኾነ ህዝብና ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድቡ ህወሓት ተሰሊፉ ዝገብሮ ዘሎ ታሪኻዊ ቃልሲ ብወርቂ ቀለም ተፃሒፉ እናተኾለዐ ዝነብር ታሪኻዊ ፍፃመ እዩ።
ስለዝኾነ ሰማእታትና ብልምዓት ንምድባስ ኣብ እንገብሮ ዘለና ናይ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ስራሕትና ኣብ ሸቶኡ ንምብፃሕ ነቲ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፀ ፃዕራም፣ ጅግና፣ ለባምን ትዕግስቲ ዝሕላገቱን ህዝብና ዝጀመሮ ቃልሲ ናብ መፈፀምትኡ ንምብፃሕ ሎሚ እውን ከምትማሊ ኣብ መትከሉን መስመሩን ዓሲሉ ንዝለዓለ ፅንዓት ንክቃለስ በዚ ኣጋጣሚ ፃውዒትና ነቕርብ፡፡
ወረዳና ወረዳ 70 እንደርታ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ዝሳለጠሉ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ ብምዝራእ ምህርቲ ዝሕፈሰሉ፣ ከምኒሃፍቲ እንስሳን ካልኦት ሃፍተ ገነታትን ማለት እውን ብኢንቨስትመንት ሕርሻ ዝተዓደለት፣ ዝተፈላለዩ ዓልየት እንስሳት ንምርባሕን ንምህጣርን ምችውነት ዘለዋ ወረዳ እያ፡፡ ወረዳና፣ ኣርባዕተ (4) ዓርሱ ዝኸኣለ ቤት ማዘጋጃ ዘለወን ዕሸል ከተማታትን ዝሓቖፈት ምኺና እንትንገልፅ፣ ኣብ ወረዳና ንዝግበር ዝተፈላለየ ናይ ኢንቨስትመንት ምንቅስቓስ ክትነጥፉ እትደልዩ ኣብ ውሽጢ ዓድን ደገን ዘለኹም ሰብ ሃፍቲ ወረዳና፣ ፈተውትናን ደገፍትናን በርና ክፍቲ ምዃኑ እናሓበርና መዋእለ ንዋይኹም ኢንቨስት ብምግባር ንባዕልኹም ተረቢሕኹም ህዝብኹም ንክትረብሑ ንፅውዕ፡፡

*ዘለኣለማዊ ክብርን መጎስን ንሰማእታትና!!*
*ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ 70 እንደርታ*

## መግለፂ ሰናይ ትምኒት
## ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሕሰኣ

ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሕሰኣ እንኳዕ ንመበል 50 ዓመት እዮቤልዮ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን መበል 51 ዓመት ለካቲት 11 ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ብምባል ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ።

ወረዳ ኣሕሰኣ ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ እትርከብ ወርቃዊት ወረዳ እንትትከውን 33 ቁሸታትን ሸሞንተ ጣብያታትን ዝሓዘት ልዕሊ 63 ሽሕ ህዝቢ ዘለዋ ወረዳ እያ። ወረዳ ኣሕሰኣ ብምብራቅ ወረዳ ኣሕፎሮም፣ ብደቡብ ወረዳ ዓድዋ ብምዕራብ ወረዳ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ፣ ብሰሜን ምብራቅ ወረዳ ገርሁ ስርናይ ከምኡ እውን ብሰሜን ኤርትራ እትዋሰን መበቆል ጅግንነትን ሕላገትን ቃልስን ዝኾነት ታሪኻዊት ወረዳ እያ።

ወረዳ ኣሕሰኣ ፈላማይ ስውእ ሃፍቶም በላይ ዝተሰወኣላን ኣፅገባ ገ/ሚካኤል ዝተወለደላን ብዓሰርተታት ኣሻሓት ተጋደልቲ ናብ ዕጥቂ ቃልሲ ዘሰለፈት፣ህዝባዊ ኣዳራሽ ኣሕሰኣ ዝሰርሐት ብርክት ዝበሉ ዝድህሰሱስን ዘይድህሰሱን መዛግብቲ ታሪኽ ዝወነነት እያ። ብተወሳኺ ቅርስታት በዓል ገዳም ኣቡነ ኣሌፍ ብሕዛ፣ ዑና ራእሲ ባይርኡ፣ እንዳባነፋዕ፣ እንዳመግደላዊት ዝመሳሰሉ ሃይማኖታዊ ቦታታት ዝሓዘትን እንትትኸውን ንመስኖ ዝውዕል ጎልጎል ሰብሓ፣ ዝወነነት፣ ዓዲ ወርቅን ኣዝያ ተሃራፊትን ተብሃጊትን ወረዳ እውን እያ። ስለዚ መዋእለ ንዋይኩም ኣብ ወረዳና ክትዋፈሩ እትደልዩ ተወለድትን ፈተውትን ወረዳና ወረዳ ኣሕሰኣ ናይዚ ዕድል ተጠቀምቲ ክትኾኑ በዚ ኣጋጣሚ ፃዊዕትና ነቕርብ።
ወረዳ ኣሕሰኣ 36ሽሕን322.61 ሄ/ር ጠቅላላ ስፍሓት መሬት ዘለዋ እትረኽቦ ዓመታዊ መጠን ዝናብ ካብ 450 ክሳብ 650ሚ.ሜትር እዩ።

ብራኽ ካብ ፀፍሒ ባሕሪ ድማ ካብ 1380 ክሳብ 2080 ሜትሮ ኮይኑ ማእኸላይ መጠን ሙቆት ካብ 21 ክሳብ 37c ዲግሪ እዩ። 11,026 ሄ/ር መሬት ተሓራሲ እዩ። እትውንን ወረዳና ምሽላ፣ ዳጉሻ፣ ዕፉን ደገፍቲ ዝራእቲ ጣፍ፣ ስርናይ፣ ስገም፣ ዓተረባሕሪ ዓንዲ ዝራእቲ ወረዳና።

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዋእትና!*
*ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሕሰኣ*

## መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
## ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሳምረ

እንካዕ ንመበል 51 ዓመት ምጅማር ዝተወደበ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነት 11 ለካቲትን መበል 50 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይንን ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ዝብል ዘሎ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሳምረ እዩ።

ከምህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሳምረ እዚ ታሪካዊ በዓል እንትነኽብር ሓድነትና ብምጥንኻር ንኩሎም ፀገማትና ፖለቲካውን ሰለማውን ቃልስና እነሐይለሉ ሕቶታት ህዝብና ብዘለና ዓቕሚ እንምልሰሉ ክኸውን ትምኒትና እዩ።

ናይ ሎሚ ዘበን በዓል 11 ለካቲት እንትነኽብር ጎናጎኒ ሕቶታትን ማሕበረ ቁጠባዊ ፀገማትን ህዝብና ንምምላስ ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብሓባር ብምዃን ኣብ ወረዳና ዝተጀመሩ ስራሕቲ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት ኣብ ምህናፅ ፅሩይ ዝስተ ማይ፣ ፅገና ኣብያተ ትምህርቲ፣ ምዕዳል ንመሰርሕን መንበርን ዝኸውን መሬት ንስድራ ስውኣት ተመለስቲ ተጋደልትን ካልኦትን ብምቅልጣፍ ዝተወደበ ተሳትፎ ህዝቢ ክዓርፈሉ እናተሰረሐ ከም ዝኾነ ክነበስር ንፈቱ።

ኣብ ውሽጥና ዘጋጥሙና ፈተናታት ብምብዳህ ዓቕምታትና ወዲብና ብሄራዊ ሓድነትና ብምጥንኻር ሕርያ ህዝቢ ትግራይ ሰላም ምዃኑ ብዝተፈላለየ መልክዕ መልእኽትና ንህዝቢ ዓለም እነመሓላልፈሉ፣ ካብ ቤት ንብረቶም ዝተመዛበሉ ወገናት ናብ መረበቶም ክምለሱ፣ ብወረርቲ ዝተታሓዘ ግዝኣት መሬትና ብሕገ መንግስቲ መሰረት ዝምለሰሉ ንክኸውን፣ፖለቲካዊ ኣፈላላይና ብምፅባብ ሰለማዊ ቃልስና ንክነሐይል ዝተጀመረ ቃልሲ ኣጠናኺርና ምቕፃል ካብ እንሰርሐሎም ቁልፊ መደባት ምኻኖም ደጊምና ቃል እንኣትወሉ ዕለት እዩ።

ደጊምና እንካዕ ንመበል 51 ዓመት ምጅማር ዝተወደበ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነት ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲትን መበል 50 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይን ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ክንብል ንፈቱ።

ዓወትን ድምቀትን ን11 ለካቲት!
ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሳምረ

## መግለፂ ሰናይ ትምኒት
## ካብ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ዛታ

ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ዛታ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ዲያስፖራ ትግራይን ፈተውትን ደገፍቲ ህዝቢ ትግራይን እንኳዕ ንመበል 51 ዓመት ምጅማር ዝተወደበ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ልደት ህወሓትን ዝኾነት 11 ለካቲትን መበል 50 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይንን ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ብምባል ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ፡፡
ወረዳ ዛታ ኣብ ውሽጣ ኣርባዕተ ገጠር ጣብያታትን ሓንቲ ዕሸል ከተማን ብድምር ሓሙሽተ ጣብያታት ዝሓቖፈት ኮይና ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ እትርከብ ወረዳ እያ፡፡ ስፍሓት መሬት ወረዳ ዛታ 27027.67 ስኴር ኪሎ ሜትር እንትኸውን 4182 ሄክታር ሽፋን ተሓራሲ መሬት ኣለዋ፡፡

ወረዳ ዛታ ብፀጋታት ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ብፍላይ ንልምዓት መስኖ፣ ሃፍቲ እንስሳን መዓድንን ዝተዓደለትን ምቹው ኩነታት ኣየር ዘለዋን ወረዳ እያ፡፡ ከም መፋሰስ ሩባ ፅላረ ወሓዚ ማይ ዘለዋ ኮይና ኣብ ልምዓት መስኖ ዓብዩ ኣስተዋፅኦ እናበርከተት እትርከብ ንቐፃሊ እውን ዓብዩ ኢኮኖምያዊ ረብሓ ዘለዎም መፋሰስ እትውንን ወረዳ እያ፡፡ ብምዃኑ እውን ኣብ ሎሚ ዓመት መስኖ ክለምዕ ብትልሚ ዝተትሓዘ ከባቢ 600 ሄክታር ኣሎ፡፡ ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ሰፊሕ ርብርብ እናተገበረ ይርከብ፡፡
ወረዳ ዛታ ብመዳይ ዝርግሐ መሰረታዊ ልምዓት ብፍላይ መንገዲ (ኮረም-ፅላረ) ካብ ወረዳ ንጣብያታት ዘራኽብ መንገዲ፣ መብራህቲ፣ ኔትዎርክ፣ ግልጋሎት መውሃቢ ዝኾኑ ትምህርትን ጥዕናን ኣብ ዝተሃሰየን ዝደኸመን ኩነታት እዩ ዝርከብ፡፡ እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ከም ወረዳ ኣብ 2018 ዓ/ም ንክሰርሑ ዝተትሓዙ ፅገና መንገዲ፣ ከተማ፣ ማስተር ፕላን ማሕበረ ኢኮኖሚ ተጠቃምነት መናእሰይ፣ ሓርበኛታት፣ ስድራ ስውኣት፣ ኣክቲቭ ሰራዊት ወዘተ ንምርግጋፅ ትኹረት ተዋሂቡ ይስራሕ ኣሎ፡፡
ወረዳና ብመዳይ ኢንቨስትመንት ኣብ ሕርሻ፣ ምርባሕን ምህጣርን ሃፍቲ እንስሳ ምችው ስለዝኾነት ኣብዚ ዓውዲ ክትሰርሑ እትደልዩ ሰብ ሃፍቲ (ኣውፈርቲ) ናብ ወረዳና እንትትመፁ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ዛታ ኢዱ ዘርጊሑ ከምዝቕበለኩም ክንገልፅ ንፈቱ፡፡
ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ዛታ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ንምምካት ደቁ መሪቑ ናብ ቃልሱ ብምልኣኽ መዘና ኣልቦ ጅግንነትን መስዋእትን ከፊሉ እዩ፡፡ ሐዚ እውን ብኲናት ዝተሃሰየትን ዝደቐቐትን ወረድኡ ዳግም ንምህናፅን ንምሕዋይን ድሕንነትን ከምኡ እውን ሰላምን ህዝቡ ውሑስ ንምግባርን ምስ መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ብምዃን ኣብ ዓብዩ ቃልሲ ይርከብ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ዛታ፣ ደጊሙ እንኳዕ መበል 51 ዓመት በዓል 11 ለካቲትን መበል 50 ዓመት ምስረታ ጋዜጣ ወይንን እንኳዕ ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና እንትብል ተወለድትን ፈተውትን ወረዳና ከምቲ ልሙድ ኣብ ጎንና ኮይንኹም ልምዓትና ከምእተቀላጥፍዎ ብምትእምማን እዩ፡፡

ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንናይ ትማልን ሎምን ስውኣትና!!
ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ዛታ

**ሓቃውን ርትዓውን ሓበሬታ እትምግብ ጋዜጣ ወይን!**

## ማህደር ፎቶ

# ኣከባብራ መበል 51 ዓመት በዓል 11 ለካቲት ብክፋል (2018 ዓ/ም)

ፕረዚደንት ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደን ኣቦ መንበር ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤልን ዝተረኽብሉ ስነ ስርዓት ምብራህ ጥዋር ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት (መቐለ)

ከተማ ዓዲ ጉዶም

ከተማ ዓዲ ግራት

ከተማ ራያ ኣላማጣ

ከተማ ዕዳጋ ዓርቢ

ከተማ ሚላኖ (ጣልያን)

ከተማ ዋሽግተን ዲሲ (ኣሜሪካ)



ሕድሪ ሰውኣትና ኣይነዕብርን!